ሃዬስያ

ቁ - 20

ሄስዳ ብእብራይስጥ ኮይኑ ምሕረት ማለት እዩ።





ሉካ ምስ

ካካ & ዘማሪ ሮን ኬኖሊ



ሓጺር ታሪኽ ህይወት
ማርቲን ሉተር



ቃለ መጠይቕ ምስ
ይድነቃቸው ተካ



መም ጢሞቴዎስ
መን እዮም።

ትሕዝቶ

ዓምዲ መልእኽቲ ——— 1
ዓምዲ ትምህርቲ ——— 2
ዓምዲ ኬላ ——— 4
ዓምዲ ምኽሪ ——— 5
ከሰ ባራካ ——— 6
ዓምዲ መንእሰያት ——— 8
ኣነቓቓሕቲ ትምህርቲ ——— 10
ዓምዲ ኣገልገልቲ ——— 11
ቃል መሕትት ——— 12
ዓምዲ ሓዳር ——— 16
ዓምዲ ዛዕባ ——— 17
ዓምዲ ምስክርነት ——— 18
እዱኻም ——— 19
ካብ ማህደር ታሪኽ ——— 20
ዘቤ ——— 25
ዜና ሄለዳ ——— 26

ቃል ኣስናዳኢ

ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምስ ኩላትኩም ይኹን። እቲ ብምሕረቱን ጸግኡን ከሊሉ ነዛ መጽሄት ከነዳሉ ዘብቅዓና ኣምላኽ ቅድሚ ኩሉ ክብሪ፡ ስብሓት፡ ስልጣን ይኹኖ። እዛ መጽሄት እቲ ቀንዲ ተልእኾኣ ንኹሉ ህዝቢ ኣምላኽ ናብ ሕብረት እምነት፡ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ እኩል ሰብኣይ፡ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ እትዓይይ እያ። ናይዚ ተልእኾ ፈሊጥና ኩሉ ህዝቢ ኣምላኽ ብጽምኣት ከንብባን ከስተንትናን እምበር ከም ጋዚጣ ሓንሳእ ኣንቢቡ ከየቐምጣ ሓደራ ንብል። ከመይሲ፤ እቲ ነዛ መጽሄት ከነዳሉ እንኽፍሎ ዋጋ ንሕናን ኣምላኽን ጽቡቕ ገይርና ስለ ንፈልጦ፤ ከም ተራ ቃል ዘይኮነ ከም ቃል-ኣምላኽ እንተ ተቀበልኩሞ ጽቡቕ እዩ። ካልእ ነዚ መጽሄት ብምዝርጋሕና ዝኾነ ኣታዊ ክንረክብ ዘይኮነ፤ ኩሉ ህዝቢ ኣምላኽ እቲ ጥዑይ ትምህርቲ ክረክብን ብሓቂ ክመላለስን ከም'ቲ ሃዋርያ ዮሃንስ ዝበሎ ድማ፤ ሓጎስና ክምላእን(1ዮሃ1፤4) እዩ። ነዚ ክንርዳእ ጐይታ ንኹልና ምስትውዓልና ይኽፈተልና።

"ግናኽ ነቲ ብክርስቶስ ኩሉ ሳዕ ናብ ዓወት ዚመርሓና፡ ብኣና' ውን መኣዛ ፍልጠቱ ኣብ ኩሉ ቦታ ዚገልጽ ኣምካኽ፡ ስብሓት ይኹኖ።" 2ቆሮ2፡14 (መሪሕ ጥቕሲ መስከረም 2015).

EMAIL/ኢመይል => f.y.hesda@Gmail.com.

ሰማያዊት ይናፍቁ

"ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ፥ ካብኣ'ውን መድሓኒ፥ ንሱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፥ ንጽበ ኣሎና።" ፊሊ. 3፥20

ሓደ ግዜ፤ ሓደ ወንጌላዊ ኣብ ሓደ ሃገር ወንጌል ክሰብኽ ብኣየር ምስ መጸ፤ እቲ ዘዋሪ ናይታ ኣየር(ፓይሎት)፤ **"መራሒ ሃገር ስለ ዘሎ፤ ቅድም ንሱ እዩ ዝወርድ። ስለ'ዚ ኩሉኹም ኣብ ዘለኹሞ ጽንሑ"** ብምባል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ነዚ ዝሰምዐ ወንጌላዊ፤ እቲ ንጉስ ክሳዕ ዝወርድ ብፍኒስትራ እናተቐልቀለ፤ **"እቲ ህዝቢ፤ ብብዙሕ ታቐሚት ነቲ ንጉስ ከውርዶ ረኣየ"።** ሸዑ፤ ኣታ ጐይታ፤ ነቲ ወንጌልካ ሒዙ ዝመጸ ባርያ፤ ከምኡ ገይሮም ስለምንታይ ዘይቅበልዎ ኢሉ ኣስተማሰለ። ጐይታ ድማ፤ **"ንሱ ሃገሩ በጺሑ እዩ፤ ንስኻ ግና፤ ሰማያዊት ሃገርካ ኣይበጻሕካን ዘሎኻ"** ብምባል ተዛረቦ።

ንሕና ካብ'ዚ እንርድኦ፤ ኣብ'ዛ ምድሪ ክሳዕ ዘሎና፤ ብብዙሕ ዘይምቹእ ኩነታት ክንሓልፍ ንኽእል ምኳንና፤ ግና'ኸ፤ ነታ ሰማያዊት ሃገር እናጠመትና ክንጸናናዕ እምበር፤ በዚ ናይ ምድሪ ዝና ኮነ ተፈላጥነት ብዙሕ ክንቀንእ የብልናን። ነዚ ጽቡቕ ገይሩ ዝተረድኦ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ፤ **"ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ። ካብኣ'ውን መድሓኒ፥ ንሱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንጽበ ኣሎና"** ፊሊ. 3፤20 ብምባል ሃገርና ኣብ ሰማይ ከም ዝኾነ ካብኡ ድማ መድሓኒ ክንጽበ ከም ዘሎና ተዛሪቡ። እዚ ድማ ትጽቢትና ኣብ'ታ ሰማያዊት ሃገር ክንገብር ከም ዘሎና የረድኣና። ካብ'ዚ ብምቕጻል፤ ኣቦታትና ነዛ ሰማያዊት ሃገር ክወርስዋ ዝኸፈልዎ ዋጋ ክንርኢ ኢና።

"ሕጂ ግና እትሓይሸ፥ ሚዚት ሰማያዊት ይናፍቁ ኣለዉ። ስለ'ዚ ድማ፥ ኣምላኽ ከተማ ኣዳኪውሎም ኣሎ እሞ፥ ኣምላኽም ኪበሃል ብኣታቶም ኣይሓፍርን እዩ።"

እብ 11፥16

ሰማያዊት የሩሳሌም ሃገርና ኣዝያ ጽብቕትን ውቅብትን ብዓይኒ ዘይተራእየ፥ ብእዝኒ ዘይተሰምዐ፥ ኣብ ልቢ ዘይተሓሰበ እትውንን ሃገር እያ። ኣቦታትና ነዚኣ ካብ ርሑቕ ርእዮም፤ ኣብ'ዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታት ምኳኖም እናተኣመኑ ብእምነት ሞይቶም። ዋላ እኳ፤ ዓለም ብልጭልጭ ኢላ ከተጋግዮም እንተ ፈተነትን፤ ንሳቶም ግና፤ ዓለም ንዓና ኣይትበቅዕን እያ ብምባል ኣብ በረኻታት፥ ኣብ ኣኽራን፥ ኣብ በዓትታትን ኣብ ጎዳጉድ ምድርን ኮለል በሉ። ስለ'ዚ ድማ፤ ኣምላኽ ከተማ ኣዳሊውሎም ኣሎ እሞ፤ ኣምላኽም ኪበሃል ብኣታቶም ኣይሓፍርን እዩ።

ሓደ ካብ'ዞም ኣቦታትና፤ ሙሴ እዩ። ሙሴ፤ ናይ'ዛ ሰማያዊት ሃገር ምስጢር ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝርዳእ፤ ጓል ፈርኦን ከይበሃል ብእምነት ኣበየ እሞ፤ ካብ ብግዚኡ ብሓጢኣት ባህ ዝብሎስ፤ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ድኣ መከራ ክጸግብ ሓረየ። ናብ'ታ ሰማያዊት ሃገር ስለ ዝጠመተ፤ ካብ መዝገብ ግብጽስ ነቲ ጸርፊ ክርስቶስ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ገይሩ ቆጸሮ። ነቲ ዘይርኣስ፤ ከም ዝርኣዮ ኮይኑ ተዓጊሱ ጸንዐ እሞ፤ ነቲ ኩራ ንጉስ ከይፈርሄ ብእምነት ንግብጺ(ዓለም) ሓዲጉ፤ ወራሲ ሰማያዊት ሃገር ኮይኑ።

ብተመሳሳሊ፤ ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ፤ መቕረት ናይ ሰማያዊት ሃገር ስለ ዝተረድኦ፤ ንሰብ ቆረንጦስ **"ምንም እኳ ልቡሳት እንተ ኾንና፤ ዕሩቓት ኽንና ኽይንርከብ፤ እታ ሰማያዊት ቤትና ኽንለብስ እናናፈቕና፤ ኣብ'ዚ ንደፋነቕ ኣሎና"** 2ቆረ 5፤2-3፤ ብምባል ነቲ ኣብ ድሕሪት ኮይኑ ዝፍትኖ ኹሉ ዝና ናይ'ዛ ዓለም ከም ጓሓፍ ቆጺሩ፤ ነቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ዓስቢ ዓወት እናተመጣጠረ፤ ሰናይ ዝኾነ ገድሊ እናተጋደለ፡ እምነቱ እናሓለወ፡ ናብ'ቲ ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ጎይዩ፤ ሰማያዊት ሃገር ወራሲ ኮይኑ።

ንሕና ድማ ሎሚ፤ ነቲ ዝኸብደናን ዝጠብቀናን ፍትወት ናይ'ዛ ዓለም እናኣርሓቕና፤ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ብትዕግስቲ እናጎየና፤ ነታ ሰማያዊት ሃገር እናጠመትና ብእምነት ንመላለስ። እግዚኣብሄር ኣቦና ድማ ዘይጽምልው ኣኽሊል ህይወት ኣብ'ታ ሰማያዊት ሃገርና ክህበና እዩ።

"እግዚኣብሄር ካብ እኩይ ግብሪ ዘበለ ኼናግፈኒ፣ ናብ'ታ ሰማያዊት መንግስቱ ኼእቱ'ውን ኬድሕነኒ እዩ። ንእኡ ኽብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።" 2ጢሞ 4፥18

ሰማያዊት ሃገር ዝተዳለወት እያ፥ ንዝተዳለዉ ሰባት ድማ እያ ትወሃብ።

"እቲ ቀንዲ ናፍቕት ህይወትና፥ ምእታው ናብ ሰማያዊት ሃገር ኪኸውን ኣለዎ።"

ዓምዲ መልእኽቲ

ብፍቕሪ እናሰዓርካ ንበር

"ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ ' ውን ፍቕሪ፥ ማእሰር ኩሉ ፍጻሜ እያ እሞ፥ ልበስዋ።" ቆሎ 3፥14

ሓደ ክርስትያንን፤ ጥዑይን ውሑስን ዝኾነ ህይወት ኪህልዎ፤ መጀመርያ ኣብ ፍቕሪ ክስረት ኣለዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ፤ **". . . ኣብ ፍቕሪ ሱር ሰዲድኩምን ተሰሪትኩምን. . ."** ኤፌ 3፤17 ብምባል፤ ኣብ ፍቕሪ ክርስቶስ ተሰሪትና ክንመላለስ ጸልዩ ኣሎ። ፍቕሪ መሰረትና እንተ ገይርናዮ ድማ፤ እናሰዓርና ክንነብር ኢና።

ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ሓው፤ **"ኢታ ብፍቕሪ እተሰዓርካ፤ ብፍቕሪ እናሰዓርካ ንበር"** እናበለ ተዛሪቡና። እዚ ማለቱ፤ ንሕና ብፍቕሪ ክርስቶስ ተሳኢርና ኢና ኣብ ህይወት ክርስትና ዘሎና። ስለ'ዚ፤ ኣብ'ዚ ህይወት ክንነብር ከሎና ዘጋጥመና ብድሆታት ብዙሕ ክህሉ ይኽእል እዩ። ገሊኡ ካብ'ቶም እትቕርቦም ኣመንቲ ኣሕዋትካ፡ ቤተ ሰብካ፡ ካልኦት'ውን ኪኾኑ ይኽእሉ። ግና'ኸ ኣባ'ካ መንፈስ ፍቕሪ ስለ ዘሎ፤ ንኹሉ ብፍቕሪ ክንስዕሮ ከም ዘሎና ምዒዱና።

ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ፤ **"ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ እሞ፤ ቅድሚ ኹሉ ኣብ ንሓድሕድኩም ሃልሃል እትብል ፍቕሪ ትሃልኹም።"** 1ጴጥ 4፤8 ብምባል ፍቕሪ ቅድሚ ኹሉ ከም ዝኾነት ንዓኣ ድማ፤ ሃልሃል ከነብላ ከም ዘሎና ተዛሪቡ። ንሱ ቅድሚ ሃልሃል ትብል ፍቕሪ ትሃልኹም ምባሉ፤ ሓንቲ ኣገዳሲት ቃል ተዛሪቡ። እታ ቃል፤ **"ግና'ኸ መወዳእታ ኹሉ ነገር ቀሪቡ። ስለ'ዚ ርእስኹም ግትኡ ንጸሎት'ውን ንቐሑ።"** 1ጴጥ 4፤7 ትብል እያ። ካብ'ዛ ቃል እንርድኡ፤ ሃልሃል እትብል ፍቕሪ ክንውንን፡ ርእስና ካብ ኩሉ ናይ'ዛ ዓለም ነገር ገቲእና ንቓል-ኣምላኽ ክንብህን ንጸሎት ክንነቕሕን ከም ዘሎና የረድኣና። እዚ ኣብ ህይወትና ብዝግዕበለሉ መጠን መንፈስ ቅዱስ ድማ ነቲ መዋቲ ስጋና ህያው ይገብሮ። ነቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ድማ እናሰዓርና ክንነብር የኽእለና።

"ኢታ ብፍቕሪ እተሰዓርካ፤ ብፍቕሪ እናሰዓርካ ንበር"

ስለ'ዚ እቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ፍቕሪ ክርስቶስ እናሰዓረ ብምልኣት ክዓዝዘ፤ ንሕና ርእስና ካብ ኩሉ ገቲእና ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቕስናዮ ንትግሃሉ።እታ ፍቕሪ ድማ፤ ሃልሃል እናበለት ክትነድድን ክትበርህን ክንርእያ ኢና። ክብሪ ንስሙ ይኹን።

"እታ መደምደምታ ትእዛዝ ግና፥ ፍቕሪ ኸብ ንጹህ ልቢ፣ ካብ ሰናይ ሕሊና፣ ካብ ልግሚ ዜብላ እምነት እያ።" 1ጢሞ 1፥5

እምበኣር ብፍቕሪ እናሰዓርና ክንነብር ትርጉም ፍቕሪ ክንርኢ ኢና (1ቆሮ13)።

- ፍቕሪ ዓቃል እያ፡- ዓቃል ዝብል ቃል፤ ካብ mekrathymeo ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝተወስደ እዩ። ትርጕሙ ከኣ፤ ኣብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኩነታት ውሽጣውን ግዳማውን ተጸዋርነት፡ ከምኡ'ውን፤ ስጕምቲ ንምውሳድ ምድንጓይ ወይ ቀልጢፍካ ሓራቕን ተጸባጸባይን ዘይምኳን እዩ።
- ፍቕሪ ለዋህ(kind) እያ፡- ለውሃት ማለትኸ፤ ኩሉ ግዜ ንሰባት ብጽቡቕ ዓይኒ ምርኣይ እዩ። ዋላ ብቓላት ዝብለካ ዘበለ ብጽሩይ ሕልና(motive) ምርኣይ እዩ።

"ፍቕሪ ሕውነት ትጽናዕ።" እብ13፥1

- ፍቕሪ ብሓቂ ትሕጎስ እምበር፤ ብዓመጽ ባህ ኣይብላን፡- እዚ ማለት፤ ንኻልእ እናጎሃየትን እናበደለትን ኣይትሕጎስን እያ።
- ፍቕሪ ኣይትቕንእን እያ፡- ኣይትቕንእን ማለት፤ ንናይ ካልእ ሰብ ንብረት ኣይትምነን እያ።
- ፍቕሪ ኣይትጀሃርን እያ፡- እዚ ክብል ከለኸ፤ ፍቕሪ ንእግዚኣብሄር ክብሪ ትህብ እምበር፤ ቡቲ ብናጻ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበለቶ ሀያብ ከም ናታ ብምምሳል ኣይትዕበን እያ ማለተይ እየ።
- ፍቕሪ ኣይትቕጣዕን እያ፡- ምቕጣዕ፤ ብዝኾውንን ዘይኸውንን፡ ብዓበይትን ንኣሽትን ጉዳያት፤ ሕርቕ ሕርቕ ምባል እዩ ዘመልክት።
- ፍቕሪ ኣይትቕየምን(it keeps no reward of wrong) እያ። እዚ ኸኣ፤ ፍቕሪ ኣይትጸባጸብን እያ ማለት እዩ። ንኣብነት ምስ ትብደል፤ ኑቲ ነገራ ዝርዳእ ጐይታ የሕሊፋ ትህብ እምበር ኑቲ ዝተበደለቶ ኣይትሓስብን(ንቂም መዝገብ የብላን)።
- ፍቕሪ ንኹሉ ትኣምን፡- እዚ ማለትኸ፤ ሓውኻ ተሸጊሩ ክትርኢ ከለኸ፤ እምነት የሕዲርካ(ብኣወንታ ተረዲእካ) ምሕጋዝ እዩ።
- ፍቕሪ ብኹሉ ተስፋ ትገብር(always hope)፡- ተስፋ ዝብል ቃል፤ ካብ Elpizo ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝተወስደ እዩ። ትርጉሙ ኸኣ፤ ንመጻኢ ዝበለጸን ጠቓምን ክኸውን እዩ ኢልካ ተኣማሚንካ ምጽባይ እዩ። (ንኣብነት ጳውሎስ ብዛዕባ ኦኔሲሞስ ንፊልሞን ዝመሓዶ)።
- ፍቕሪ ንኹሉ ትዕገስ(always perserves)፡- ትዕገስ ዝብል ቃል፤ ካብ hypameno ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝተወስደ እዩ። ትርጉሙ ኸኣ ጸኒዕካ ደው ምባልን ምጽማምን ማለት እዩ። ትጽመሞ ንሓደ ዘይጥዑም ኩነታት እዩ።
- ፍቕሪ ኣወንታዊ መንፈሳዊ ኩነት ኮይና፤ ብኹነታት ከይተጸልወት ንኣሕዋትን ንኹሉ ሰብን እትሕግዝ እያ(ኣጋፐ)።

"ፍቕሪ ብዘይግብዝና ትኹን። ንኽፍኣት ፈንፍነዎ ኣብ ሰናይ ልገቡ።" ሮሚ12፥9

ዓምዲ ትምህርቲ

መሳልል ገ-ዕዘ ሳሙ-ኤል

ሳሙኤል ኣብ ራማታይም ጸፊዎ እስራኤል ተወሊዱ ዝዓበየ ኾይኑ ወዲ ኤልቃና ዝስሙ ኤፍራታዊ ሰብኣይ እዩ። ንሱ ዝተወልደ ኣዲኡ ሃና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪባ ውሉድ ንኽውሃባ ጸሎት ስለ ዘፍሰሰት እዩ። ትርጉም ናይ ስሙ ከኣ እግዚኣብሄር ጸሎተይ ሰሚዕዎ ዝብል እዩ። ሳሙኤል ካብ ቁልዕነቱ ንእግዚኣብሄር እናኣገልገለ እዩ ዓብዩ። ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቱ ከኣ እሙን ካህን እዩ ዝነበረ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ሰብን ድማ ፍቱው ነበረ፡ ነቲ ህዝቢ ድማ ንምንቕቓሕ ምኽንያት ብምኳን ነተን ተማሪኽን ዝነበራ ካብ ቄድሮን ክሳዕ ጋት ካብ ኢድ ፍልስጤማውያን ብምድሓን ነቲ ቦታ ኤቨን ኤዘር ብምባል ሰመዮ። ኤቨን ዔዘር ማለት ከኣ እግዚኣብሄር ክሳዕ ኣብዚ ረድኣና እዩ(1ሳሙ 7፡1-14)።

ሳሙኤል ከኣ ዓበየ ፡ ነቶም ህዝቢ ድማ ንምንቕቓሕ ምኽንያት ኮነ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ ነበረ እሞ ፡ ብዘሎ እስራኤል ካብ ዳን ክሳዕ ብኤር-ሸባዕ እሙን ባርያ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ፈለጠ። ሳሙኤል ነዚ ንክበጽሕ ግና ዝሓለፎ መሳልል ነይሩ፡ እቲ መሳልል ከኣ፡-

1) ሳሙኤል እቲ ህጻን
2) ሳሙኤል እቲ ቆልዓ
3) ሳሙኤል እቲ በዓል ራእይ

1) ሳሙኤል እቲ ህጻን

ሳሙኤል ምስ ተወልደ ኣዲኡ ጡብ ክሳዕ ዝሓድግ ምስኣ ኣጽንሓቶ። እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት ከኣ ንሱ ህጻን ስለ ዝኾነ ነቲ ጡብ ናይ ኣዲኡ ከም ዝግባእ ምእንቲ ክወስድን ክድልድልን ኢላ እያ። ንሕና ድማ ኣብቲ መንፈሳዊ ህይወትና ከም ህጻናት ኮይንና ነቲ ሕዋስ ዘይብሉ መንፈሳዊ ጸባ(ቃል ኣምላኽ) ክንብህጎ ይግብኣና።

"እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምኳኑ ጥዒምኩም እንተ ኾንኩምሲ ፣ ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ክትዓብዩ ፣ ክምቶም ሕጂ ዝተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዘይብኩ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግሙ።" 1ጴጥ 2፡2-3

2) ሳሙኤል እቲ ቆልዓ

ሳሙኤል ካብ ናይ ህጻን ናብ ናይ ቆልዓ ደረጃ ምስ ዓበየ ኣዲኡ ሃና እቲ ቀዳማይ ዝወሰደቶ ስጉምቲ እዚ እዩ *"ብዛዕባዚ ቆልዓዚ እየ ዝለመንኩ ፡ እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ዝለመንክዎ ልማኖይ ሂቡኒ ፡ ስለዚ ኣነ ድማ ንእግዚኣብሄር እህቦ ኣለኹ ፡ ምሉእ ዕድሚኡ ንእግዚኣብሄር ተዋሂቡ እዩ በለት።"* 1ሳሙ 1፡27-28፡ ኣብዚ ጽሑፍ እንተ ኣስተብሂልና ሃና ነቲ ቆልዓ ናብ እግዚኣብሄር እያ ወፈያቶ። እዚ ዝገበረት ከኣ ኣቀዲማ *"ንባርያኻ ተባዕታይ ውሉድ እንተ ድኣ ሂብካኒ ፡ ኣነ ድማ ኩሉ ዘመን ህይወቱ ንእግዚኣብሄር እውፍዮ..."* 1ሳሙ 1፡11 ብምባል ተማባጺዓ ስለ ዝነበረት እዩ። እዚ ስለ ዝገበረት ከኣ ሳሙኤል ምሉእ ዘመኑ ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር ኮይኑ። ንሕና ከኣ ሎሚ ነዚ ዘሎና ደረጃ መንፈሳውነት ከም ዝግባእ ምእንቲ ክንዓቢ ኩልንትናና ንጎይታ ክንውፍን ነቲ ዘሎና መንፈሳዊ ህይወት'ውን መንፈሳዊ ነገር ከነለማምዶን ኣሎና። ከምቲ ንጉስ ሰለሙን ዝበሎ *"ንቆልዓ እታ ክሽደላ ዝግብኦ መገዲ ኣሳምዶ እሞ ፡ ምስ ኣረገ ካብኣ ኣይኮግልሰን እዩ"* ምሳ 22፡6። ኣብዛ ቃል እንተ ርኢና ፡ ኣሳምዶ ደኣ እምበር ኣርእዮ ኣይኮነን ዝብል። ካብዚ እንርድኦ ከኣ ሓደ ክርስትያን ኣብ ቁልዕነት ደረጃ እንተ ድኣ ሃልዩ እቲ ዘድልዮ መንፈሳዊ ምልምማድ ማለት ብግሊ ግዜ ምስ ቃል ኣምላኽን ጸሎትን ምውሳድ(1ጢሞ 4፡7 ርኢ)፡ ካልእ ከኣ ኣብ ሕብረት ኣሕዋት ምክፋል እዩ(እብ 10፡23-25)። ነዚ ከም ዝግባእ ኣብ ህይወትና እንተ ተለማሚድናዮ ዕቤትና እናወሰኸ ክኸይድ እዩ (2ጴጥ 3:18 ኣንብብ)።

ትጽናዕ ጥቅሲ

እዚ ኣጸቢቕካ ሕሰብ፡ እናወሰኸካ ትኸይድ ከም ዘኹኻ ኣብ ኩሉ ምእንቲ ኪግለጽሲ፡ ነዚ ነገርዚ ብምኩእ ርእስኻ ወፈ።"
1ጢሞ 4፡15።



3) ሳሙኤል እቲ በዓል ራእይ

ሳሙኤል ኣብ ዘመኑ እቲ በዓል ራእይ ተባሂሉ ክጽዋዕ ዘብቅየ እቲ እግዚኣብሄር ዝርእዮ ይርኢ ብምንባሩ እዩ(1ሳሙ 9፡9)። እዚ ዝኾነሉ ከኣ እቲ ዝረኣዮ ራእይ ወይ ዝበሎ ኩሉ ይኸውን ስለ ዝነበረ እዩ። ነቲ ኣምላኽ ብራእይ ዝተዛረቦ ኩሉ ድማ ብምስትውዓል እዩ ዝእዘዝ ነይሩ። እዚ ስለ ዝኾነ እዩ ከኣ ሓደ እዋን ንሳኦል *"ንእግዚኣብሄር ዝሓረር መስዋእትን መስዋእቲ ሕሩድን ከም ምስማዕ ደሃይ እግዚኣብሄር ገይሩዶ የሕጉሶ እዩ ፡ እንሆ ምስማዕ ካብ መስዋእቲ ፡ ጽን ምባል ድማ ካብ ሰብሒ ድዓውል ይብልጽ"* 1ሳሙ 15፡22 ብምባል ንኣምላኽ ዘሕጉሶ ብቃሉ ዝምራሕ ሰብ ከም ዝኾነ ዝነገሮ። ንሕና ድማ ሎሚ ከም ሳሙኤል ብራእይ ተመሪሕና ክንኣቱን ክንወጽእን ይግብኣና፡ እዚ እንተ ገይርና ራእይና መፈጸምታ ክህልዎን ዕውት ክኸውንን እዩ። ራእይ ባዕልኻ እትስንየ ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ እትረኽቦ ምግላጽ እዩ። ገለ ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይ ብኸምዚ ይገልጽዎ *"ራእይ ማለት መለኮታዊ ተልእኾ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጥኻ ተቀሚጡ ኣንፈትካ ወይ መኣዝንካ ዘርእየካ ሓሳብ ናይ ኣምላኽ እዩ"*። ራእይ ብጀካ ሓደ ኣምላኽ ካልእ ክህበካ ዝኽእል የለን። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ንሕና ከምቲ ሳሙኤል ኣብ ሺሎ ከይዱ ምርሒት(ራእይ) ዝቐበል ዝነበረ ናብቲ ምርሒት እንረኽበሉ ዝሩን ኣምላኽ ብጸሎት ንቕረብ፡ ሺሎ ህላወ ኣምላኽ ዝግለጸሉ ዝነበረ ቦታ እዩ። ሳሙኤል ኣብዚ ቦታ ብምኻድ እዩ ምግላጽ ቃል-ኣምላኽ ዝረክብ ነይሩ(1ሳሙ 3፡21)። እዚ ዓይነት ራእይ ኣብ ህይወትና ክህሉ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጸሎት ክንቀርብ ኣሎና።

ትጽናዕ ጥቅሲ

ዳዊት ድማ ኣብ ኩሉ መገዱ ኣስተውዓኪ ነበረ ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ ነበረ።"
1ሳሙ 18፡14



"ሳሙኤል እሙን ካህን ኮይኑ ካብ ዳን ክሳዕ ብኤርሸባዕ ኣገልጊሉ።"

4) ሳሙኤል እቲ ኣገልጋሊ

ሳሙኤል ብቐዕ ኣገልጋሊ ክኸውን ዝኽእል እቶም ሰለስተ ልዒሎም ዝተገልጹ ደረጃታት ናይ መንፈሳውነት ስለዘማልእ ምኽኑ ክንዝንግየ ዘይብልና ሓቂ እዩ። ስለዚ ሓደ ክርስትያን ኮይታ ካብ ዝተቐበለሉ ኣትሒዙ ብደረጅኡ ከገልግል ዝኽእል እኽ እንተኾነ እዞም ሰለስተ መሳልል ግና ክሕለፉ ዘይብሎም መንፈሳዊ ግዴታታት ምኽኖም ኣይንስሓት። ሳሙኤል ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከገልግል ከሎ ኤፎድ ይዕጠቅ ነይሩ። እቲ ቃል ድማ ከምዚ ይብል *"ግናኽ ሳሙኤል ገና ቆልዓ ክኸሉ ፡ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ ኤፎድ ተዓጢቑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የገልግል ነበረ።"* 1ሳሙ 2፡18። ኤፎድ ፍቃድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ለቢስካዮ እትቀውም ልብሲ እዩ። ሳሙኤል ከኣ ብፍቃድ ኣምላኽ እናተመርሐን እናተኣዘዘን እዩ ምሉእ ዕድሚኡ ሓሊፍዎ። ዋላ እኳ ሓደ መዓልቲ ፍቓድ ኣምላኽ ብዘይ ኮነ መገዲ ንኤልያብ ሓርዩ እንተ ነበረ ፡ ኣምላኽ ግና ብቃሉ ገይሩ *"ኣነ ንዒቑዮ እየ እሞ ፡ ኣብ ትርኢቱን ኣብ ምንዋሕ ቁመቱን ኣይትጠምት። እግዚኣብሄር ሰብ ከም ዝእዮ ኣይርእን ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዝርኢ፡ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዝርኢ"* 1ሳሙ 16፡7 ብምባል እቲ ምስጢር ፍቃዱ ገለጸሉ። ነቲ ብሰብ ንእሽተይ ብኣምላኽ ግና ዓቢ ዝኾነ ዳዊት ድማ መሪጹ። ዳዊት'ውን ኣብ ናብርኡ ናይዚ ኤፎድ ጥቅሚ ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝርድኣ ሓደ እዋን ኣንስቱን ደቁን ኣማልቃውያን ምስ ወሰዱሉ ኤፎድ ኣምጽኡለይ ኢሉዎም (1ሳሙ 30፡6-7)። ብእኡ ፍቃድ ኣምላኽ እንታይ ምኽኑ ፈሊጡ ከኣ ነቲ ምርኮ ኩሉ ኣምሊስዎ። ንሕና ድማ ነቲ ከም ኤፎድ ኮይኑ ፍቃዱ ዝሕብረና ቃሉ ለይትን መዓልትን ነስተንትኖ ፡ ብእኡ ከኣ ኩሉ እቲ ምስጢር ፍቃዱ ክግለጸልና እዩ። ንኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ገይርና ከነገልግሎ ክኽእለና እዩ።

"እቲ ሰናይን ባህ ዘብሉን ምኩእን ፍቃድ ኣምላኽ እንታይ ምኽኑ ምእንቲ ክትምርምሩ (ጽቡቕ ገርኩም ምእንቲ ከተገልግሉም) ፣ ብምሕደስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር ፣ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰሉ።"
ሮሜ 12፣1-2

5) ሳሙኤል እቲ ነብይ

ሳሙኤል ነብይ ናይ ኣምላኽ ብምንባሩ ኣብ ኣምላኽ ቀሪቡ ነቲ ህዝቢ መልእኽቲ እግዚኣብሄር ይነግሮ ነይሩ። ንሱ ኩሉ ግዜ ኣብ ጸሎት *"ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ ተዛረብ"* 1ሳሙ 3፡10 ብምባል ካብ ኣምላኽ መልእኽቲ ይቕበል፡ ነቲ ዝተቐበሎ መልእኽቲ ድማ ከየጉደለ ከይወሰኽ ነቲ ህዝቢ የመሓላልፍ ነይሩ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ብባርያኡ ዝተዛረቦ ብግብሩ የጽንዖ ነበረ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ እቲ ዘረብኡ ኩሉ ኣብ ምድሪ ኣይወደቀን ፣ ቃሉ ድማ ናብ ብዘሎ እስራኤል ወጸ። እቲ ህዝቢ ከኣ ካብ ዳን ክሳብ ብኤር ሸባዕ ሳሙኤል እሙን ነብይ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ፈለጠ(1ሳሙ 3፡20)። ሎሚውን እቶም ናይ ነብይነት ጸውዒት እተቀበልና ሰባት እሙናት ነብያት ናይ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን ነቲ ብቃሉ ዝዝረበና ትንቢታዊ ቃል ብገርህነት ተቐቢልና ኣብ ህይወትና ንንበሮ፡ ከምቲ ነቲ ቃሉ ኣብ ህይወትና ዝነበርናዮ መጠን ህይወትና ክትዓቢ እያ ፡ ከምቲ ቃል ኣምላኽ *"ሳሙኤል ከኣ ዓበየ ፣ እግዚኣብሄር ድማ ምስኡ ነበረ..."* 1ሳሙ 3፡19 ዝተጻሕፈ ህይወትና ብሓቂ ክትዓብን ክትልወጥን እያ። ክብሪ ንስሙ ይኹን!!!

6) ሳሙኤል እቲ ካህን

ሳሙኤል ካህን ክኸውን ዝተጸውዐ እዩ። ንሱ ኣብ ውሽጢ ቤት መቐደስ ኣትዩ ኣብቲ ታቦት ኣምላኽ ዝርከበሉ ቦታ ኮይኑ ዕጣን ይዓጥን ነይሩ። ታቦት ኣምላኽ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ዝርከብ ህላው ኣምላኽ ዝርከበሉ እዩ። ሳሙኤል ድማ፤ ኩሉ ግዜ ስለ እቲ ህዝቢ ኣብ ሺሎ ከይዱ ጸሎት የዕርግን ድምጺ ኣምላኽ ይሰምዕን ነይሩ። በዚ ድማ ነቲ ህዝቢ ድምጺ ኣምላኽ የምጽኣሉ ነይሩ። እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ብዛዕባ ናይ ሳሙኤል ናይ ክህነት ኣገልግሎት ከምዚ ይብል *"ኣነስ እታ ጽብቕትን ቅንዕትን መገዲ እባ ደኣ ኽምህረኩም እየ እምበር ፡ ምእንታኹም ምልማን ብምሕዳገይ ንእግዚኣብሄር ምብዳልስ ካባይ ይርሓቕ"* 1ሳሙ 12፡23 ብምባል ይዛረብ። ንሕና ድማ ናይ ሓድሽ ኪዳን ካህናት ስለ ዝኾንና ከም ሳሙኤል ናብቲ ዝፋን ጸጋ እናቀረብና ስለ ህይወትናን ስለ ህዝብናን ክንጽልን ክንምህለልን ኣሎና *"ጸሎት ጻድቕ ብግብሪ ብዙሕ ተሰልዋ እዩ"* ያቆ 5፡16 ፡ ከም ዝተጻሕፈ ንሕና ስለ ህዝብናን ሃገርናን ዝጸለናዮ ጸሎት ብዙሕ ከስልጥን ለውጢ ክገብርን እዩ። ኣብዚ ናይ ክህነት ኣገልግሎት ከነገልግል ከሎና ግና ኩሉ ሳዕ ከምቲ እቲ ካህን(ሳሙኤል) ኣብ እቲ ውሽጢ ቤት መቐደስ ኮይኑ ዝጽሊ ዝነበረ ፡ ንሕና ከኣ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን(ብመንፈስ) ኮይንና ክንጽሊ ኣሎና። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ቅድስተ ቅዱሳን ንመንፈስ፡ ቅድስተ ከኣ ንነፍስና ይውክል ፡ ኣጸድ ድማ ንስጋና እዩ ዝውክል(እብ 9፡1-3 ኣንብብ)። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ንሕና ኣብ መንፈስ ኮይንና ክንጽሊ ኣሎና። ነዚ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና ሃዋርያ ዮሃንስ እዩ። ንሱ ነቲ ኩሉ መልእኽቲ እተን ሸውዓተ ማሕበራት ክቕበል ዝከኣለ ብመንፈስ ብምኽን እዩ። *"ብመዓልቲ ጎይታ ብመንፈስ ኮንኩ..."* ራእ 1፡10 ንሕና ከኣ ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ ኮይንና ነቲ ጎይታ ዝብለና ክንሰምዕ ይግባኣና። እዚ እንተገበርና እቲ ነገልግሎ ናይ ክህነት ኣገልግሎት ውጽኢታዊ ክኸውን እዩ።

"እምኳ ኽ መንፈስ እዩ ፡ እቶም ዝሰግዱሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ክሰግዱሉ ይግባእ። ዮሃ 4፡24

7) ሳሙኤል እቲ ፈራዲ

ሳሙኤል ኣብ ዘመኑ ንእስራኤል ፈራዲ እዩ ነይሩ(1ሳሙ7፤15)። ፍርዲ ንምሃብ ከኣ ኣብ ጊልጋል ፡ ቤትኤል ፡ ሚጺጳ ፡ ራማ ይዘውር ነይሩ። እዘን ቦታታት ትርጉመን ምስ እንርኢ ጊልጋል ነውርኻ ወይ ኣበሳኻ እተንከራርወሉ ስፍራ እዩ (እያ 5፤9)፡ ቤትኤል ከኣ ቤት ኣምላኽ ማለት እዩ። ራማ ድማ ሳሙኤል ዝጽልየሉ ስፍራ እዩ ነይሩ። ካብዘን ሰለስተ ቦታታት እንመሃሮ እንተ ኣልዩ ፡ ሳሙኤል ክፈርድ ከሎ ነውሪ ናይቲ ህዝቢ

ኣብ ጊልጋል የንከራርዎ ፡ ናብ ቤትኤል ወሪዱ ድማ መንፈሳዊ ህይወቶም የሕድሶም ፡ ኣብ ራማ ከይዱ ድማ ምኽሪ ኣምላኽ ይቕበልን ፡ ቃል ኣምላኽ ከኣ ኣብ ሺሎ ይግለጸሉ ከም ዝነበረ እዩ። በዚ ከምዚ ኣገባብ ተመሪሑ ከኣ ነቲ ህዝቢ ቅኑዕ ፍርዲ ይህብ ነይሩ፡ ንሕና ከኣ ኣገዳስነት ናይዘን ቦታታት ተረዲእና ኩሉ ሳዕ ንገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

እምበኣርሲ ኣብዘን ሸውዓተ መድረኻት ናይ ሳሙኤል ብዙሕ ከምዝተመሃርና ርግጸኛ እየ። ነተን ሓሳባት ምስ መጽሓፍ ሳሙኤል እናኣንበብና እንተ ኣስተንቲንናዮ ከኣ እግዚኣብሄር ብዙሕ ምግላጽ ክህበና እዩ። ነዘን ሎሚ ዝረኣናየን ጽሚኞ ሓሳባት ብምስትውዓል ነስተንትነን፡ ጎይታ ንኣይን ንኣኹምን ምግላጽ ቃሉ ይሃበና። ኣሜን!!

"እቲ ንኣኽትኩም ዝገብሮ ዓቢ ነገር ርኣዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ጥራይ ፍርሑ፡ ብምኩእ ልብኹም ኣሚንኩም ከኣ ኣገልግሉዎ።"

1ሳሙ12፡24

ዓምዲ ሰላ

ሮን ኬኖሊ



ኣብ'ዛ ዓለም ኣዝዩ ህቡብ ዘማራይን መራሕ ኣምልኾን እዩ። ብብዙሕ ሚልዮናት ኣልቡም ናይ ሲድን ዲቪዲን ዘርጊሑ እዩ። ኣብ ናይ ውዳሴን ኣምልኾን ናይ መዝሙር መዓልቲ(Concert) ኣብ ዘዳልወሉ ግዜ ካብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ንላዕሊ ሰብ እዩ ዝእከብ። ሮን ግን ኣብ ዝኾነ እዋን **"ኣነ ንሓደ ተዓዛባይ እየ ዝጸወት ወይ ዝዝምር"** ይብል። ንሱ ድማ በይኑ እግዛኣብሄር እዩ።

ሮን ኣብ ቤተክርስትያን ዝመላለሱ ስድራቤት እዩ ዓብዩ። ስለዚ ድማ ምዝማር ኣብ ናይ ቀልዑ መዘምራን እዩ ጀሚርዎ። "ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዕሸል ዕድመይ እየ ተቐቢለዮ" ይብል፤ ይኹን እምበር ናይ ህይወተይ ጐይታ ዝገበርክዎ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ፤ ሮን ኣብ ናይ ኣሜሪካ ሓይሊ ኣየር ድሕሪ ምግልጋሉ ኣብኡ ድማ ንበዓልቲ ቤቱ ታቪታ ተላለያ እሞ፤ ተመርዓዋ። ኣብኡ ድማ ዝተፋላለየ ናይ ወተሃደራዊ መዓስከራት ዑደት እናገበረ፤ ህቡብ እዋናዊ ደርፍታት ይደርፍ ነበረ። ድሓር ንሓይሊ ኣየር ኣሜሪካ ገዲፉ ኣብ ናይ ሙዚክ ጥራይ ቀልቡ ኣዘንበለ። ዝና እናረኸበን እናተፈልጠን ከደ። ናብ'ቲ መሳልል ንግዲ ሙዚክ ድማ እናደየበ ናብ ዕብየት ከደ። ዝትንስእ ዘሎ ኮኾብ ድማ ተባህለ። ኣብ 1975 ብዓልቲ ቤቱ ህይወታ ንጐይታ ሃበት። ኣብቲ ዓመት እቲ ድማ ሮን ህይወቱ ንክርስቶስ ሃበ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ሮን፡ ኣብ ዓለም ዝነበሮ ዝና ሓዲጉ፡ ትሕት ኢሉ ብሶሎ ዘይኮነስ ምስ መዘምራን ተጸምቢሩ ኣብ ሰንበት ጥራይ ኣብ በይዝ(4ይ ደሃይ) ኣብ ቤተል ሚስዮናዊት መጥመቕዊት ቤተክርስትያን የገልግል ነበረ። ብ1990 ዶን ሞየን ዝተባህለ ዘማሪ ካብ ኢንተ-ግራቲ ሙዚክ ትበሃል ናይ ፊጠራዊ ዳይረክተር ዝኾነ ብዛዕባ ኣገልግሎት ሮን ሰምዐ እሞ፡ ረኸቦ። ሓንቲ ካብተን ናይ ውዳሴ ኣገልግሎታት ድማ ብሓንሳእ ክመልኡ ዝኽእል እንተ ኾይኑ ንሮን ሓተቶ። እዚ ካብተን **"ገለ ነገራት ኣሎ ከይጸለኻ ቲፎ ክትኣትዎ ዘሎካ"** ብምባል፡ ሮን ናብ'ቲ ዘንነፎ ዕድል ድማ ዘሊሉ ኣተወ። ናቱ ውጽኢት ድማ ካብተን ኣዝየን ብዙሕ ዝተሸጣ ሕታማት ኮና። እዘን ዝስዕባ ድማ፤ ወጻ **"የሱስ ህያው'ዩ"**(Jesus is alive) **"ልዕል ኣብልዎ"**(Lift him up) **"ኪኢላ ኣምላኽ"** (God is able) ወዘተ...።

ኣምልኾ ክመርሕ ከለኹ ይብል፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ድሌት ልበይ ኽሉ፡ ንህዝቢ ናብቲ ዝኽደክዎ፡ ዝኣተኽዎ ኽወስዶም እዩ። ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ደው ክብል ከለኹ ምርኢት ክቐርብ ኣይኮንኩን እንታይ ደኣ ንህዝቢ ስሒብካ ናብ ኣፍልጦ ህላወ(ገጽ) እግዚኣብሄር ብምቐራብ ከምልኽዎ ምግባር እዩ። ኣነ ቤቲ እግዚኣብሄር ዝሃብካኒ እሙን ኮይነ ብሙዚክ ጥራይ ዘይኮነ፤ ብተመኩሮ ህይወት፡ ዋጋ ዘለዎ ትምህርቲ ንኻልኦት ክሕልፍ እየ። እግዚኣብሄር በዚ ዝሃበኒ ንኻልኦት ክጸሉ ዘፍቀደለይን ሓላፍነት ኣሎኒ። ይጸባጸበኒ ድማ እዩ። ኩሉ ኣባይ ዝርኤ ስራሕ ኢዱ እዩ። እዚ ናይ ኣምላኽ ሙዚክ እዩ። ህያብ ኣምላኽ እዩ።

እቲ ዋና ዘገድስኒ እቲ ንሱ ክገብሮ ዝደለየኒ ጥራይ ክገብር እዩ። ብድሕሪ'ዚ፤ ሮን ኣብ ፈይዝ ኮሌጅ ማስተርስ ብዲቪኒቲ ወድኣ። ቀጺሉ'ውን ናይ ኣገልግሎት ዶክተረይት ብሳክርድ ሙዚክ ኣብ ፍሬንድስ ኢንተርናሽናል ክርስትያን ዩኒቨርስቲ ወሰኽ። ዶክተር ሮን ሓንቲ ተልእኾ ኣላቶ፡ ከምዚ ድማ ትብል፦ "TO CREAT AN ENVIRONMENT FOR THE MANIFEST PRESENCE OF GOD" ንስኻ/ንስኺ ንሕና'ኸ ኣብቲ ዝተጸዋዕናሉ ዕላማ ነድምዕ'ዶ ኣሎና? እሙናት ሰብ ሕድሪ ዲና ወይስ ግዜና ብሸለልትነት ነሕልፎ ኣሎና? ቃል-ኣምላኽ ነቶም ብዙሕ ኣብ ዕዮ ጐይታ ዝጸዓሩ ፍለጥዎም ይብለና። ሎሚ ኣነን ንስካትኩምን ንዝና ርእስና ዘይኮነስ ንኽብሪ ኣምላኽ ዝኾነ ዕዮ ክንፍለጠሉ ንኽእል ንጥፈት እንታይ ኣሎ? ወይስ መዓልቲ መጸ መዓልቲ ሓለፈ ብሃሰስ ለባም ኢና ነሕልፎ ዘሎና? ስለዚ ህይወትና ክንምርምር ይግበኣና እዩ። ተሪፈን ዘለዋ ሒደት ዓመታትና እግዚኣብሄር ዝኽብረሉ ስራሕ ሰሪሕና ክንሓልፍ እግዚኣብሄር የዒንቲ ልቦናና ይኽፈቶ።

ምንጪ፤ መጽሄት ኣምልኾ

ዶንይ



ናይ ገዛ ሽሙ "ዶንይ"፤ ምሉእ ሽሙ ድማ፤ ጆስ ኣንቶኒዮ ቫንያ፤ ደገፍቱ ድማ "ጆታ ኤ" ኢሎም እዮም ዝጽውዕዎ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ቁሽት ናይ ብራዚል ዝፍለጥ ብዙሕ ነገር እኳ እንተዘየለ፡ እቲ ዘደንቕ ድምጹ ግና ካብታ ንእሽተይ ቁሽት ሓሊፉ ኣብ መላእ ዓለም ከም ዝፍለጥ ጌርዎ ኣሎ። ካብ'ዚ ወዲ 14 ዓመት ቆልዓ ዝወጽእ ድምጺ ንብዙሓት ተዓዘብቱ ክኣምንዎ ዘጸግም ኮይኑ ኣሎ። ጆታ ኤ እቲ ዝነኣሰ ውሉድ ኣቶ ኣንቶንዮን ወይዘሮ ኢንዳ ሆላንዳ ኮይኑ ምስ ስድራቤቱ ኣብታ ካብ ከተማ ሶሮካባ ናይ ብራዚል ውጽእ ኢልካ እትርከብ ቁሽት ኣንጀሊካ እዩ ዝቕመጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ብራዚል ንናይ ህጻናት ተውህቦ ንምልላይ ኣብ ዝተገብረ ውድድር "Brazil Kid's Got Talent" ናብ መድረኽ ዝተቐልቀለ ጆታ፡ ብመሳኹቲ ቴሌቪዥንን ኢንተርኔትንን ብዙሓት ዘገርም ምርኢት ብምቕራቡ ብዙሓት ደገፍቲ ኣጥርዩ እዩ። እቲ ነዚ ህጻን እዚ ካብቶም ካልኦት መወዳድርቱ ፍልይ ዘብሎ ነገር ግን እዚ ህጻን እዚ ንውድድር ሒዝዎም ዝቐረበ ፍርያት ዘይከም ናይቶም ካልኦት ብምሉኡ መንፈሳዊ መዛሙር እዩ ኔሩ።

ብዛዕባ እዚ ህጻን እዚ ኣመልኪታ ሓንቲ መርበብ ሓበሬታ ዝሃበቶ ርእይቶ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፤ **"ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንልብና መሲጥዎ ዝቕነየ ኣጋጣሚ እንተ ነይሩ፤ ድግማ ስርሓት ኣግኡስ ዳይ ብህጻን ጆታ ኤ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ታ ኣመይዚንግ ግረይስ እትብል መዝሙር እቲ ናይ መልኣኽ ዝጥዕም ድምጺ ጆታ ኣዝዩ ዝነኣድ ነይሩ። ንናይ ወንጌል ሙዚቃ ሃገረ ብራዚል ዘበራበረ ጆታ ኤ ብዓበይቲ ናይ ወንጌል ዘመርቲውን ኣድናቕት ረኺቡ እዩ። ንኣብነት ዘማሪ ማይክል ስሚዝ ኣብ ትዊተር (ህዝባዊመርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት)፤ ረኣዩ ከመይ ዝበለ ዘገርም ነገር ክብል ርእይቶኡ ሂቡ። እዚ ነዚ ተሲኡ ዘሎ ሓድሽ ወለዶ ኣምልኾ ኣብ ብራዚል ዘርኢ እዩ።"**

ምንጪ፡- ኢንተርነት

ምስጢር ፍቓዱ

እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ዘመን ህይወትና ብፍቓዱ ክንመላለስ እዩ ዝደሊ። ነዚ ኢሉ ድማ፤ ምስጢር ፍቓዱ እንታይ ምኻኑ ከፍልጠና ይደሊ። ምስጢር ፍቓዱ ነቲ ምእንታና ዝሞተን ዝተንስአን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክንነብርን ክንእዘዝን እዩ (2ቆረ 5፤15 ኣንብብ)።

ክርስትያን ንክርስቶስ እምበር፤ ንርእሱ ክነብር ኣይተጸውዐን። ጐይታ ክምህር ከሎ፤ **"ክስዕበኒ ዝደሊ እንተ ኣሎ ርእሱ ይቕበጸ"** ብምባል ተዛሪቡ ኣሎ። ካብ'ዚ እንርድኣ፤ ርእስኻ ከይቀበጽካ ንፍቓድ ኣምላኽ ክትነብር ከም ዘይከኣል እዩ። እቲ ርእሱ ቀቢጹ ብፍጹም ልቢ ዝስዕብ ግና ንፍቓድ ኣምላኽ ንኽነብር ኣይጽገምን እዩ። ከም'ቲ ፍረ ስርናይ ከይወደቐትን ከይሞተትን ብዙሕ ፍረ ዘይትፈሪ፤ ንሕና ድማ ርእስና ከይቀበጽና ንፍቓዱ ክንነብር ወይ ብዙሕ ፍረ ክንፈሪ ዘይከኣል እዩ(ዮሃ12፤24 ኣንብብ)።

ስለ'ዚ ሎሚ ምስጢር ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምኻኑ ክንፈልጥን ብእኡ'ውን ምእንቲ ክንመላለስ፤ ጐይታ ኣዕይንቲ ልቦናና ከብርሆ ንለምኖ። በዚ መሰረት ድማ፤ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኹሉ ምስጢር ፍቓድ ጐይታ ክገልጸልናን ነቲ መዋቲ ስጋና ድማ፤ ንፍቓድ ኣምላኽ እምበር፤ ንፍትወት ርእስና ከይንመላለስ ህያው ክገብረናን ከብቅዓናን እዩ።

ካልእ ክርሳዕ ዘይብሉ ነገር ድማ፤ ንፍቓዱ ከይንነብር ዝዓግተና ቀንጠመንጢ ዝኾነ ነገር ኣሎ። ንኣብነት ጐይታ፤ ንሓንቲ ሳምራዊት ወንዒል እናነገራ ከሎ፤ ደቀ መዛሙርቲ መግቢ ብላዕ ኢሎም ለሚኖሞ። እዚ ዘርእየካ፤ **"ሕጂ እዋን ምሳሕ እዩ ብላዕ፤ ንዕኡ ቀስ ኢልካ ተርክበሉ"** ዝብሉ ይመስሉ። መልሲ ጐይታ ግና፤ **"ብልዔይ'ሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡ'ውን ክፍጽም እዩ"** ዮሃ 4፤34 ዝብል እዩ ነይሩ። ካብ'ዚ እንርድኣ፤ ጐይታ ዕላምኡ ፍቓድ እቲ ዝለኣኾ ክገብርን ዕዮኡ ክፍጽምን እምበር፤ እቲ ቀዳምነት ዝሰርየ ምብላዕ ወይ ምስታይ ኣይኮነን። ልክዕ ምስ'ዚ ዝተሓሓዝ ዳኒኤል እንተ ርኢናዮ'ውን፤ **"ዳኒኤል ግና፤ ቡቲ ብልዒ ንጉስን ቡቲ ዚሰትዮ ወይንን ከይረክስ፤ ብልቡ ሓለነ፤ ብግዲ ኽይረክስ ድማ፤ ነቲ ሓለቓ ስሉባት ለመኖ"** ዳኒ1፤8 ይብለና። እዚ ዘርእየካ፤ ዳኒኤል ብልዒ ንጉስ በሊዑ ምእንቲ ከይረክስ፤ ከይበልዕ ሓሊኑ። ንሱ እዚ ዝገበረ፤ እምነት ናይ'ቲ ሓለቓ ስሉባት፤ ንሳቶም ካብ'ቲ ብልዒ ንጉስ በሊያም ኣብ ቅድሚ ንጉስ ጽቡቕ ኮይኖም ምእንቲ ክረኣዩ ስለ ዝነበረ'ዩ። እምነት ዳኒኤል ግና፤ ቃል-እግዚኣብሄር እናኣንበበን እናኣስተንተነን ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ እናጸለየን ምስጢር ፍቓዱ ፈሊጡ እንተ ተመላሊሱን ጥራይ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ጽቡቕ ኮይኑ ዝረኣይ ዝብል እዩ ነይሩ። በዚ መገዲ ድማ፤ ዳኒኤል እቲ ኹሉ ምስጢር ተገሊጽሉ፤ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ድማ፤ ሞጎስ ረኸበ። ንሕና ከኣ፤ ሎሚ ካብ'ቲ ምስጢር ፍቓዱ እንረኽበሉ መገዲ ዝኾነ ቃሉን ጸሎትን ከይተፈለና፤ ናብ'ቲ ካብ ፍቓዱ ዘዘንብለና ቀንጠመንጢ ከይንቕርብ ብልብና ንሓልን።

"ፍቓድካ ክገብር ባህጊ ኣሎኒ" መዝ40፥7

ሓይሊ ኣምላኽ

"በቲ ሓይኪ ዝሀበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ።" ፊሕ.4፥13

ሰብ ኣብ ህይወት ክርስትና ዝዕወት፤ ብሓይልን ክእለትን ናቱ ዘይኮነ ብሓይሊ ኣምላኽ እዩ። ሓይሊ ኣምላኽ መወዳድርቲ ዘይብሉ መለኮታዊ ኮይኑ፤ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዘሰናክለና ውዲት ናይ ጸላኢ ስዒሩ፤ ንኹሉ ዘይንክእሎ ዘኽእለና(ዘብቅዓና) ሓይሊ እዩ። ናይ'ዚ ሓይሊ እዚ ምንጩ፤ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ጐይታ፤ **"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፤ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኩኑኒ ኢኹም።"** ግ.ሃ 1፤8 ብምባል ሓይሊ ተቐቢሎም ከገልግሉ ከም ዘለዎም ነጊርዎም። ነዚ ዝሰምዑ ሃዋርያት ድማ፤ ኩሉ መዓልቲ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቶም የቐድምዎን ይጽውዕዎን ነይሮም(ግ.ሃ 4፤30-31 ኣንብብ)። በዚ ሓይሊ እናተመልኡ ድማ፤ ንትእምርትን ንተኣምራትን ይኾኑ ነይሮም። እቲ ቃል፤ ከም'ዚ **"ብኢድ ሃዋርያት ድማ ብዙሕ ትእምርትን ተኣምራትን ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተገብረ፡ ኩላቶም ድማ ብሓንቲ ልቢ ሓቢሮም ኣብ ገበላ ሰሎሞን ነበሩ"** ግ.ሃ5፤12 ይብለና። እዚ ዘርእየካ፤ ሓይሊ ኣምላኽ ስለ ዝተቐበሉ ንትእምርትን ተኣምራትን ከም ዝኾኑን ብሓንቲ ልቢ ሓቢሮም ከገልግሉ ከም ዝኸኣሉን እዩ።


ብተወሳኺ፤ ነዚ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና፤ እስቲፋኖስ እዩ። ንሱ ሓደ ካብቶም ድያቆናት እኳ እንተ ነበረ፤ ንሱ ንመንፈስ ቅዱስ ኣዝዩ ይጸምኡ ብምንባሩ፤ ጸጋን ሓይልን መሊእዎ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ፤ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር ነይሩ (ግ.ሃ6፤8 ኣንብብ)። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፤ ካብ'ቲ ህላወ መንፈስ ቅዱስ ዝተላዕለ፤ ሰማያት ተኸፊቶ ክብሪ ኣምላኽን የሱስን ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ ርእዩ(ግ.ሃ 7፤55 ኣንብብ)። እቲ ገጹ'ውን ልክዕ ከም ገጽ መልኣኽ ኮይኑ ይርኣ ነይሩ። እቲ ዝዛረቦ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ከኣ ወላ ሓደ ኪማጐቶ ዝኽእል ኣይነበረን(ግ.ሃ 6፤8-15 ኣንብብ)። እዚ ዘርእየካ ድማ፤ ኩልትናኡ መንፈስ ቅዱስ ተቐጻጺርዎ ከም ዝነበረ እዩ።

እዚ ሓይሊ እዚ፤ ሎሚ'ውን ህያው እዩ። እቲ ዘድሊ ዘሎ ግና፤ ከም'ቲ ሃዋርያትን እስቲፋኖስን ንመንፈስ ቅዱስ መዓልታዊ እናጸምኡ ዝምልኡ ዝነበሩ፤ ንሕና ድማ፤ ነቲ ንመዋቲ ስጋና ህያው ዝገብሮ መንፈስ ቅዱስ ኣዚና ንጽምኣዮን ብእኡ ድማ፤ ንመላእ። ሽዑ ኩሉ ኣገልግሎትና ህላውነቱ ኪቆጻጸሮን ነቲ ዝተዛረብናዮ ወንጌል፤ ጐይታ ብዝስዕብ ተኣምራት ከጽንዖን ክንርእዮ ኢና (ማር16፤20 ኣንብብ)።

ክብሪ ንስሙ ይኹን። ኣሜን!!!

"ብዝተረፈስ ኣሕዋተየ፥ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን በርትዑ።" ኤፌ. 6፥10

ካካ



ኣብ'ዚ ዓለም ብዓመጽን ከትርን መሊኣትሉ ዘላ ዘመንን፤ ብመሳኹቲ ቴለቪዥንን ኢንተርነትን ርክሰትን ንሰብ ናብ እግዚኣብሄር ዘይመርሕ ንዉር መደባትን መወዓውዒታትን ኣብ ዝፍነወሉ ዘሎ እዋን፡ ንእግዚኣብሄር ተንበርኪኹ ክብሪ ዝህብ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ መንእሰይ ኣብ ናይ ዘመንና ዓበይቲ ናይ ኩዕሶ እግሪ ሜዳታት ክትርእዮ እንከለኻ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ዘመናት ኩሉ ገዛእ ርእሱ ብዘይ ምስክር ከም ዘይሓድግ ዓቢ ምልክት እዩ። ውቱይ ኣባል ወንጌላዊት ቤተ-ክርስትያን ካካ፡ ኣብ እምነት ምሉእ ብምሉእ ክጥሕል ዝጀመረ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ከሎ እዩ። **"ሓደ ነገር ኪጋጥምን ከየጋጥምን እትውስን እምነት ምኳና ተማሂረ ኣለኹ"**ይብል ካካ ብዛዕባ እምነት ምስ ነገራት ብምዝማድ ክዛረብ ከሎ፤ ነታ **"ኣነ ናይ የሱስ እየ"** ዝብል ቃላት ዝተጻሕፋ ናይ ውሽጢ ማልያኡ ንተዓዘብቲ ንኽርኢ ነቲ ናይ ላዕሊ ጎልፎኡ ብምውጻእ ዝፍለጥ ካካ ናይ ጸወታ መወዳእታ ፊስካ ምስ ተነፍሐት ኣብ ማእከል ሜዳ ጸሎት ብምግባሩ'ውን ንብዙሓት ኣገሪሙ'ዩ። ንኣብነት ኣብ 2002 ዋንጫ ዓለም፡ ናይ ሚላን ናይ 2004 ናይ ስኩደቶ ጸወታ፡ ናይ 2007 ቻምፕዮንስ ሊግ ወዘተ. . .። ከምኡ'ውን ካካ፡ ኣብ መልሓስ ናይ'ቲ ዝወድዮ ጫማ **"እግዚኣብሄር እሙን እዩ"** ዝብል ዝተረከመ ጽሑፍ ኣለዎ። ኣብ'ቲ ናይ 2005 ናይ ፊፋ ኮንፌደሬሽን ካፕ፤ ብራዚል ንኣርጀንቲና ኣርባዕተ ብባዶ ኣብ ዝሰዓረትሉ ግዜ፡ ኣብ'ቲ ናይ ድሕሪ ግጥም ጽምብል ካካን ብዙሓት ካብ ደቂ ጋንታኡን **"የሱስ የፍቅረካ እዩ"** ዝብል ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ጽሕፈት ዘለዎ ማልያ ለቢሶም ነበሩ። ካካ ኣባል ናይ'ቲ **"ኣትለቲክስ ንክርስቶስ (Atletas de Cristo)"** ተባሂሉ ዝፍለጥ ማሕበር እዩ። ካካ ጎል ኣብ ዘእትወሉ ግዜ የእዳዉ ናብ ላዕሊ ናብ ሰማይ ብምዝርጋሕ ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይህብ። ካካ ኣዘውቲሩ ዝሰምየ ሙዚቃ እንተሃልዩ ናይ ወንጌል መዛሙር እዩ፡ ኣዘውቲሩ ዘንብቦ መጽሓፍ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ካብ ሕዳር 2004 ጀሚሩ



ድማ ከም ኣምባሳዶር ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ጥሜት ኮይኑ የገልግል ኣሎ። ካካ ነዚ ማዕርግ እዚ ክምዘዝ ከሎ እቲ ዝነኣሰ በዓል መዚ ኣብ'ዚ ሽመት እዚ ነበረ።

ካካ ኣባል ናይ'ታ ዳግም ልደት ብክርስቶስ እትበሃል ወንጌላዊት ቤተ-ክርስትያን እዩ። ንሱ ኣብ ታሕሳስ 2015 ናይ ዓሰርተ ዓመት ናይ መርዕኦም ጽንብል መዘከርታ ክብዕል ትጽቢት ይግበረሉ። ምስ'ታ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ዝፈልጣ ዝነበረ ካሮሊን ሰሊኮ ብ23 ታሕሳስ 2005 ኣብ ዳግም ልደት ብክርስቶስ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ከተማ ሳኡ-ፓውሎ ስርዓት ቃል-ኪዳን ፈጸመ። እቲ ቀዳማይ ውሉዶም ዝኾነ ሉቃስ ሰሊኮ ሌተ ድማ ብ10 ሰነ 2008 ኣብ ሳኡ-ፓውሎ ተወልደ። እምበኣር ሕጽር ብዝበለ ታሪኽ ህይወት ሓውና ካካ እዚ ይመስል። ክርስትያናት መንእሰያት ሚዛናዊ ብዝኾነ ኣገባብ እምነቶም ኣጽኒያም ነቲ እግዚኣብሄር ኣብኡም ዘቐመጦ ዕቑር ሃብቲ እንተ ዝምዝምዝም እሞ፡ ብእኡ ድማ ንዓለም እግዚኣብሄር ህያው ምኻኑ እንተ ዝፍልጥ ከመይ ኮን ደስ ዘብል ምኾነ።

ምንጪ፡- ኢንተርነት

** ** **

ዝብል ግን ከኣ ዘይገብር

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ገለ ኣሕዋት ተኣኪቦም ብቃል-ኣምላኽ የዕልሉ ነበሩ። ኣብ መንጎም ድማ ሰብኣይን ሰበይትን ሰብ ሓዳር ነበሩ። ዕላሎም ኮሊሉ ኮሊሉ ናብ "ምሃብ" ዝብል ኣርእስቲ ገጹ ዛዘወ እሞ፤ ኣቲ ሰብኣይ በዓል ሓዳር ኣብ'ዚ ኣርኣስቲ እዚ ሰፊሕ ትንተና ከቕርብ ጀመረ። ሰብ ንብጻዩ ካብ'ታ ዘላቶ ከማቕል ከም ዘለዎ ብዝብል ሓሳብ ትንተናኡ ወድኤ እሞ። በዓልቲ ቤቱ ድማ ቡቲ ዘካፈሎም ቃል ብጣዕሚ ባህ በላ፡ እቶም ኣሕዋት ባህ ኢሎም፤ ዕላሎም ወዲኦም ነናብ ቤቶም ተፋነዉ። ሒደት መዓልታት ድሕሪ እዚ ኣጋጣሚ እዚ፤ እታ ሰበይቲ በዓልቲ ሓዳር ኣብ ገዝኣ እንከላ፤ በዓል ቤታ ስራሕ ወፊሩ እንከሎ፡ ሓደ ለማኒ ናብ ቤቶም መጸ እሞ፤ እታ ሰበይቲ ድማ ክልምን ከሎ ሰምዓቶ። ናብ ገዝኣ ክኣቱ ዓዲማ ድማ ኣብልዓቶን ኣስተየቶን። ዕሩኞ ምኳኑ ምስ ረኣየት ድማ፤ ናብ ኣርማድዮኣም ብምኻድ፤ ሓንቲ ሰብኣያ ካብ ዘይክደና ነዊሕ ዝገበረት ጃኬት ኣውጺኣ ነቲ ለማኒ ሃበቶ። እቲ ለማኒ ድማ ኣመስጊኑ ካብ'ታ ቤት ብሓሳስ ወጸ። ድሕሪ ሒደት መዓልታት፤ እቶም ሰብ ሓዳር ኣብ ቤቶም እንከለዉ፤ እቲ ሰብኣይ ኣብ ኣርማድዮ ሃሰው ክብል ጀመረ፡ ነታ ዝደለያ ጃኬት ስለ ዝሰኣና ድማ ንበዓልቲ ቤቱ፤ **"እታ ከም'ዚ ዝበለት ጃኬት ደኣ ስኢነያ ኣበይ ኮን ትህሉ?"** ብምባል ሓተታ፤ ንሳ ድማ፤ **"ሓደ ምስኪናይ ዕሩኞ ለማኒ ናብ'ዚ ገዛና መጺኡ ነይሩስ፤ ንዕኡ ሂበየ"** ክትብል መለሰትሉ። እቲ በዓል ቤታ ድማ ቡቲ ዝኾነ ነገር ሰንቢዱ **"እንታይ? ከመይ ጌርኪ ከምኡ ትገብሪ"** በላ ብቑጥዐ። እታ ሰበይቲ ድማ፤ **"እዋእ ኣነስ ነቲ ብቕዳማይ ዘካፈልካና ንምሃብ ዝምልከት ቃል ምርኩስ ብምግባር እየ ከምኡ ገይረ።** እቲ ለማናይ ኣዝዩ ዕሩኞ እዩ ነይሩ። ንስኻ ድማ፤ ብዙሕ ጃኬት ኣሎካ። ስለ'ዚ ካብ ምቕባል ምሃብ ይባርኽ ብምባል እየ ከምኡ ዝገበርኩ" በለቶ። እቲ ሰብኣይ ድማ ብውሽጡ ተረትዐ። ብውሳኔ በዓልቲ ቤቱ ድማ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ከም'ዚ ብምባል ድማ ንውሳኔኣ ልቦና ወሰኽሉ "ይቕሬታ ተቐጢዐ ስለ ዝተዛረብኩኺ፡ ከም'ቲ ቃል ኣምላኽ ዝብሎ ከም'ቲ ንብሎ ከምኡ ኮይንና ክንርከብ እዩ ዝግበኣና፤ ውሳኔኺ ጽቡቕ እዩ። ሰብ ሓዳር ከም ምኳንና መጠን ግን፤ ኩሉ ንገብሮ ብናይ ክልቴና ስምምዕ ክኸውን ጽቡቕ እዩ" በላ። ተምበርኪኾም ድማ፤ ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝብሎ ከምኡ ክነብሩ ብሓባር ጸለዩ።

** ** **

ትፈልጡ'ዶ፧

1150-1220 ዓ/ም ፒተር ዎልዶ ኣዝዩ ሃብታም ነጋዳይ ዝነበረ ሰብ፤ ንብረቱ ኩሉ ሸይጡ፡ ናይ ንግዲ ስርሑ ደው ኣቢሉ፤ ሰባኺ ወንጌል ኮይኑ። ቤተ ክርስትያን ብስርዓትን ሕጊ ሰባትን ትምራሕ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፤ እቲ ናይ ብሓቂ ወንጌል ክስበኽ ኣበርቲዑ ሰሪሑ።

1761-1834 ዓ/ም ዊልያም ካሪ ኣብ ሃገረ ህንዲ መጽሓፍ ቅዱስ ብቋንቋኣም ተርጒሙ፡ ቤተ ክርስትያን መስሪቱ፡ ቤት ትምህርቲ ከፊቱ፡ ህጻናት ብምኽንያት ሃይማኖት ኣብ ውሕጅ ንኽይድርበዩ፡ መበለታት ብሓዊ ንኽይቃጸላ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብሕጊ ንኽይቃጸላ ከም ዝኽልከል ገይሩ።

1813-1873 ዓ/ም ዴቪድ ሊቪንግስተን ኣብ ግላስጎው ዩኒቨርሲቲ ናይ ሕክምና ትምህርቲ ምስ ወድኣ፤ ጣዕምን ተድላን ገዲፉ ጸልማት ኣህጉር ተባሂላ ናብ እትጽዋዕ ኣህጉርና ኣፍሪቃ፤ ወንጌል (ብስራት) ከበስር ወሲኑ።

1843-1890 ዓ/ም ጆሴፍ ነሲማ ካብ ጃፓናውያን ስድራቤት ኣብ ቶክዮ ተወሊዱ። ነሲማ ናይ ሺንቶ ሃይማኖት ሰዓቢ እኳ እንተ ነበረ፤ ንትምህርቲ ናብ ኣሜሪካ ምስ ከደ ንክርስቶስ ረኺቡ። ናብ ሃገሩ ምስ ተመልሰ፤ ናይ ጐይታ ኣገልጋሊ(ወንጌላዊ) ኮይኑ። ኣብያተ ክርስትያናት መስሪቱ፡ ኮሌጅ ከፊቱ፡ ድሕሪ ሞቱ ኣብ ስርዓተ ቀብሩ ሰባት ካብ ዝተሰከምዎ ጽሑፋት፤ ነጻ ትምህርት፡ ብዘይ ሓገዝ እተመሓደር ቤተ ክርስትያን፡ መጻኢ ወለዶ ንጃፓን ብኽልተ እግራ ደው ከም እትብል ይገብርዋ ዝብል ይርከቦ።

ምንጪ፡- ጋዜጣ ክብረት

ኣጀንዳ



ኣብ ሃገርና ዘለዉ ምእመን ምስ'ቲ ዝሓልፍዎ ናይ ናብራ ቁጠባዊ ጸገማት ብመንጽር እቲ ኣብ መንፈሳዊ ተወፋይነት ዝኽፍልዎ ዋጋ ከየድነቕክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። እንተኾነ ግን ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ክርስትያናት ዘለዉ ምእመን ዝተዓዘብክዎ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፡ ካብ ብዛዕባ እቲ ዝተመሃርናዮ ቃል ምስትንታን ኣብ እንዳ ካፕቸኖ ኪንካ ምዝንጋዕ እዩ ዝናፈቐ። እዚ ድማ ንመንፈሳዊ ዕቤት ዝዓግት እዩ። ከመይ'ሲ፤ እንዳ ሻሂ እንተ በዚሑ ኣብ መንጎ ሕሜት ክህሉ ናይ ግድን እዩ። እዚ ማለት ግና፤ ሻሂ ኣይንስተ፡ ኣይነዕልል ዘይኮነ፤ ነቲ ዝተመሃርናዮ ቃል ብግቡእ ኣብ ኣጀንዳ ኣስፊርና ቅድም ብዛዕባኡ ክንዘራረብ፡ ብድሕሪኡ ድማ፤ ከም ኣድላይነቱ ርኢና ክንመዓዓድ እዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ህዝቢ ኣምላኽ ነዚ እንተ ዘተኩረሉ፤ ክንደይ ሰናይ ምኾነ ይብል።

ገለ ሒደት ካብ'ቲ ረብሓ ናይ ኖት ምጽሓፍ(ምሓዝ) ኣብ ኣጀንዳ ከም'ዚ ዝስዕብ ይመስል፦

1. ኣእመሮኻ ካብ ዝተፈላለዩ ሃተውተው ምስሓብ ጥርኑፍ ይኽውን።
2. ከምኡ'ውን ካልኣይ ግዜ ኣብ ቤትካ ኼድካ ዳግመ ግምት ጌርካ ከተስተንትኖ ይሕግዘካ።
3. ኣብ ኣጀንዳ ዘስፈርካዮም ጽሑፋት ኣብ ዝተፈላላየ እዋናት ከም መወከሲ ይጠቕመካ።
4. ዝተባህለልካ ተስፋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ተፈጺሙ'ዶ ኣይተፈጸመን ተመልከተሉ።
5. ኣእምሮኻ ብፍልጠት ይሰፍሕ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ኣተኩሮኻ ኣይስረቕን . . . ወዘተ። እሞ ሃየ እስኪ ኣብ ክንውድኣ ንቃረብ ዘሎና ዓመተ 2015 ንሞኮሮ ፍሬኡ ድማ ብዘይ ምውልዋል ክንጭብጦ ኢና(እዝ7፤10 ኣንብብ

ዕላል ብሩኽን ብርኽትን

ብርኽቲ፦ ሰላም ብሩክ ሓወይ ከመይ ቀኒኻ ተጣፊእና ነዊሕ ኮይኑ!

ብሩኽ፦ እግዚኣብሄር ይመስገን ብርኽቲ ሓፍተይ እወ ኣጋጣሚታት ኣይተራኽብናን ከመይኻ ቀኒኺ?

ብርኽቲ፦ እግዚኣብሄር ይመስገን ብቐዳማይ እኳ ኣማዕድየ ኣብ ሓንቲ ሬስቶራንት ርእየካ ነይረ።

ብሩኽ፦ እወ ሓቅኺ ለንቕነ ዘይበጻሕኩዋ ሬስቶራንት ዘይበጻሕኩዋ ካፌተርያ እንተላ ትከሰስ።

ብርኽቲ፦ እዋእ ከመይ ድዩ ነገራቱ እሞ ህይወትካስ ኣብ ፈቐዶ ሬስቶራንትን ካፌተርያን እያ ዘላ በለኒ። ነቲ ቃል-ኣምላኽ ምንባብን ምጽላይን'ከ ግዜ'ዶ ትረኽበሉ ኣሎ'ኻ?

ብሩኽ፦ (ሰሓቐ) ኣየ ብርኽቲ ሓፍተይ እንታይ ድዩ መሲሉኪ ምዝንጋዕ'ውን ክፋል ናይ ህይወት እኳ እዩ ሰብ ክዘናጋዕ ኣለዎ፡ ኣብ መንጎ እቲ ምዝንጋዕ ድማ ቃል-ኣምላኽ እኮ ንዘራረብ ኢና።

ብርኽቲ፦ በልስኪ ሕራይ ንገረኒ ኣብ ሓንቲ ሬስቶራንት ኣብ ሓደ ምሸት ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ተጥፍኡ?

ብሩኽ፦ እዋእ ሬስቶራንት ዝኣክል ኣቲኻ ደኣ ናይ ግድን ክሳብ 500 ናቕፋ ክትከፍል ናይ ግድን እዩ። እቲ ኣብኡ እትረኽቦ ሰሓቐ፡ ጸወታን ዕላልን ግን ብዋጋ ዘይርከብ እዩ።

ብርኽቲ፦ ኣየ ብሩኽ ሓወይ ከም'ቲ ቃል-ኣምላኽ ኣብ ፊሊጲ1፤28 ዝብሎ፤ **"ሕንትስ ንብረትኩም ንመንገፍ ክርስቶስ ዚበቕዕ ጥራይ ይኹን። "ከምኡ እንተትመካከስዶ ኣይምሓሸን?"**

ብሩኽ፦ ከመይ ማለትኪ እዩ ብርኽቲ ክንዘናጋዕ ኣይግበኣናን ድዩ?

ብርኽቲ፦ ኣበሃላይ ከምኡ ኣይኮነን ብሩኽ ሓወይ፤ ናይ ግድን ኣይኮናን ገንዘብ ብምኽፋል ክንዘናጋዕ ዘድልየና፡ ኣድላዩ እንተኾነ ድማ ብመጠኑ ክንገብሮ ይግባእ፤ ንኣብነት እተን ኣብ ሓንቲ ምሸት ኣብ ሓንቲ ጣውላ ዝጠፍኣ 500 ናቕፋ ኣብ መዓላ ወንጌል እንተዝውዕላ ንሓሙሽተ ስኡናት ሰባት ናይ ምሉእ መዓልቲ መቕነኖም ምኾና፤ ወይ ድማ ንመሕተሚ ናይ ወንጌል ትራክት እንተ ዝውፈያ ከባቢ 500 ዝኽውን ቅዳሕ መፈረያልካ ኔረን እዚ ማለት ንኽባቢ 500 ሰባት ወንጌል ምብሳር ማለት እዩ።

ብሩኽ፦ ናይ ብሓቅኺ ድኺ?

ብርኽቲ፦ እወ ከምዛ ዝብለካ እያ።

ዓምዲ መንእሰያት

ክቡራት ኣንበብቲ፤ ቀጺሉ ዘሎ ኣብ ዓምዲ መንእሰያት፤ መንእሰያት ምስ ወንጌላዊ ሳምሶም ተስፋይ ዝገበርዎ ናይ ሕቶን መልስን መደብ፤ ጠቕሚ ኮይኑ ስለ ዝረኽብናዮ ናባኹም ነብሎ ኣሎና እሞ ሰናይ ንባብ።

ሕቶ፦ ብዛዕባ መርዓ ክትጽሊ ከሎኻ፤ ባዶ ኪንካ'ዶ ክትጽሊ ይግባእ ወይስ ነታ ዝመረጽካያ ሓፍቲ ኣብ ኣእምሮኻ ሒዝካ ንዓኣ ሃበኒ ክትብል እዩ ዝግባእ?

መልሲ፦ ብዛዕባ መርዓ ክትጽሊ ከሎኻ ባዶ ኮይንካ መጀመርያ ክትጽሊ ጽቡቕ እዩ። ዎ እግዚኣብሄር ንዓይ ብጸይቲ ሃበኒ ይብል እቲ ወዲ፡ እታ ጓል ከኣ ብጻይ ዝኾነኒ ንዓይ ሃበኒ ክንብል ንኽእል ኢና። ምስ ረኣናዮ፤ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፍቓድካ'ዶ ይኸውን ኢልና ክንጽሊ ብዛዕባ እቲ ሰብ ወላ ሓንቲ ጸገም የብሉን።

ሕቶ፦ ገለ ገለ ክርስትያናት ንሓንቲ ሰብ ናተይ እያ ኢሎም ንነዊሕ ዓመታት ክጽበዩ ይረኣዩ እዮም። ግዜኻ ብኽንቱ ክብላዕ ናተይ እዩ ኢልካ ምጽባይ ቅኑዕ'ዶ?

መልሲ፦ ናተይ ኢልካ ምጽባይ መቸም ኣይግድን፤ ንስኻ'ውን ኣእምሮኻ ተጠቀም። ናተይ ኢልካ ከምኡ ክትብል ከለኻስ ንሳ'ኸ እንታይ ትብል እዩ እቲ ሕቶ። ስለ'ዚ እቲ ምጽባይ እኳ ጽቡቕ እንተኾነ፤ ግን ንስኻ ድማ ከም'ዚ ብዙሕ እናተጸበኻ ንሳ ክትኣብየካ'ውን ተኽእሎ ከም ዘሎ ፍለጥ።

ሕቶ፦ ንሓደ ሓውና ገለ የዕሩኽቱ ካብ ድግ ንሓንቲ ሓፍቲ ኣማጺኡምሉ። እንተ ንሱ ግን ብዛዕባ እታ ዝዋሰባ ጓል ሰብ ምንም ኣፍልጦ የብሉን። ብድፍኢት ካልኦት ሰባት ኣብ መውስቦ ሓዳር ምእታው ሳዕቤኑ ክሳዕ ክንደይ እዩ?

መልሲ፦ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ምስ ዘይትፈልጣ ሰበይቲ እሞ ምስ እዚ ሎሚ ዘሎ ድማ፤ ክንደይ ዝርገትን ምምሕቻውን ምፍታሕን ንዘይትፈልጣ/ ዘይረኣኻያ ጓል ምምርዓው ብጣዕሚ ኣዝዩ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ምናልባት ገሌኻትኩም በዓል ኩስቶ ብኽምኡ ተመራዕዮም ክሳዕ ሕጂ ድማ ጽቡቕ ኣለዉ ትብሉ ትኾኑ። ኣነ ግን ብኽምኡ መንገዲ ክትምርዓዉ ኣይመርጸልኩምን።

ሕቶ፦ "ንሱ ናተይ እዩ፤ ብስም የሱስ ብእምነት ይወርሶ ኣለኹ" ኢልካ ምውራስ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓሳብ ድዩ? መውስቦ'ኸ ብእምነት ይውረስ ድዩ?

መልሲ፦ መውስቦ ኣይውረስን እዩ። መውስቦ ከም መኪና ወይ ከም መሬት ወይ ከም ካልእ ግዙኣዊ ነገር ይወርሶ ኣለኹ ኢልካ ዝውረስ ነገር ኣይኮነን። ጉዳይ መውስቦ ጉዳይ ሰብ እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ፍቓድ ሰብ ይሕሉ እዩ። ስለ'ዚ ስም ጐይታ ጸዊዕካ፤ እዚኣ ናተይ እያ ኢልካ ክትወርስ ምፍታን ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ ሓደገኛ'ውን እዩ።

ሕቶ፦ ድሓን ኣነ የዕብያ ኢለ ምስ ሓንቲ ሓዳሽ ነፍሲ እንተተመርዓኹ እንታይ ጸገም ኣለዎ?

መልሲ፦ እግዚኣብሄር ይሓግዝካ! ይከኣል ድማ እዩ።

ሕቶ፦ ሓዳር ንምምስራት ድንግልና ግድን ድዩ?

መልሲ፦ ድንግልና ክህሉ ጽቡቕ እዩ። ግና ብኽልቲኡ ወገን እስኪ ንርኣዮ፦ እቲ ወዲ'ኸ ድንግል ድዩ ኢልና ድማ ንሕተት? ስለ'ዚ ኣነ ከም ዓቢ ረቓሒ ኣይርእዮን እየ። መብዛሕትና ቅድሚ ናብ ጐይታ ምምጻእና ኣብ ዘየድሊ ነገራት ተሳቲፍና ከም ዝነበርና ፍሉጥ እዩ። ሕጂ ግን ብክርስቶስ ሓደሽቲ ፍጥረት ኢና። ብክርስቶስ ሓደሽቲ ፍጥረት ስለ ዝኾንና፤ ድንግልና ከም ዓቢ ረቓሒ ወሲድና በቃ ድንግል እንተ ዘይኮነት ኣይምዓዋን እየ ምባል ጌጋ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ።

ሕቶ፦ ምስ'ታ ክሕጸያ ዝደለኹ ሓፍቲ ሊላ ናይ ኢንተርነት እዩ ዘሎና። መልክዓ ኣይጸላእክዎን፡ ብተሌፎን ክንዘራረብ ከሎና'ውን ድምጻ ብጣዕሚ መሳጢ እዩ። መቸም ናይ ሰብ ነገር ኩሉ ክትፈልጦ ስለ ዘይትኽእል ምስ እዛ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘላ ሓፍቲ ቅድሚ ናብ መርዓ ምውሳነይ እንታይ ትመኽሩኒ?

መልሲ፦ ንስኻስ ከኣ በይንኻ ኢኻ! ኣብ'ዚ ዘለዋ ኣሕዋት'ኻ እንታይ ኮይነና'ኻ?

ሕቶ፦ ካብ ትዕዝብተይ ከም ዘስተውዓልክዎ፤ ድሕሪ ሕጸ መብዛሕትኦም ቀልጢፎም እዮም ናብ መርዓ ዝኣትዉ። ምስ ገለ መሓዙተይ ብዛዕባ እዚ ነዕልል ኣብ ዝነበርናሉ፤ ካብ'ቲ ብዙሕ ምኽንያታት ቀልጢፎም ናብ መርዓ ዝኣትዉስ ምናልባት እታ ጓል ነቲ ወዲ ከይትኽስሮ ካብ ምባል ከይከውን ዝብል ሓሳብ ነበረ። ጽቡቕ ጌሮም ክፋለጡስ ግዜ ክወስዱ'ዶ ኣይግባእን? ታህዋኽ'ሲ ሳዕቤን ኣለዎ'ዶ?

መልሲ፦ እንተ ዘይነውሐ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ፤ እንተ ነዊሑ ኸኣ ጸገም የምጽእ እዩ። ቀዳማይ ንሓድሕድካ ስለ ትለማመድ ምስልቻው ከስዕብ ዘኽእል እዩ። ካልኣይ ድማ፤ ምናልባት እቲ ሕጸ እንተ ፈሪሱ እታ ሓፍቲ ደጊማ ናብ ሕጸ ክትኣቱ ዘለዋ ዕድል ይጸብብ እዩ። ቡቲ ሓደ ወገን ድማ ቀልጢፍካ ምምርዓው'ውን ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም ኣለዎ። ብናተይ ገምጋም ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳዕ ዓመት ክኸውን ኣለዎ ይብል።

ሕቶ፦ ንመርዓ ዝሓቱኒ ብዙሓት ኣሕዋት ኣለዉ። ኣነ ብወገነይ ይጽልየሉ እየ። ግን ውሽጠይ ኣይተቐበሎን፡ ድልየት እናሃለወኒ ነቲ ነገር ኣካቢደ ይርእዮ እንዳ ኸንኩ እሞ፤ እንታይ እንተገበርኩ ይሕሸኒ?

መልሲ፦ ሓፍተይ ተዓዊቱልኪ ብዙሓት ሓተትቲ ስለ ዝረኽብኪ። ግን ከኣ፤ ቁሩብ ከፍርሓኪ ይደሊ። ከመይ'ሲ"፤ ክሕተታ ክሕተታ ኣይፋል ክብላ ጸኒሐን ኣብ መወዳእታ ግን፤ ፈውሲ ማሕላ'ውን ትኹን ዝሓተን ዝሰኣና ኣሕዋት ስለ ዝፈልጥ። ስለ'ዚ መልስኺ ኣይፋል ጥራይ ካብ ዝኸውን፤ ብመንፈሳዊ ብስለት ዕብይ ምስ ዝበሉ ሰባት መኺርኪ መዓልቦኺ ኣጸብቒ።

ሕቶ፦ ምስ ሓደ ሓው ስለ ዝተፋተና ንሓዳር ዝኸውን ዝምድና ኣብ ምምስራት ኣተና። ዘይሓሰብናዮ ግና፤ ኣብ ሓጢኣት ወዲቕና(ስጋዊ ርክብ ፈጺምና)። ብድሕሪ እዚ እቲ ሓው ክርሕቀኒ ጀሚሩ። ከም ጓል ኣንስተይቲ መጠን ንሓዳር ይደልዮ ስለ ዝነበርኩ፤ ካባይ ክርሕቕ ምጅማሩ ፈጺሙ ኣተሓሳሲቡኒ እሞ፤ ካብ'ዚ ዘለኽዎ ሽግር ብኽመይ ክወጽእ ይኽእል?

መልሲ፦ ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ሓደ ክትፈልጥኦ ዘለክን ነገር ኣሎ። ደቂ ተባዕትዮ እቲ ዝደለይዎ ነገር ምስ ረኽቡ፤ ነዓቕቲ እዮም ዝኾኑ። ስለ'ዚ ድማ እያ ሓንቲ ጓል ክብሪ ንጽህኣኣ ሓሊያ ናብ ሓዳር ክትኣቱ ዘለዋ። ቅድሚ መርዓ ተሓቢእኩም ዝገበርኩሞ ነገር እንተ ሃልዩ ግን ዋላ'ውን እንተ ተመርዓኽም

"ኣብ መገድኺ ንጐይታ እንተ ኣቐደምካዮ ዓመትካ ዘየጠራጥር እዩ።"

እቲ ወዲ ብዙሕ ኣየኽብረክን እዩ። ስለ'ዚ ድማ እዩ ብቅድስናን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ክንመላለስ ዘድልየና። እዚ ስለ ዘጋጠመ ግን ተጓሒፍኪ ማለት ኣይኮነን። ጸቕጢ'ውን ክገብረልኪ ኣይግባእን። እግዚኣብሄር ኑቲ ሓውና ልቡ ከስፍሕ እሞ ናባኺ ክምለስ ምጽላይ የድልየኪ።

ሕቶ፦ ሓደ ሓውና ንሓንቲ ዝፈትዋ ሓፍቲ ክጽበያ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ። ነዚ ጸገሙ ብኽመይ ክፈትሖ ይኽእል?

መልሲ፦ እታ ሓፍቲ ክሳዕ ሕጂ ዘይተመርዓወት እንተ ኾይና፤ ስለ ዝፈትዋ እንተ ተጸበያ ጽቡቕ እዩ። ሓቲቱ ኣብ ሓደ መዓልቦ እንተ በጽሔ ድማ ዝሓሸ እዩ።

ሕቶ፦ ክልተ ኣሕዋትና ንሓዳር ዝኽውን ዝምድና መስረቱ እሞ፤ ነቲ ጉዳይ'ውን ስድራቤቶም ፈለጥዎ። ኣብ መንጎ ግን እቲ ወዲ ነቲ ዝምድና ኣቋረጾ እሞ፤ በዚ ነገር እዚ ኽኣ እታ ሓፍቲ ኣዝያ ተጎድኤት። እዚ ነገር እዚ ብኽመይ ክፍታሕ ይኽእል?

መልሲ፦ ክልቲኦም ዝፋተዉ ነይሮም ክነሶም እሞ ድማ ስድራቤት ብዛዕባ እዚ ዝምድና ፈሊጦም ክነሶም እቲ ሓውና ነቲ ዝምድና ምቁራጹ ብርግጽ ሃሳዪ ነገር እዩ። እንተኾነ ስለምንታይ ከምኡ ገይሩ ስለ ዘይፈለጥና እዝን እትን ክንብል ኣይንኽእልን። ሓደ ክንርድኦ ዘሎና ነገር ግን፤ ደቂ ኣንስትዮ ብባህሪኤን ተቐበልቲ እየን። ንሓደ ነገር ተቐቢለን ናይ ምዕቋርን ናይ ምብዛሕን ክእለት ድማ፤ ኣለወን። ነዚ ሓቂ እዚ ብመንጽር ፍቕሪ ወይ ንሓዳር ዝኽውን ዝምድና ምስ እንርእዮ፤ ደቂ ተባዕትዮ ብቐሊሉ ካብ ፍቕሪ ዝገላግል ዓይነት ባህርያት ክህልዎም እንከሎ፤ ደቂ ኣንስትዮ ግና ብቐሊሉ ኣይገላገሉን። ስለ'ዚ ድማ እያ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኣጋጣሚ እታ ሓፍቲ ተጎዲኣ ዘላ። እቲ ወዲ ሃንደበት ከምኡ ምግባሩ ብርግጽ ጌጋ እዩ። እንተ ንሳ ግን፤ ነዚ ነገር ብጸሎት ጥራይ እያ ክትፈትሖ ዘለዋ።

ሕቶ፦ ናብ እምነት ካብ ዝመጽእ፤ ሓደ ዓመት ጥራይ እየ ገይረ ዘለኽ። ናይ ሓዳርን ውላድን ባህጊ ድማ ኣሎኒ። ሓንቲ ሓፍቲ'ውን ጠሚተ ኣለኽ። እንተ ኾነ ኣብ መንፈሳዊ ህይወተይ ምእንቲ ክትድግፈኒ፤ መንፈሳዊ ህይወታ ንፍዕቲ ክትከውን እየ ዝደልያ። ብኻልእ ወገን ድማ፤ ምስ ሰብ ተጸጊዐ ይነብር ስለ ዘለኽን እቶም ተጸጊዖዮም ዘለኹ ድማ ሓዳር ንኽንብር ዘተባብዑ ስለ ዘይኮኑን፤ እንታይ እንተ ገበርኩ ይሕሸኒ?

መልሲ፦ ከም ሰብኣይ መጠን መጀመርያ ካብ ጽግዕተኝነት እትገላገለሉ ናትካ ኣታዊ እትረኽበሉ መደብ ግበር። ኣጆኻ! ጐይታ ድማ ክድግፈካ እዩ። ኣብ'ቲ ካልኣይ ሸነኽ ናይ ሕቶኻ ድማ፤ ኣቐዲመ መንፈሳዊ ዕብየት ማለት ምናልባት ምስ ኣገልግሎት (ማለት፤ ምዝማር፡ ምስባኽ፡ .... ወዘተ) ከይተተሓሕዘ ሓደራ ይብለካ። መንፈሳዊ ዕቤት ኣብ መስርሕ ህይወት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ዝርኢ ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍረ ኣብ ህይወትና ክህሉ ከሎ እዩ። ብዝኾነ ኣብ'ዚ እውን ንስኻ ከም ሰብኣይ መጠን እንተ ድኣ ነፊዕካ፤ በቲ መንፈሳዊ ነገር'ውን ክትመርሓን ክትድግፋን ትኽእል ኢኻ። ብዓቢኡ ድማ ክልቴኹም ትደጋገፉ። ምኽንያቱ፤ ሓዳር ማለትኮ፤ ምድግጋፍ ማለት ስለ ዝኾነ። እግዚኣብሄር ድማ፤ ክረድኣካ እዩ።

ሕቶ፦ ሓደ ዘይኣማኒ ወዲ ንሓዳር ሓቲቱኒ። ንእምነትኪ ኣይቃወ ሞንየ ድማ እዩ ዝብለኒ እሞ፤ እንታይ ክገብሮ? ክቐበሎ'ዶ?

መልሲ፦ ፈጺምኪ ክትቅበልዮ ኣይግበኣክን!!!

ሕቶ፦ ኣካላዊ ብቕዓት ኣብ ሓዳር ኣገዳስነት ኣለዎ'ዶ?ብኽመይ?

መልሲ፦ እወ! ኣካላዊ ብቕዓት ኣገዳስነት ኣለዎ። ዘይበጽሑት ጓል ክትምርያ ጽቡቕ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ዘይበጽሑ ወዲ።

ሕቶ፦ ሓደ ምስ ሰብ ከዕልለሉ ኣዝዩ ዘሰክፈኒ ሽግር ኣሎኒ። ንሱ ድማ፤ ኣብ ድቃሰይ ብሕልሚ ነፍሰይ ኣብ ዝሙት ይረኽባ። ምስ ተበራበርኩ ድማ፤ ብናይ ክሲ ስምዒት ይሳቐ። ካብ'ዚ ብኽመይ ክገላገል ይኽእል?

መልሲ፦ ነዚ ሕቶ እዚ ኣስፍሕ ኣቢለ ክምልሶ መታን ቀዳማይ በቲ ስነ-ህይወታዊ(biological) ሽነኹ ንርኣዮ፡- ኣብ ሓደ ደረጃ ዕድመ ምስ በጻሕና ኣካላትና ዘመንጭዎም ነዝዕታት(hormones) ኣለዉ። ሓደ ካብኣቶም ድማ፤ ምስ ጾታዊ ኣካላትና ዝተሓሓዝ እዩ። ኣካላትና እዚ ዓይነት ነዝዒ ከፍሪ ምስ ጀመረ ድማ እዩ እዚ ዓይነት ተርእዮታት ዝኽሰት።

በቲ መንፈሳዊ ሽነኹ ድማ ንርኣዮ፡- ኣካላትና ነዚ ፈሳሲ እዚ ብተፈጥሮኡ ከፍርዮ ናይ ግድን እኳ ክነሱ፤ እቲ ለይተ ለይቲ ብሕልሚ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ምርኻብ ግን ንቡር ኣይኮነን። መንፈሳዊ ጠንቂ ድማ ኣለዎ። ቀትረ ቀትሪ ብኣእምሮኻ ኣብ ናይ ዝሙት ሓጢኣት እንተ ውዒልካ፤ ብለይቲ ናብ ከም'ዚ ዝበለ ሕማቕ ተመኩሮ ክትወድቕ ትግደድ። ስለ'ዚ ካብ'ዚ ነገር እዚ ንምንጋፍ፤ ጸሎትን ቃል-እግዚኣብሄር ምንባብን ኮታ መንፈሳዊ ህይወትካ ምህናጽ የድልየካ። ከምኡ'ውን ከም'ቲ ቃል-እግዚኣብሄር ዝብሎ፤ ካብ ብፍትወት ምንዳድ'ሲ ምምርዓው ይሓይሽ እሞ፤ መርዓ'ውን ነዚ ፈተና እዚ ከም መፍትሒ ይውሰድ እዩ። ወዮ ድኣ እቲ ዝሓተተ ሰብ ወዲ ተባዕታይ ኮይኑ ጸኒሑ እምበር፤ እዚ ምዕዶ እዚ ንደቂ ኣንስትዮ'ውን ይምልከት እዩ።

ሕቶ፦ ኣነ ወዲ 25 ዓመት እየ። ሓንቲ ጓል 35 ዓመት ሓፍቲ ድማ ኣፍቂረ። ንሳ'ውን ተፍቅረኒ እያ። ስለ'ዚስ መውሰቦ ዕድመ ይፈሊ እንተኾይኑ ክትሕብሩኒ።

መልሲ፦ መውሰቦ ዕድመ ኣይፈልን እዩ። ክትምርዓዋ ትኽእል ኢኻ። ወላ ሓንቲ ጸገም ዘምጽኣልካ ኣይመስለንን። ሰብ ግን ብዙሕ ክዛረብ ይኽእል እዩ። ሰባት ነቲ ጽቡቕ ዝኾነ ሓዳር እኳ ጣቋ የውጽእሉ እዮም። ብፍላይ ፈተውተኻ፤ **"ዓባይ እያ፧ ከመይ ገይርካ ትምርዓዋ?"** ክብሉኻ ይኽእሉ እዮም። በዚ ከም'ዚ ዓይነት ዘረባታት ብዙሕ ኣይትጨነቕ። ነተን ኣሓትና ስለ እነፍቅረን ድኣ እምበር ቀልዑ ክወልዳልና ኢልና ኣይኮንናን እንምርዓወን። ቀልዑ ተመጹ መርሓባ፡ እንተ ዘይመጹ'ውን መርሓባ። እቲ ዋና ነገር ኣብ መንነና ዘሎ ፍቕሪ እዩ። ስለ'ዚ ብድሆ የብሉን ክብለካ ኣይክእልን። ተፍቅራ ክሳዕ ዝኾንካ ግን ነቲ ብድሆታት ክትስዕሮ ትኽእል ኢኻ። ዘረባ ሰብ ኣይትስማዕ።

ሕቶ፦ ሓንቲ ዝፈትዋ ሓብቲ ኣላ፤ ጽቡቕ ምቕርራብ'ውን እዩ ዘሎና። ሓቢርና ሻሂ ንሰትይ ኢና። ግን ክትውሰን ኣይከኣለትን እሞ፤ እንታይ እንተ ገበርክዋ ይሕሸኒ?

መልሲ፦ ሽማግለታት ሒዝካላ ኪድ'ዶ ክብለካ? ቅድም ቀዳድም ክትፈልጦ ዘሎካ፤ ደቂ ኣንስትዮ ቀልጢፈን ሓራይ ኣይብላን እየን። ደቂ ኣንስትዮ ክህድና እየን ዝድልያ እሞ ተስፋ ኣይትቑረጽ።

ይቕጽል.....

ኣነቓቕሕቲ ትምህርቲ

ዮሴፍ እቲ ሓላሚ

ዮሴፍ ሓላሚ ምንባሩ ንፈልጥ ኢና፤ ዓሰርተ ሓደ እንዳእቲ ናብ'ቲ ናቱ መጺኤን ተደፊኤን ክሰግዳሉ። እዚ ማለት ዮሴፍ ናብ ክብሪ ክኣቱ ምኽኑ እዩ ዘርእየና። ሕልሙ እዚ እዩ ነይሩ። ኣሕዋቱ'ውን በዚ ምኽንያት እዮም ዝጸልእዎ። ሓደ ግዜ ናብ ኣሕዋቱ ምስ፤ እቲ ሓላሚ እንሆ ይመጽእ ኣሎ ብምባል ተዘራረቡ። እዚ ሓላሚ ግን ካባይን ካባኻትኩምን ኣዝዩ እዩ ዝፍለ። ሓደ ግዜ ዮሴፍ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ኢና ንረኽቦ። ኣብ ኩሉ ቦታ ጥሜት እናሃለወ፤ ዮሴፍ እዩ'ኮ ሬቅ ዝኸፈተ! ብኸመይ እዩ ዮሴፍ ነዚ ዝሓለሞ ሕልሚ ጋህዲ ከም ዝኸውን ዝገበሮ።

ዮሴፍ ኣርባዕተ ክዳውንቲ ብምልውዋዋጥ እዩ ሕልሙ ጋህዲ ከም ዝኸውን ዝገበሮ። ታሪኹ ከም ንዝክሮ ዮሴፍ ኣብ ህይወቱ ኣርባዕተ ክዳውንቲ ተኸዲኑ ኢና ንረኽቦ። እታ ቀዳመይቲ ኣቡኡ ዝኸደኖ ወለል ትብል ጽብቕቲ ቀሚሽ ክትከውን ከላ እታ ካልኣይቲ ድማ፤ እታ ኣሕዋቱ ደም ዝለኸይዋ እሞ ብደም ዝተዓሰለት ክዳን እያ። እታ ሳልሰይቲ ድማ፤ እታ ሰበይቲ ጐይትኡ ክትፍትኖ ከላ ዝደርበየላ እትድርበ ክዳን እያ። እዚ ፈራሒ እግዚኣብሄር ዮሴፍ፤ ካብ ሓጢኣት ብምህዳም ጀግነነ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ካብ ሓጢኣት ምህዳም፤ መንፈሳዊ ጅግንነት እዩ። ንኣምላኽ ስለ ዝፈርሐ ድማ፤ ን'ኹሉ'ቲ ዘፍርሕ ዝነበረ ኩነት ኣፍረሐ። ዮሴፍ በዚ ኹሉ መስገደል ሓሊፉ ኣብ መወዳእታ፤ ቀዳማይ ሚኒስተር ግብጺ ኮይኑ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ካልእ ራብዓይቲ ክዳን ይጠቕሰልና። ፈርኦን ድማ ቀለቤት ካብ ኢዱ ኣውጺኡ ናብ ኢድ ዮሴፍ ገበረሉ፤ ሻሽ'ውን ከደኖ ይብለና።

ሕልምና ጋህዲ ዝኾነሉ፤ በዘን ኣርባዕተ ክዳውንቲ ምስ እንሓልፍ እዩ። ብመገዲ መስቀል ምስ ሓለፍና ኢና ኣብ መውዳእታ ናብ ክብሪ እንበጽሕ። ስለ'ዚ መስቀል የልቦን ማለት፤ ክብሪ የለን ማለት እዩ። ሕልሚ ክንሓልም ንደሊ'ዶ? ናይ ክርስቶስን ማሕበሩን ሕልሚ ክንሓልም ንድሊ'ዶ? ነዛ ሕልሚ እዚኣ ከም ቀላል ጌርኩም ኣይትውሰድዋ። ህይወትኩም ምሉእ ክትሓተኩም እያ። ሕልሚ እሞ ኹሉ ሓደ ግዜ ጋህዲ ዝኸውን ሕልሚ ዋዛ ኣይኮነን። ንዮሴፍ ምሉእ ህይወቱ ናብ መስቀል ከም ዝኽተል ገይርዎ እዩ። ኣብ መወዳእታ ግና፤ ሕልሙ ክዉን ክኸውን ከሎ ኢና ንርኢ።

ኣብ'ታ ቀዳመይቲ ማሕበር ዝነበሩ ሃዋርያት፤ ብራእይ ንምድሪ ከም ዝበጽሕዋ ንርኢ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ ዮሩሳሌም ምድሪ ይሁዳ ራእይ ሒዙ ከም ዝነበረ። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ነህዛብ ማለት ንጽርኣውያን፡ ሶሪያውያን፡ ኣረባውያን፡ ክሳዕ ሮማውያን ዝኸውን ተልእኾ ወይ ራእይ ሒዙ ንምድሪ በዚ ቅዲ'ዚ ከም ዝበጽሕዋ ንምልከት።

ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ከም ዝኸይድ መጽሓፍ ቅዱስ መኺሩና ኣሎ። ስለ'ዚ ንዘሎና ጸጋታት በየናይ መሕለፍ ቅዲ ራእይ ሒዝና ኢና ኣብ'ዚ ምድሪ መኽሊትና ነሽርፎ ክንሓስብ መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ።

ንዮሴፍ ራእይኡ ብዙሕ ዋጋ'ዩ ኣኽፊልዎ። ብኣሕዋቱ ኣብ ጉድጓድ ክድርብ፡ ባርያ ንክኸውን ብገንዘብ ክሸየጥን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክእሰርን እንታይ'ሞ ዘይረኽበ? ዮሴፍ ግን በዓል ዓቢ ራእይ ስለ ዝነበረ፤ ካብ'ቲ ዘለዎ ሕልፍ ዝበለ ራእይ ስለ ዝረኣየ፤ ኣብ ባርነቱ ሓርነት፡ ኣብ ማእሰርቱ ምፍታሕ፡ ኣብ ምሻጡ ምሕረት ራኡ እዩ ሓሊፍዎ። ብዓል ራእይ ኣይዳፋእን እዩ። ብዓል ራእይ ኣይብኣስን እዩ።

ራእይ ኣሎኒ እናተባህለ ማሕበራት ዝገማምዑ ዘለዉ፤ ሰብ ራእይ'ሞኽ ኣብ ከተማና ሞዴል እዩ ኮይኑ ዘሎ። እሞ'ኽኣስ ህዝባ ዝወሓደ፡ መሬታ ንእስ ዝበለ ሃገር ሒዝካ፤ ኣነስ ኣብ ሓደ ከተማ ራእየይ እዩ እናተባህለ ዝግበር ዘሎ ምድፍፍኣት ፋሽን እናኾነ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ትሽዓተ ብሄራት ሒዝካ ክነስኻ፤ ኣብ ሓደ ብሄር እሞ ኽኣ ኣብ ከከተምኡ ዝግበር ዘሎ ምትእኽኻብኩም ድፍፍእ ክወልድ ናይ ግድን እዩ።

ዮሴፍ ብምኽንያት ራእይኡ እዩ ብኣሕዋቱ ኣብ ጉድጓድ ዝተደርበየ። ናይ ዘመንና ሓለምቲ ግና ምእንቲ ራእይኦም ንብዙሓት ኣሕዋቶም ኣብ ጐዳጉዲ እናደርበዩ ንዓለም ክሳዕ ንባርነት ዝልቀቑ ዘይግድሶም ዓመጸኛታት ከኣ'ሞ ብዙሓት እዮም። ራእይኦም ካብ'ቲ ረኣዩ ከም ዘይተቐበልዎ ፍሬኦም ምስከር እዩ። ብዓል ራእይ ይኸይድ እሞ፤ ፍሬኡ ድማ ነባሪ እዩ ኮይኑ ዝነብር እሞ፤ ካብ ምድፍፋእ'ሲ ንተሓለ።

ራእይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ራእይና ሕልምና እዩ። ግና'ኸ ብዙሓት፤ ሓለምቲ ጥራይ እዮም ዘለዉ። ሕልሞም ድማ፤ ጋህዲ ዘይከውን። ሕልሚ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። ግና'ኸ ንሱ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ራእይና ብመንገዲ መስቀልን ብተነባቢ ጽድቂን ዝመልኣ ህይወት ኣመስኪርና ጥራይ ኢና ክንጭብጦ እንኽእል።

<u>ዮሴፍ ንእስራኤል ወዲ እርግናኡ ነበረ</u>

ዮሴፍ ኣብ እርግና ኣቡኡ ያዕቆብ ስለ ዝርከብ፤ መተኣርግቲ ኣቡኡ እዩ ነይሩ። ልቢ ኣቡኡ ያዕቆብ ይፈልጥ ብምንባሩ ድማ፤ ካብ ኣሕዋቱ ብሉጽ ከብሎ ይኽእል። ኣሕዋት ዮሴፍ ነቦኦም ያዕቆብ ብዘመን ንእስነቱ ስለ ዝፈልጥዎ፤ ኣብ እርጋን ኣቦኦም ግዲ ኣይነበሮምን። ዝኣረገ ኣቦ ግን ብሉጽ ሓሳብ እዩ ዘለዎ። ሃብቱን ታሪኹን ውርሻ ስለ ዝገድፍ፤ ሰብኣይ ንምኻን ንዝተዓለሙ ደቂ እዩ ከውርሶም ዝደሊ።

ንሕና ኣብ'ዚ መወዳእታ ዘመን ዘርከብና ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን፤ ንእግዚኣብሄር ደቂ እርግናኡ ኢና። እዚ ማለት፤ ኣብ'ታ ትኣርግ ዘላ ዓለም ዘሎና ስለ ዝኾንና፤ ብናይ ዮሴፍ መንፈስ ነዚ ዘመን ክንከስቦ ስለ ዝግበኣና እዩ። ኣብ'ዚ ናይ መወዳእታ ዘመን ማእለያ ዘይብሉ ጸጋታት ንማህበር ኣምላኽ ክትወርሶ ስለ ዝተባህላ፤ ብሃዋርያዊ ቅብኣት ነዚ ዘመን እነገልግሎ ውሉዱ ኢና።

መጽሓፍ ቅዱስና ነዚ ዘመን ብምምልካት ከም'ዚ ጽሒፉልና'ሎ።

"ከም'ቲ ብእኡ ዝመደቦ ሰምረቱ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናእፍከጥና፥ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኪዋኽሐ'ሲ፥ ብኹሉ ጥበብን ብኹሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣሙሓዞ። ንሕና ቀደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንሙዳዩ ክብሩ ምእንቲ ክንከውን፥ ንሕና በቲ ኹሉ ከም'ቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓባቡ ዚግበር ቀደም እተመደብና ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኺብናዮ።" ኤፌ.1፥10-12

ስለ'ዚ እግዚኣብሄር እቲ ብሉጽ መንፈሱ፡ እቲ ጽቡቕ ወይንኡ ክሳዕ ሕጂ ንዓና ዓቕሩም ዘሎ። ኣብ ሃዋርያ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ ዘይተራእየ ምግዛእ፤ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ክግለጽን ክርእን ብግዲ እዩ። እቲ ንዓለም ብሓይሊ ዘናውጽ ወንጌል፤ በዚ ዘመን እዚ ኣብ'ዚ ሓድሽ ወለዶ እግዚኣብሄር ነቶም መተኣርግቱ ክለቀሎም እዩ እሞ፤ ድሉዋት ንኹን። **ይቕጽል.....**

ህያው ኣገልግሎት

"ንስኺትኩም፡ ሙን፥ ከም ህያዋን ኣእማን ኳንኩም ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መስዋእቲ ኺተቅርቡ ንቅዱስ ክህነት ዚኾኩን መንፈሳዊ ቤት ተሃነጹ።"
1ጴጥ2፥5

ኣምላኽ ኣብ ቅድሚኡ እነቕርቦ ኣገልግሎት ኩሉ ህያው ክኸውን እዩ ዝደሊ። እቲ እነቕርቦ ኣገልግሎት ህያው ክኸውን ከኣ ንሕና ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ ቅዱስ ክንምላእ ኣሎና። መንፈስ ቅዱስ ድማ፤ ነቲ መዋቲ ስጋና ህይወት ኣልቢሱ ህያው ዝኾነ ኣገልግሎት ከነቕርብ የብቕዓና።

ነዚ ጽቡቕ ገይሮም ዝተረድኡ ሃዋርያት ኩሉ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ እናተመልኡ የገልግሉ ነይሮም። ብፍላይ ሓደ ግዜ ብኣህዛብ ከቢድ ተጻብኦ ምስ ኣጋጠሞም ብሓደ ተኣኪቦም **"ሕጂ ድማ ጐይታይ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፤ ብስም እቲ ቅዱስ ወድኻ የሱስ፤ ምሕዋይ ሕመማትን ትእምርትን ተኣምራትን ኺኸውን ኢድካ ዘርግሕ፡ ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቃልካ ኺዛረቡ ሃቦም።** ምስ ለመኑ ኽኣ፤ እታ ተኣኪቦምላ ዘለዉ ስፍራ ተናወጸት፤ **ኩላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ቃል-ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ።"** ግ.ሃ4፤30-31 ይብለና። እዚ ዘርእየካ፤ ንሳቶም ኩልንትንኡም ብመንፈስ ቅዱስ ይምርሑ ከም ዝነበሩ እዩ። በዚ መሰረት ድማ፤ ህያው ዝኾነ ኣገልግሎት የገልግሉ ነይሮም።

ሎሚ ድማ ንሕና፤ ህያው ዝኾነ ኣገልግሎት ከነገልግል ልብና ንመንፈስ ቅዱስ ከነግዝኡ ኣሎና። ቅድም ንዓና ምስ መልኣና ብኣና ናብ ካልኦት ህያው ኣገልግሎት እዩ ዚውሕዝ። እዚ ማለትኻ፤ መንፈስ ቅዱስ ንዓና ከም ሻንብቆ መተሓላለፊ ተጠቂሙ ባዕሉ ዘገልግል ከም ዝኾነ መደቡ ኣይንረስዕ። ብዘይ ብኣና ማለትኻ፤ ፍቓድና ከየግዛእናዮ ግና ኣይሰርሕን እዩ።

ንኣብነት ልቢ ደም እትጭንጉዕ ኣካል ወዲ ሰብ እያ። እቲ ደም ካብኡ ተበጊሱ ናብ ኩሉ ክፍሊ ኣካላት ፋሕ ይብል እሞ፤ እንደገና ድማ ናብ ልቢ ይምለስ። ኣብ ኣካላትና ደም ዘይበጽሖ ኣካል ፍጹም የለን። ህይወት ኣካላት ሰብ ኣብ'ቲ ደም እዩ ዘሎ። ኣገልግሎት እቲ ደም ዘይበጽሖ እንተ ሃልዩ ግና፤ ንቑጽ ወይ ልሙስ እዩ ዝኸውን። እቲ ደም ዝሓለፎ ግና፤ ጥዑይ ስለ ዝኾነ ክንቀሳቐስ ከሎ ይርኣ።

- እታ ደም እትጭንጉዕ ልቢ፤ ብጐይታ የሱስ ንመስላ።
- እቲ ደም ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ ንመስሎ።

ከም'ቲ ሓደ ኣካል ሰብ ደም እንተ ዘይብሉ ደረቕ(ልሙስ) ዝኸውንን ክንቀሳቐስ ዘይክእልን፤ ክርስትያን ድማ ምንም እኳ ኣካል ክርስቶስ ይኹን እምበር፤ እቲ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ ብስም የሱስ ዝተላእከ መንፈስ ቅዱስ ነንመዓልቲ እንተ ዘይተመልኡ፤ እቲ ዘቕርቦ ኣገልግሎት ደረቕ(ልሙስ) እዩ ዝኸውን።

ስለ'ዚ ደም ዘለዎ ኣካል ጥዕና ከም ዘለዎ፤ ነንመዓልቲ መንፈስ ቅዱስ ዚምላእ ኣገልጋሊ ኽኣ ጥዕና ዝመልኡ መንፈሳዊ ህይወት ኣለዎ **"ህይወት ብመንፈስ እንተ ኣልያትናስ፤ ብመንፈስ ከኣ ንመላለስ"** ገላ5፤28። ህይወት ብመንፈስ ዘላቶ ጥራይ እዩ ኣገልግሎት መንፈስ ዘገልግል። ነዚ ከረድእ ኢሉ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፤ **"... ብናይ መንፈስ እምበር፤ ብናይ ፍዲል ዘይኮነ ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን ክንከውን ከኣልቲ ገበረና"** 2ቆሪ3፤6 ዝበለ።

እምበኣር ንሕና ድማ፤ ህያው ዝኾነ ኣገልግሎት ክህልወና ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ ቅዱስ ንመላእ። ሽው ጥዕና ዝመልኡ መንፈሳዊ ህይወት ከነቕርብ ኢና።

"እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፥ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ገርኩም ከተቕርብም፥ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣሎኹ፥ እዚ ሚኪት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።" ሮሜ12፥1

** ** **

ህይወተይ ክርስቶስ እዩ!!!

ኣብ ክርስትና ኪንካ ህይወት ከተስተማቕር፤ ንክርስቶስ ከተቕድሞን ከተማእኽሎን ከለኻ እዩ። እንተ ድኣ ህይወትካ ኩሉ ንክርስቶስ ኣግዚእካዮ፤ ኣብ'ዛ ምድሪ ሚእቲ ካዕበት ኣብ'ታ እትመጽእ ሰማያዊት ሃገር ድማ፤ ዘይጽምሉ ኣኽሊል ህይወት ኢኻ እትውንን።

ነዚ ኣመልኪቱ ሃዋርያ ጳውሎስ፤ **"ንዓይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ"** ፊሊ1፤20 ብምባል ተዛሪቡ። እዚ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ ማለቱ፤ 'ኣብ'ዚ ምድሪ ዘለኹሉ ክርስቶስ እዩ መራሕየይ፡ ንጉሰይ፡ መንበርየይ፡ ጓሳየይ ምናልባት ኣብ'ዛ ምድሪ እንተ ዘየለኹ ድማ፤ ዝሓይሸ ዓይኒ ዘይረኣየቶ፡ እዝኒ ዘይሰምዓቶ፡ ኣብ ልቢ ሰብ ዘይተሓስበ ስለ ዘሎኒ ብኹሉ ሕጉስ እየ' እዩ ዝብል ዘሎ።

ንሕና ኣብ'ዚ ዘመን ዘሎና ኣገልገልቲ ኽኣ፤ ህይወትና መን እዩ ዘመሓድራ ዘሎ? ርግጸኛ እዩ ኩሉኹም **"ህይወተይ ክርስቶስ እዩ"** ከም ትብሉ። ግና'ኸ ንህይወትና ጽቡቕ ገይርና ንመርምር እሞ፤ ህይወትና ብክርስቶስ ዘይኮነ ብካልእ ተጸልያ ክንረኽባ ተኽእሎ ኣሎ።

ነዚ ጽቡቕ ኣብነት ዝኸነና ሓደ ሓው ዝገበሮ ክነግረኩም?

ንሱ ኩሉ ግዜ ካብ ገላ2፤20 ተበጊሱ ኣባይ ክርስቶስ እዩ ዝነብር ዘሎ እናበለ እዩ ዝዛረብ ነይሩ። ሓደ እዋን ድማ እቲ ዝፈትዎ ዓርኩ ናብ ፕሮግራም(መደብ) ብሓንሳብ ክኸዱ ንገዝኡ መጸ። ሰዓት ናይ ናይ ፕሮግራም(መደብ) ስለ ዝኣኽለ ድማ፤ ንዓናይ በል ደንጉና ኢና ዘሎና ምስ በሎ፤ **"ሓራይ ግና፤ እዛ ፊልም ክትውድእ ቀሪባ እያ እሞ ንእሽተይ ተጸበየኒ"** በሎ። እዚ ዝሰምዐ ዓርኩ ድማ፤ ኣትሪሩ **"ኣባኻ መን ድዩ ዝነብር ዘሎ?"** በሎ። ንሱ ድማ፤ **"ክርስቶስ"** ብምባል ደፊሩ ተዛረቦ። እቲ ዓርኩ ድማ እናተገረመ፤ **"እሞ ክርስቶስ ደኣ ፊልም ይርኢ ድዩ?"** በሎ። ሽዓ ልቡ ስለ ዝተረትዐ ነታ ፊልም ኣጥፊኡ ናብ ፕሮግራም(መደብ) ከደ።

ካብ'ዚ ክብሎ ዝደለኽ፤ **"<u>ሎሚ ንሕና ንፍቓድ ርእስና ከይሞትና፤ ህይወት ክርስቶስ ኣብ ህይወትና ከነስተማቕሮ ከም ዘይንኽእል እዩ</u>።"** ስለ'ዚ ሎሚ ነቲ ሰሊኹ ኣትዩ ዘሎ ሕርሚ(ጐይታ ዘይከብረሉ) ኩሉ ካባና ኣርሒቕና ነቲ ጀማሪ እምነትናን ደምዳሚኣን ዝኾነ ጐይታና የሱስ እናጠመትና፤ ኩሉ ህይወትና ንክርስቶስ ነግዝኣዮ። ሽው እቲ ኣምላኻዊ ህይወት ኩልንትናና ክገዝኡ እዩ። **ክብሪ ንስሙ ይኹን። ኣሜን!!!**

ቃለ-መሕትት



ንህዝቢ ኤርትራ ብጣዕሚ እየ ዝፈትዎ!!!
ዘማሪ - ይድነካቸው ተካ



ኤሊም፦ ብቐዳምነት ምሉእ ስምካን ኣበይ ከም ዝተወለድካን ሓብረና።

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ስመይ፤ ይድነካቸው ተካ መሓመድ ይበሃል፤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊደ እየ ኸኣ ዓብየ።

ኤሊም፦ ጐይታ መዓስ ተቐቢልካ? መንኪ መስኪሩልካ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ ካብ ክርስትያናት ቤተሰብ እየ ተወሊደ። ቅድም ወለደይ ናይ ምስልምና እምነት ተኸተልቲ እዮም ነይሮም። ብድሕሪ'ዚ፤ ኣቦይ ጐይታ ምስ ተቐበለ፤ ብእኡ ኣቢሉ ናተይ ስም ቀይርዎ። ናተይ ስም፤ ሙስመሃዲን እዩ ነይሩ ናብ ይድነካቸው ተቐይሩ ማለት እዩ። ብኸም'ዚ ብወለደይ ኣቢለ ድማ ናብ ጐይታ መጺአ።

ኤሊም፦ ወለድኻ ካብ ምስልምና ብኽመይ ናብ ጐይታ መጺኦም?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣቦይ ኣብ መርዓ እዩ ጐይታ ተቐቢሉ ኣብ ቀጽሪ ናይ ገዛና ኣብ ጎረቤትና መርዓ ነይሩ። እቶም መርዓ ዝገብሩ ዝነበሩ ድማ፤ ኣመንቲ እዮም ነይሮም። ኣቦይ ድማ በቲ ናቶም ስርዓትን ድስፕሊንን ኣዝዩ ስለ ዝተማረኸ፤ ብእኡ ኣቢሉ ብድሕሪ መርዓ ባዕሉ ናብ ቤተ-ክርስትያን ብምኻድ ጐይታ ተቐቢሉ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፤ ብድሕሪ እዚ እዩ ይድነካቸው ኢሉ ቀይርዎ። ኣደይ ኣብ መጀምርታ፤ ክትቅበል ኣይክኣለትን። ንኽልተ ዓመት ዝኸውን ንኣቦይ ብጣዕሚ እያ ምቕባል ኣብያቶ። ኣቦይ ድማ፤ ከይተሓለለ ብዙሕ የተባብዓን የረድኣን ነይሩ። ንሳ እትበልያ መግቢ፤ ናይ ምስልምና በይነይ እየ ዝበልዕ ትብሎ። ንሱ ድማ፤ ምስእ እናበልዐ ብዘይ ተስፋ ምቁራጽ ይጸራ ነይሩ። ኣቦይ ብዙሕ ወልፍታት ዝነበሮ ሰብ እዩ ነይሩ። ንኹሉ ወልፍታቱ ድማ፤ ድሕሪ ጐይታ ምቕባሉ ደው ስለ ዘበሎ፤ ነዚ ከተስተውዕለሉ ስለ ዝጀመረት እግዚኣብሄር ኣብ ህይወቱ ዘምጽኦ ለውጢ ርእያ በዚ ኣቢላ ድማ፤ ጐይታ ተቐቢላ ማለት እዩ። ነቲ ብድሕሪይ ዝተወልደ ሓወይ ድማ የሱስ ስሂሩ ኢሎም ኣሸናፊ ዝብል ስም ኣውጺኦምሉ። ስም ናይ ኣደይ ሮውዳ ከደር ይበሃል።

ኤሊም፦ ናይ'ዚ ክልተ ፍሉይነት ማለትኻ፤ ኣብ ክርስትና እንተ ዘይህሉ ከመይ ምነበርኩ ትብል?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብዘይ ጐይታ ህይወት ምሕሳብ ከቢድ እዩ። ብዘይ ጐይታ ዝንበር ህይወት ከነጻጽር እንከለኹ፤ ብዘይ ብእኡ ሓቂ ከም ዘየለ ስለ ዝኣመንኩ እዚ ድማ ሓቀኛ ዝለመድክዎ የሱስ ስለ ዝኾነ፤ ንኻልእ ስለ ዘይጠዓምኩ ምስ ነፍሰይን ስጋይን መንፈሰይን ዝተወሃደ የሱስ ስለ ዝኾነ ምስ ካልእ ዓለም ከነጻጽሮ ይኽብደኒ።

ኤሊም፦ ኣገልግሎት መዝሙር መዓስ ጀሚርካ።

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣገልግሎት፤ ብንእስነተይ እንከለኹ እየ ጀሚረ። ኣብ ትምህርቲ ሰንበት ናይ ቤተ-ክርስትያን ስለ ዝዓበኹ፤ ኣብኡ ድማ፤ ኣብ ናይ ትምህርቲ ሰንበት መዘምራን ኮይነ እየ ዓብየ። እግዚኣብሄር ድማ፤ ኣብኡ ኣዕብዩኒ። ኣቦይ ድማ፤ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ የተባብዓኒ፡ ይከታተለኒ፡ ይምህረኒ ስለ ዝነበረ፤ በዚ ኣቢለ እየ ኣገልግሎት ጀሚረ።

ኤሊም፦ ብስፍሓት ከተገልግል ዝጀመርካሉ ግዜ'ኸ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብስፍሓት ከገልግል ዝጀመርኩሉ፤ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናተዓደምኩ ከገልግል ጀሚረ። ካብ ኢትዮጵያ ወጻኢ ከገልግል ዝጀመርኩሉ ግና፤ ኣብ'ዚ ሰለስተ ዓመት እዩ። ከም መራሒ ኣምልኾ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ማለትኻ፤ ቤተ-ክርስትያናት እናተዓደምኩ ከገልግል ስለ ዝጀመርኩ፤ ምስ ብዙሓት ሰባት ክላለ ጀሚረ። በዚ ድማ፤ ጐይታ ሞኻስ ሂቡኒ ከም'ቲ ዝበልክዎ ክዕደም ጀሚረ። ብድሕሪ'ዛ ቸኮለብኻ ልቤ እትብል ቀዳመይቲ ኣልቡም ምውጽኣይ ድማ፤ ብሰፊሕ ከገልግል ጀሚረ።

ኤሊም፦ ቅድሚ ብሶሎ ምዝማርካ ከም መራሒ ኣምልኾ ኢኻ ተገልግል ነይርካ ማለት እዩ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ እወ ኣብ'ታ ዝነበርክዋ ቤተ-ክርስትያን፤ ብኣምልኾ ምምራሕ የገልግል ነይረ፤ ተዓዲመ'ውን የገልግል ነይረ። ኣብ'ዚ ግና ናተይ መዝሙር ክዝምር ድፍረት ኣይነበረንን ብጣዕሚ ይፈርሕ ስለ ዝነበርኩ። ነገር ግን፤ ኣብ ንኣሽቱ ሕብርታት ብግሊ ክዝምር ስለ ዝጀመርኩ ሰባት ድማ፤ ክፈትውዎ ጀሚሮም ብድሕሪ እዚ እናደፈርኩ(እናተባዕኹ) መጺአ። ስለ'ዚ ቅድሚ ብሶሎ ኣምልኾ እየ ዝመርሕ ነይረ።

ኤሊም፦ መዝሙር መዓስ ክትሰርሕ ጀሚርካ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ መዝሙር ብንእስነተይ እየ ክሰርሕ ጀሚረ። እዚ ድማ፤ ኣብ ናይ ትምህርቲ ሰንበት እናተመሃርኩ መዘምራን እንከለኹ፤ ክሰርሕ ጀሚረ። ኣቦይ ድማ ቃል-ኣምላኽ ይምህረኒ ስለ ዝነበረ ብእኡ ድማ ይዝምር ነይረ።

ኤሊም፦ ካብዞም ዓበይቲ ዘመርቲ ዝነበሩ ሞዴል ይኾኑኒ እትብሎም ሰብ'ኸ ነይሮም'ዶ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ናይ ቀደም መዝሙር ይሰምዕ እየ። ካብ ኩሎም ድማ ይጠቕመኒ እዩ ኢለ ዝወስዶ ብዙሕ ነገር ኣሎኒ። ናይ ቀደም ዘመርቲ ንዓና ኣቦታትና እዮም። ሕጂ ዘለኽዎ ደረጃ ሞዴለይ እዮም ዘብለኒ ደረጃ ኣይኮንኩን ዘለኽ። እዚ ማለትኻ፤ ሞዴለይ ክብል እንተ ኾይነ ካብ'ዚ ንላዕሊ ክሰርሕ ኣሎኒ እየ ዝብል። ብጣዕሚ እነኽብሮምን እንፈትዎምን ኣሕዋትና እዮም። ካብኣቶም ብዙሕ ተማሂረ ኣለኽ። ኣብ ናይ ኣምልኾ ምምራሕ ግና፤ ንዓይ ዓቢ ተጽዕኖ ዝገበረትለይ ሊሊ ብጣዕሚ ንዓይ እትገርመኒ ዘማሪት እያ። ኣባይ ድማ ዓቢ ተጽዕኖ ኣምጺኣትለይ ኣላ።

ኤሊም፦ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን (Internet) ከም ዝረኣናዮ፤ ኣብ ዱባይ ብሓደ ኣገልጊልኩም ነይርኩም። እሞ፤ ከመይ ተሰሚዑካ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣብ ኣቡዳቢ ኢና ተዓዲምና ነይርና። ኣነን ሊሊን ዳዊት ጌታቸውን ኢና ተዓዲምና ነይርና። ኣብ'ቲ ፕሮግራም ናይ ክልተ ሰሙን እዩ ነይሩ። ኣነ ኣቐዲመ ስለ ዝኣተኹ፤ ኣቐዲመ ኣገልጊለ። ሊሊ ድሒራ ስለ ዝመጸት፤ ኣብ'ታ ዳሕረወይቲ ሰሙን ኣገልጊለ ናብ ዓዲ ጣልያን ከይደ። ኣብ'ዚ ድማ ክንራኸብ ኣይከኣልናን ተሰሓሒትና።

ኤሊም፦ ኣቐዲምካ እተድንቓን እትፈትዋን ዝነበርካ ዘማሪት፤ ሕጂ ምስኣ ኼንካ ከተገልግል እንታይ ተሰሚዑካ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ እዚ ናይ እግዚኣብሄር ምሕረት ብሓቂ ምሕረት ኣምላኽ እዩ። ምስ ሊሊ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ሕጂ ኣነ ምስ ዘይገመትክዎም ሰባት ማለተይ፤ ቅድመይ ንዝነበሩ ሰባት ምስኦም ከገልግል እንከለኹ፤ ንገዛእ ርእሰይ ኣዝየ ይግረምኒ፤ ብሓቂ ኣነ ድየ ኢለ ይድነካቸው ንስኻ እኮ ኢኻ ምስ እከለ ከተገልግል ኢለ ንገዛእ ርእሰይ ይዛረባ። እዚ ዝገበረ ድማ፤ ጐይታ እግዚኣብሄር ባዕሉ እዩ። እግዚኣብሄር እዩ ንነገራተይ ባዕሉ ክፈጥሩ ገይርዎም። እምበር፤ ብፍጹም ዘገርም እዩ። ናተይ ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ እንተ ድኣ ኣጽኒዕካዮ ከም'ዚ ዓይነት ሰብ ኣይነበርኩን ምስ ሊሊ ከገልግል ድማ፤ ብጣዕሚ ተገሪመ ምስ ሊሊ ክዝምር ከገልግል ድየ ኢለ ኣዝየ ተደኒቐ።

ኤሊም፦ መዝሙር ኣብ ከመይ ዓይነት ኩነታት እንከሎኻ ኢኻ ትቕበል። ልምምዳትካ ከመይ እዩ? ማለት መዝሙር ክትሰርሕ ከሎኻ ዘሎካ ተመኩሮ።

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ መዝሙር ዝቕበሎ፤ ኣብ ውሽጠይ ንሓደ ነገር የስተንትኖን የኮማስያን እሞ፤ ዝኾነ ቃል ኣብ ልበይ ምስ መጸ፤ ብእኡ ምስ ሓሰብኩ፤ ኣስተንቲነ ጸልየ <u>ሽዑ ኣይኮንኩን መዝሙር ዝሰርሖ ክብል ኣይክእልን እየ</u>። ባዕሉ እዩ መዝሙር ዝኾውን። ኣብ ዝኾነ ሰዓት ኣነ መዝሙር ክሰርሕ እየ ኢለ ኮፍ ኢለ ኣይፈልጥን እየ። ኣብ ጸሎት ዝኾንኩሉ ግዜ ድማ፤ መዝሙር ይኸውን ኣብ ኣገልግሎት ድማ፤ ስኻ ኢለ እናዘመርኩ መዝሙር ተቕቢለ ኣለኹ ንኣብነት ኣብ'ዚ እናገልገልኩ፤ መዝሙር ተዋሂበ(ዝመጸለይ) ተቕቢለ ዘሚረ ኣለኹ።

ኤሊም፦ ብዙሕ ግዜ ልምምድካ ኣብ ጸሎትን ቃል-ኣምላኽ እናንበብካን ማለት ድዩ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ወይ ኣብ ጸሎት ወይ ኣብ ቃል-ኣምላኽ እናስተንተንኩ ኣብ መገዲ'ውን እናኸድኩ እንከለኹ መዝሙር ይኸውን።

ኤሊም፦ ኣብ ቃል-ኣምላኽ ኣብ ቆሎሴ እናደረስኩምሉ ዝብል ኣሎ ምስ እዚ ናትካ ልምምድ ምስ ድርሰትካ እንታይ ሓሳብ ኣሎካ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ዝኾነ ሓሳብ እኮ ይመጸኒ እዩ ስኻ ኢለ እየ ዝጽሕፎ ወይ ኣብ ኣይፖድ ይሕዞ። ድሓር ኣብ ዝጥዕም ወይ ኣብ ዝመጸለይ ግዜ ይሰርሖ እየ። ነገር ግን፤ ኮነ ኢለ መዝሙር ክሰርሕ እየ ኢለ መዝሙር ክሰርሕ ኣይክእልን እየ። ኣብ ቤተ-ክርስትያን ስብከት እናሰማዕኩ ማለት ቃል-ኣምላኽ እናሰማዕኩ ይመጸኒ እዩ። ነገር ግን ስኻ ኢለ እየ ዘቕምጠ፤ ድሓር ግን፤ ኣብ ግዚኡ ድማ ይሰርሖ። እዚ ናተይ ልምዲ እዩ። ንኹሉ ድማ፤ ነናቱ ምልምማድ ኣለዎ።

ኤሊም፦ ካብ ዜማን ግጥምን ቀዲሙ ዝመጸልካ ኣየናይ እዩ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣቕዲሙ ዝመጸኒ እቲ ሓሳብ እዩ ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ እቲ ዜማ ይመጸኒ እዩ።ዜማ ክመጸኒ እንከሎ ነቲ ሒዞ ዝጸንሓኹ ሓሳብ ኣቡኡ የእትዎ ማለት እዩ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ግጥምን ዜማን ይመጸኒ እዩ።

ኤሊም፦ ንስኻ ከም ዘማሪ መዝሙር ሳንሱር ምግባር ትኣምን ዶ ወይስ ከም ዘለዎ ምዝማር ኢኻ እትኣምን?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣብ መዝሙር ሳንሱር ምግብር ብጣዕሚ እየ ዝኣምን ምኽንያቱ መንፈሳዊ ነገር እትለማመደሉ ሓደ ሜድያ ኣርት እዩ፥ ኣርት ማለት እርማት እዩ። ኣርት ማለት ኤዲት ምግባር ማለት እዩ ስለዚ ብግዲ ክግበር ኣለዎ።ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ኣእምሮ ሂቡና ኣሎ ፥ ዘይኮነ ሓሳብ ምስ እተቕምጥ ምስ እትጽሕፍ ዘይከውን ቓል ከተኣቱ ትኽእል ኢኻ ስለዚ ክትርእዮ ጽቡቕ እዩ። መጀምርታ ክንሓስቦን ክንፈልጠን ዘሎና ናትና መለክዒ ቃላትና ቃል ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ነቲ እትሰርሖ ከም ቃል ኣምላኽ መሰረት ዓቕሚ ናይ ስነ-ጽሑፍና ጽቡቕ ጌርና ክንርእዮ ኽንክእል ኣሎና።

ኤሊም፦ ንናትካ መዝሙር ባዕልኻ ዲኻ እትእርሞ ወይ ንሰባት ሳንሱር ክገብሩልካ ትህቦም?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ባዕለይ ተመሊሰ ጽቡቕ ገይረ ይርእዮ እየ እንደገና ድማ ንሰባት ዉን ሳንሱር ክገብሩለይ ይህቦም እየ።

ኤሊም፦ ናይ ሓባር ስራሕ ትኣምነሉ ኢኻ ማለት እዩ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ እየ ዝኣምነሉ፤ እቲ ኣብ ሓወይ ዘሎ ኣባይ ከይሀሉ ይኽእል እዩ እቲ ኣባይ ዘሎ ድማ ኣብ ሓወይ ከይረኽቦ ይኽእል እየ በዚ ድማ ሓደ ጽቡቕ ነገር ክወጽእ ይኽእል። ኣብ ወጻኢ ሃገር ከምዚ እናተለምደ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ንኣብነት ዜማ ዝኽእል ሰብ ንሓደ ግጥሚ ዝኽእል ይሰርሓሉ ይዝምሮ ድማ እዚ ናይ ሕብረት ዉጺኢት እዩ።

ኤሊም፦ ሓደ ጽቡቅ ወይ ጥዑም ድምጺ ዘለዎ ሰብ ኣብ መዝሙር ምስራሕ ግና ግጥሚ ኮነ ዜማ ሰሪሑ ዘይክእል ሰብ ክንህቦ ንኽእል'ዶ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣብዚ ክንሓስቦ ዘሎና ነገር ኣሎ ንሱ ድማ ብዛዕባ ቅብኣት እዩ።ኣብቲ ቅብኣት ዝፈስስ ዝምንጩ ነገር ኣሎ፥ ድምጺ ጥራሕ ስለ ዘሎካ ስኻ ኢልካ ካብ መሬት ተላዒልካ ክትዝምር ኣይክኣልን እዩ። ምኽንያቱ መዝሙር ንህዝቢ ኣምላኽ እነዘናግዓሉ መደብ ኣይኮነን፤ ብድምጺ ጥራሕ እንተኾይኑ ንስምዒቶም ኢኻ ክትረኽቦ ትኽእል እምበር ንመንፈሶም ክትረኽቦ ኣይትክእልን ኢኻ፥ ብድምጺ እንተኾይኑ ንሰባት ንግዚኡ ኢኻ ተዘምሮም ዘሎኻ፥ ስለዚ ባዕልኻ ካብ ዉሽጥኻ ዝመንጨወ ክትሰርሕ ከትክእል ኣሎካ።

ኤሊም፦ መዝሙር ዉህበት ደዩ ወይስ ክስራሕ ኣለዎ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ ዉህበት ኢለ እየ ዝኣምን ምኽንያቱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ዉህበታት ተጠቂሱ ኣሎ፥ ናይ ምምሕዳር ድዩ ካልእ ዉህበታት ኣሎ ኣቡኡ ደማ ካልእ ዝተፈላለየ ይብል ስለዚ እዚ መዝሙር ድማ ካልእ ዉህበት ክኸውን ይኽእል እዩ፥ ምኽንያቱ ሓደ እንተዝኸውን ኩሉ ሰብ ክዝምር ነይርዎ፥ ጳዉሎስ ሓደ መዝሙር ኣለዎ'ዶ ይዘምር ዝበሎ ብዛዕባ ዉህበት ኣይኮነን ኣቡኡ ተዛሪቡ፥ እዚ ኣብታ ማሕበር ዘለዎ ሰብ እንተሎ ንምህናጽ ግበርዎ እዩ ዝብል ዘሎ።

ኤሊም፦ ከም ዘማራይ መዝሙር ተቀቢልካ ትፈልጥ'ዶ እዚኣ ዘምራ ኢሎም ሂቦም'ኻ የፈልጡ'ዶ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ተቕቢለ ኣይፈለጥን እየ፥ ነገር ግን ዜማ ምስ ሰባት ኮይነ ይሰርሖ እየ፥ ምስ መዚቀኛታት ኮይነ ይሰርሕ እየ፥ ኣብዚኣ ከምዚ ግበራ እናበሉ ሓሳባት ይሀቡኒ እዮም፥ ነቲ ዝሃቡኒ ድማ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዝኾነ ስራሕ ይሰርሕ ካልእ ግን ዝኾነ ይኹን ተቕቢለ ኣይፈለጥን እየ። እንካ ኣንተደኣ ኢሎሙኒ ግና ይቕበሎም ይዝምሮም ድማ ነቲ ዝዝምሮ ግና ይርእዮ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ርእየ ነቲ ዜማ'ውን ርእየ ይዝምሮ።

ኤሊም፦ ርእይቶ ንዝህቡኻ ሰባት ትቕበል'ዶ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ እምበር ከማይ ገይሩ ሰባት ንዝህቡኒ ርእይቶ ዝሰምዕ የሎን ክትዝምር እንከሎኻ ከም'ዚ ገይርካ ንዝብለኒ ሰብ ይሰምየ እየ። ምኽንያቱ እቲ እርማት እዩ ጽባሕ ንግሆ ዘዕብየካ። ነገር ግን እቲ ዝህቡኻ እርማት ንምህናጽ ክኸውን ኣለዎ። ሓደ ሓደ ሰባት ስቕ ኢሎም ንምህናጽ ዘይኮነስ ንምፍራስ ዝህቡኻ ኣለዉ ስቕ ኢሎም ኢልና ንመበለ ከም'ዚ ክኸውን የብሉን። እቲ እርማት ዝህበኒ ድማ ናተይ ብርታዔ እንኮላይ እንተዝነግረኒ ደስ ይብለኒ።ኣብ'ዚ ጽቡቕ ኣሎኻ ኣብዚ ግና ከምዚ ግበር ክብለኒ ክኽእል ኣለዎ።

ኤሊም፦ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ መንፈሳዊ መጺሂታት ብዛዕባ ዘመርቲ ብዙሕ ነቐፌታ ይጽሓፉ እየን ብዛዕባ እዚ እንታይ ትብል?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ምስተን ናይ ዓደይ መጽሂታት ከይተባእሱኒ እወ ልክዕ እዩ ይጽሕፉ እየን ነገር ግን ጌጋ እየ ዝብሎ ኣነ እዚ ጌጋ የብልናን ማለት ኣይኮነን ነገር ግን በደል ወይ ጌጋ ክግበር እንከሎ ኣብ ክንዲ ንቤተ ክርስትያን ወይ ንፖስቶር ነጊርካ ብእኡ ኣቢሉ ድማ መቕጻዕቱ ዝወስድ፥ ብሚድያ ጌርካ ኣይእረምን እዩ።

ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ክንከይድ ጽቡቅ እዩ። ምእራም ዝኣበየ'ውን እኮ ትዉግዶ ኢኻ ብኽምዚ ኣገባብ ጌርካ ክትእርሞ ኣሎካ፥ ኣይእረምን እየ እንተደኣ ኢሉ ድማ ኣገልግሎት ከይሃብካዮ ስኞ ክትብሎ ኣሎካ።ናይ መኞጻፅቲ ደረጃ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም'ቲ ዝበልከዎ ኣሎ ስለዚ ተርታ ብተርታ እናገበርና ክንክተል ኣሎና።

ኤሊም፦ ኣብ ትሕቲ ቤት ክርስትያን ዲኻ ተገልግል? ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስትያን እንተኾይንካ ኣገልገሎት ኣብ ዝተጸወጓኻሉ ቤተ ክርስትያን ምስ ኣፍቀደትልካ ዲኻ ተገልገል ወይስ ብኽመይ ኢኻ ተገልገል?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ንቤተ ክርስትያን ኩሉ ግዜ ኣብ እተገልግለሉ ግዜ ወረቐት እናለኣኽካ ናብዚ ከገልግል እየ እናበልካ ቀጻሊ ወረቐት ምሃብ ንኣገልግሎት ኣይምችእን እዩ። ነገር ግን ከምዚ ይገብር ኣለኹ ኢለ ይነግሮም እየ። እንደገና ካብኦም ሓገዝ ክረኽበሉ ኣብ ዝደለኹ ግዜ ድማ ክተሓባበሩኒ ይሓቶም እየ። ኣብ ልዕሊ እዚ ግና ቤተ-ክርስትያን ዘይበልካ ምግልጋል ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ፤ ንሓደ ዘማሪ ተጸዋዒ የድልዮ እዩ። መን ከም ዘዕበዮ ምስ መን ከም ዘሎ ክትፈልጠ ኣሎካ። ካልእ እዚ ዘማሪ ናይ ቤተ-ክርስትያን ናይ መራሕቲ ፍረ እዩ።

ኤሊም፦ ናይ መዝሙር ቀንዲ መልእኽቲ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ ጽብቕቲ ሕቶ እያ ነዛ ሕቶ ንምምላስ መጀምርታ ብኣምልኾ ክንጅምር ኢና፤ ኣምልኾ ማለት ርእስኻ ምግዛእ እዩ። ኣምልኾ ማለት ዉሽጣዊ ነገር ወይ ዓሚቕ ነገር እዩ። ናብ እግዚኣብሄር ብትክክል እናቕረብካ ትገብሮ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር መልክዕ እናረኣየን ብዛዕባ እግዚኣብሄር እናበረሃሉን ዝረኣዮን ነገር ናብኡ እናቀረበ ናቱ መልክዕ እናሓዘን እዩ ዝኸይድ። ብዛዕብኡ ድማ ኣምልኾ ይገብር ይዝምር። ኣምልኾ ድማ ናይዚ ወጺኢት እዩ። ብዛዕባ መዝሙር መልእኽቲ ንሕና ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣገልገልቲ ኢና ስለዚ ክንዝምሮ ዘሎና፤ ነቲ ብክርስቶስ ዝተገብረልና ወይ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ነገር ኢና ስለዚ፤ ዋና መልእኽትና እቲ እግዚኣብሄር ብክርስቶስ የሱስ ዝገበረልና ነገር ክንዝምር ኣሎና። ክርስቶስ ምስ መጸ ኣባና ዝተሰርሐ ነገር እዩ እቲ ዝዓበየ ዝገበሮ ክንእዮ ጽቡቅ እዩ እንደገና ድማ ናይ እግዚኣብሄር ህልዉና(ናይ ኩሉ ከኣልነቱ) ኩሉ ዝፈልጥ ኣምላኽ ሙኻኑ ዘይልወጥ ሙኻኑ ብሓፈሻ መንነት እግዚኣብሄር ክንዝምሮ ኣሎና ይብል።

ኤሊም፦ ኣብ ናይ ቅድም መዝሙር ናይ ዓበይቲ ዘመርቲ ክንርእዮ እንከሎና ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ንኹሉ ዓይነት ኣርእስቲ ዝትንክፍ መዝሙር ነይሩ ሕጂ ግና ኣብ ሓደ ሓሳብ ዘተኮረ ኮይኑ እሞ ብዛዕባ እዚ ዘለካ ሓሳብ ከመይ እዩ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ንሳቶም ኣኣብ ግዚኣም ጽቡቅ ዝኾነ ነገር ሰሪሖም እዮም። ሎሚ ከምኡ ዘይኮነሉ ነገር ንምንታይ እዩ ዝብሎ ኣነ ሕጂ ዘሎ ናይ ምግላጽ ግዜ እዩ ይብል። ነዚ ኣርእስቲ እዚ ዘይትንክፍ ንምንታይ እዩ ንዝብል ኣነ ዝብሎ ንዝተተንክፍሎ ኢኻ እትዝምር። ንኣብነት፤ ሓደ ሰብ እናዘመረ ብዛዕባ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ምስ ዝዝምር ኣነ ስኞ ኢለ ክዝምሮ ኣይክእልን እየ። ስለዚ፤ ሓደ ዝተዓወተሉ ኣነ ብናቱ ክዕወተሉ ኢለ ኣይሰርሕን እየ። ኣነ ሓቀኛ ዝተተንክፍሉ ነገር ንሰብ ከመጽእ ኣሎኒ። ስለዚ ኹሉ ኣኣብ ግዚኡ እዩ ዝዕየ ዘሎ።

ኤሊም፦ ኣብ ከባቢኻ ዘለዋ ኣብያተ ክርስትያናት ከመይ ኢኻ ተገልገል ምስ እዛ ዘለኻያ ቤተ-ክርስትያን ከመይ ትገብር?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ሕጂ ሓደ ነገር ክነግረካ ኣብዛ ዘለኽዋ ቤተ ክርስትያን ቀጻሊ ቀቀልጢፈ ኣየገልገለን እየ።ኣባል እየ ነገር ግን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ እናተዓደምኩ እየ ዘገልገል።

ኤሊም፦ ኣብዛ ዘለኻያ ቤተ ክርስትያን ዘለዉ መዘምራን ከም ዘማሪ ትድግፎም'ዶ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ እወ ይድግፎም እየ ይምህሮም'ውን እየ። ነቲ ዘምጽእዎ መዝሙር ይርእየሎም እየ። ሓደ ግዜ፤ ናይ መዘምራን ስልጠና ገለ ሂበዮም ነይረ። ሕጂ ግን ምስ ግዜ ኣንጻር ብዙሕ ኣይሓብሮምን እየ።

ኤሊም፦ ዘመርቲ ኣብ ንሓድሕድኩም ዘለኩም ሕብረት ከመይ እዩ? ኣብ ናይ መዝሙር ቪሲዲ ወይ ኣብ ድሽ ክንርእየኩም እንከለና፤ ኣብ ንሓድሕድኩም ጽቡቕ ዝኾነ ሕብረት ዘለኩም ትመስሉ።

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብቐዳምነት ብጣዕሚ ጽቡቕ ምቅብባል እዩ ዘሎና ነገር ግን ኩሉ በብዘለዉዎ ኣዝዮም ብኣገልገሎት ዝተታሕዙ ቢዚ ስለ ዝኾኑ ኣይንራኸብን ኢና ነይርና። ሕጂ ግና ድሓን ዝኾነ እንራኸበሉ መገዲ ተፈጢሩ ኣሎ። ሓደ ሳሙኤል ንጉሰ ዝብሃል ዘማሪ ኣኪቡና ነይሩ ሕጂ ጽቡቕ ይኾየድ ኣሎ እንደገና ድማ ሳከርድ ኢንተርናሽናል ሚኒስትሪ ዝብሃል እዚ ሚኒስትሪ እዚ ክእክበና ምስ ጀመረ ድማ እቲ ሕብረት ቀጺሉ ማለት እዩ። ስለዚ ካብ ቅድም ሕጂ ይሓይሽ ሕብረት ኣሎና ማለት እዩ። ብኹዕሶ እግሪ መሳሊ ድዩ ብኻልእ ኣጋጣሚ እቲ ሕብረት ተጀሚሩ ኣሎ። ሳሙኤል ንጉሰ ዝጀመሮ ሕብረት ግና ናይ ጸሎት ግዜ እዩ።

ኤሊም፦ ሓደ ዘማሪ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ሓደ ዘማሪ ንኽዝምር ዘስተማቕር ምስጢራዊ ልባዊ ዓሚቕ ነገር ዝኣቱ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ዝፈልጦ ጎይታ ዝዝምር፥ ብቃል እግዚኣብሄርን ብጸሎትን ንርእሱ ዘዕቢ ክኸውን ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ግና ክብሪ ኣምላኽ ርኢኻ ዘይኮንካስ እግዚኣብሄር ሓደ ነገር ምስ ገበረልካ ጥራሕ ገይርካለይ ኢልካ ትዝመር እንተኾይንካ ዘማራይ ኣይኮንካን። ንስኻ ናብ እግዚኣብሄር ኣቲኻ ክብሩ ርኢኻ እትዝምር ዘማሪ ኣብ ሰባት ጽልዋ ኢኻ ትገብር። ሰይጣን ዝፈርሖ'ዉን እዚ እዩ ክብሪ ርእዩ ዝዝምር ከም ኣቦን ከም ዉሉድን ኾይንካ ምስ ቃል ኣምላኽን ጸሎትን ዘሎካ ሕብረት ድማ ጥቡቕ ክኸውን ኣለዎ። እንድገና ደማ ድምጺ(ቮካል) ክትለማመድ ኣሎካ።

ኤሊም፦ ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ ኣብ መዘምራን ወይ ሓደ ሰብ ዘማሪ እንተኾይኑ ኣብ ቃል ኣምላኽን ኣብ ጸሎትን ድኹም እዩ ዝኸውን። ኣብ መዝሙር እዩ ዘድህብ ዝብሃል ኣዘራርባ ኣሎ ነዚ ከመይ ጌርና ሚዛናዊ ንገበሮ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣብዚ ክንርዶኡ ዘለና፤ ነገር ዘማሪ ስለ ዝኾንካ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ክርስትያን ምስ ቃል ኣምላኽን ምስ ጸሎትን ግዜ ከሕልፍ ኣሎኒ ሓደ ነገር ክነግረካ ኣብ ቅድሚ ጎይታ ዘይቀርብ እንተኾይነ ንፍቅሪ ኣምላኽ ከመይ ገይረ ክርዶኡ ይኽእል? መጽሓፍ ቅዱስ ንርእሽም ብፍቕሪ ኣምላኽ ሓልዉዋ ይብል፥ ስለዚ መዝሙር ህይወት እዩ ስቅ ኢሉ መዝሙር መዝሙር ዝብል፤ ኣብ ጸሎት ምኽንያታዊ ኣብ ቃል ኣምላኽ ምኽንያታዊ እንተኾይኑ እዚ ጌጋ እዩ መጀመርታ ኣብ ህይወት ክስራሕ ኣለዎ። ናይ መጀመርታ ነገር ቃሉ ምምሃር ጎይታ ምፍቃር ንጎይታ ምስኡ ግዜ ክሓልፍ ፍቕሩ ክሓድረኒ ኣለዎ። ኣብ ኤፌ 6:24 ምስቶም ንጎይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይሓልፍ ዜፍቅርዎ ኹሎም ሰላም ይኹን ይብል። እዚ ዘይሓልፍ ፍቕሪ ጎይታ እንተሎካ ተለሚንካ ኣይተገልገል ንዝና ኢልካ ኣይተገልገል ንገንዘብ ኢልካ ኣይተገልገል ስምካ ከተዓቢ ኢልካ ኣይተገልገል ስለዚ ነቲ ኣብ ዉሽጥኻ ተፈጢሩ ዘሎ ፍቕሪ ክትሕልዎ ኣሎካ። እንተዘይኮይኑ ኣረ በጃኹም መዘምራን ጸልዩ ኣረ በጃኹም ዘመርቲ ጸልዩ ኢልካ ንግዚኡ ክትእርሞም ትኽእል ኢኻ እቲ መሰረት ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ክሓድረካ ኣለዎ። ስለ'ዚ ዘመርቲ ምዝማር ዘይኮነስ ንህይወቶም ብቃል ኣምላኽን ብጸሎትን ክሕልዉ ኣለዎም። መዝሙር እንተዘየለ'ኽ እንታይ እዮም ክኾኑ ኣገልገሎት እኮ መግለጺ ፍቕሪ እዩ። ንኽዝምሩ ጥራሕ ዝነዩ ፍቕሪ ኣምላኽ የብሎምን ማለት እዩ። ስለ'ዚ ፍቕሪ ኣምላኽ ክሓድረና ኣለዎ ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ይሃልወና።

ኤሊም፦ ሕጂ ኣብ ትምህርቲ ኢኻ ዘሎካ እንታይ ኢኻ ትመሃር ዘሎኻ?

ዘማሪ ይድነቃቸው፦ መጀምርታ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ኮለጅ

"ንኽዝምሩ ጥራይ ዚጎዩ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ የብሎምን።"

ብዲፕሎማ ኣካውንቲንግ ተመሪቐ ወዲኤ ብድሕሪኡ ድማ ሊትሬቸር ብእንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሪቐ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ቲዮሎጂ ብድግሪ ተማሂረ ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ማስተርስ ዲግሪ እናጽናዕኩ'የ።

ኤሊም፦ እናተመሃርካ ከተገልገል ከቢድ እዩ። ነዚ ብኽመይ ትሓልፎ ማለት እንታይ ዓይነት ዋጋ እዩ ዘኽፍለካ?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ እዩ ዋጋ ዘኽፍለካ እዚ ክትመሃር ምስ ኣገልገለኦት ከቢድ እዩ። ብዙሕ ብድሆታት እዩ ዝገጥመኒ ኣብ ኣገልገለኦተይ ክሳብ ክንዲ እቲ ክዝርግሑ ሓሲቡዮ ዘለኹ ኣይተዘርግሓኹን ኣለኹ ብትምህርቲ ምኽንያት። ቪሲዲ ክሰርሕ ኮንሰርት ክገብር፡ ኣልቡም ክሰርሕ ነይሩኒ ስለዚ ብዙሕ ክገብሮ ዝግብኣኒ ነገር ኣሎ። ስለ'ዚ ትምህርቲ ብጣዕሚ እዩ ሒዙኒ ዘሎ። ሕጂ ግና፤ ኣብ ምዉድኣይ እየ።

ኤሊም፦ ምስ እዚ ናይ ትምህርትኻ ደረጃ ሓደ ኣገልጋሊ ኣብ ትምህርቲ እንታይ ዓይነት ኣረኣእያ ኣለዎ ትብል?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ እዚ ንሕና ዘሎናዮ ክፍለ ዘመን ከምቲ ብዓል ሃዋርያ ጳዉሎስ ዝነበረዎ ዘመን ኣይኮናን ዘሎና ሕጂ ናይ 21 ክፍለ ዘመን ኢና ዘሎና ስለ'ዚ እንታይ ዓይነት ወለዶ እዩ ዝጽበየናኽንፈልጥ ኣሎና ብርግጽ ዝተማህረ ኣእምሮ ኣይኮነን ንናይ ሰብ ነገር ክበጽሖ ዝኽእልመንፈስ ቅዱስ እዩ። ትምህርቲ ምምሃር፤ እግዚኣብሄር ናብ ብዙሕ ነገር ንኽእትወካ ኣፍደገ እዩ። ንሰባት ንምብጻሕ ኣፍደገ እዩ እቲ ሓቀኛ ነገር ዕድል ወይ መእተዊ እዩ። ምስ እዝን ካልእ ጽቡቕ ነገሩን ርኢኻ ትምህርቲ ጽቡቕ እዩ።

> "ንኣምላኽይ ይኣምኖ እየ ሓደ መዓልቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ከም ዘርኣሜ. . . ንህዝቢ ኤርትራ ብጣዕሚ እየ ዝፈትዎ ብዙሕ ሰላም ድማ በሉለይ"

ኤሊም፦ ቲዮሎጂ ብምምሃርካ እንታይ ረብሓ ረኺብካሉ?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ቲዮሎጂ ብምምሃረይ ኣተሓሳስባይ ብጣዕሚ ጽቡቕ ኮይኑ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ከጽንዕ ብጣዕሚኻ ዝድገፈኒ። ቋንቋ እንግሊዝኛ ብምምሃረይ ደማ ብጣዕሚ እዩ ሓጊዙኒ፡ ብእንግሊዝኛ እዝምር እየ። እንደገና ድማ ኣብ ቀጻሊ ክሰብኽ እየ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ስለዚ ስቕ ኢለ ዘይኮንኩስ ቡቲ ጎይታ ዝበለንን ዝመርሓንን እየ ተማሂረ ኣብ ቀጻሊ ድማ ብዙሕ ክዓየሉ እየ።

ኤሊም፦ ኣብ መደብካ ሕጂ መጀምርታ ንጽበየካ እንታይ እዩ ቪሲዲ ዲና ክንጽበ ወይስ ካልኣይቲ ኣልቡም?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ ሕጂ ኮንሰርት ክሰርሕ እዩ ዘሎ መደበይ።

ኤሊም፦በዛ ቀዳመይቲ ኣልቡምካ ማዕረ ክንደይ ብሉጽ ስራሕ ከም ዝሰራሕካ ንኹሉና ርዱእ እዩ። እዛ ካልኣይቲ ንምስራሕ ማዕረ ክንደይ ዋጋ ከተኽፍለኒ እያ ትብል?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ ሕጂ ብኽምኒ ምኽንያት እየ ከኣ ዘይጀመርክዋ ተሃዊኽ ክሰርሕ ኣይደልን እየ። ኣብ ኣገልገለኦት ጸዕቂ ኣሎኒ። ስለዚ፤ ተረጋጊኡ ነቲ ዝተተንከፍክሉ ክሰርሑ ይሕሸኒ። ብግጥሚ ኣንጻር ብዜማ ብሙዚቃ ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ ሕብሪ መዝሙር ዘለዎ ኣሰራርሓ ክሰርሕ እየ ይብል እግዚኣብሄር ይደግፈኒ።

ኤሊም፦ ብዛዕባ እዚ ኣብ ኣምልኾ ዘለዎ ኣረኣእያ ከመይ ትብል?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ ዝተረዶኡ ይመስል ኣብ ኣምልኾ፤ ኣምልኾ ንሰበኽቲ፡ ንህዝቢ፡ ንዘመርቲ ዝቕየሮ ነገር ኣለዎ። ሕጂ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ነጻነት ዘለዎ ግዜ ስለ ዘሎና እቲ ነጻነት ብዙሕ ነገር እኮ እንተለዎ፤ ነገር ግን ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ምርዳእ ኣለዎ።

ኤሊም፦ ብዓልቲ ቤትካ መን ትብሃል? ዘማሪት ደያ'ኽ? ኣብ ምንታይ እያ እተገልግል?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብዓልቲ ቤተይ ሮማን በጆ ትበሃል። ንሳ ዘማሪት ኣይኮነተን ብጣዕሚ እተገርም ምስትዉዓል ዘለዋ ሰብ እያ። ጐይታ እትፈርሕ ጥበበኛ እያ። ሰበይተይ ትኽን ወላ'ዉን ኣይትኽን ብጣዕሚ እየ ዘድንቕ። ኣነ ህዉኽ ክብል እንከለኹ ኣዝያ እያ እተህድኣኒ እቲ ሰብ ዘድንቕ ንዓይ ኣይተድንቕንን እያ ኣብ'ቲ ክእረመሉ ዝግብኣኒ ነገር እያ ትእርመኒ። ወላ'ዉን ኣብ ቃላት ናይ መዝሙር ኣዝያ እያ ትእርመኒ፡ ብዙሕ ነገር እያ ትሕግዘኒ ኣነ ኣይሰርሕን እየ ንሳ እያ ትሰርሕ።
ኤሊም፦ኣገልግሎት ኣብ ሓዳርን ካብ ሓዳር ወጻእን ከመይ ረኺብካዮ።
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብጣዕሚ እዩ ዝፈላለ ኣነ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ኣብ ሓዳር ቃል ኪዳን ይኣቱ ስለ ዘሎኹ ኪዳን ብምእታወይ ኣብ ልዕለይ ዝጀምር ናይ እግዚኣብሄር በረኽትን ኢድ ኣምላኽ ኣሎ። እዚ መንፈሳዊ ማለት እዩ ናይ እግዚኣብሄር በረኽት ጽልዋ ክገበር ይጀመር ማለት እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ዘይሓሰብክዎ ናይ እግዚኣብሄር በረኽት ጀሚሩ ኣሎ። ኣነ ድሕሪ ምምርዓወይ እዚ ከመይ ገይሩ ይኽወን ዝበልኩዎ ነገር በረኽተይ ኮይኑ ይረኽቦ። እቲ ሰበይቲ ዝረክብ ካብ እግዚኣብሄር በረኽት ይቕበል እዩ ዝብል። ስለ'ዚ በረኽት ኣለዎ።

ኤሊም፦ ብዛዕባ ኣብ ካርቱም ዘሎ ኣማኒ እንታይ ትብል?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ብሓቂ እየ ዝብለኩም ብጣዕሚ እየ ፈትየኩም ዘለኹ ብጣዕሚ፡ ኣብ'ዛ ናይ ሕጂ ናብ'ዚ ንምምጻእ ኣብ ኤምባሲ ከልኪሎምኒ ነይሮም፡ ኣነ ደማ ኣብታ ናይ ኤምባሲ ኣፍ ደገ ኮይነ ብቑንቋታት ክጽሊ ጀሚረ፡ ሰይጣን ኣይትኽእልን ኢኻ ንካርቱም ክኽይድ እየ ኢለ ጸልየ እናተመላለስኩ ድማ ጸልየ ኣብ ትምህርቲ ስለ ዝነበርኩ ድማ መምህርና ዝመጽእ ሰሙን ትምህርቲ የብልኩምን ምስ በለና በቃ ጎይታ ፍቓዱ ከም ዝኾነ ኣረጋጊጸ፡ እንደገና እዚ ህዝቢ እዚ ብጣዕሚ እዩ ዘደንግጸኒ ብብዙሕ ነገር ዝሓልፍ ህዝቢ እዩ ብጣዕሚ ዘብክየካ ቋንቋ ድማ ይዛረብ፡ ብጣዕሚ ብምምጻእኩም ተጸናኒዕና ይብሉኻ፡ እዚ ናይ ሃዋርያ ጳዉሎስ ቋንቋ እዩ፡ ኣብ'ዚ ምድረ በዳ ከም'ዚ ክትሰምዕ ደስ ይብለካ ኣነ ደማ ቀልጢፈ ክመጽእ እየ።

ኤሊም፦ ብቋንቋ ትግርኛ ክትዝምር ፈቲንካ ኣሎኻ ብኽመይ ለሚድካዮ ከም መደብኩ ኣሎካ ዶ?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ትግርኛ ይፈትዎ እየ፡ ጽቡቕ ኪኢለዮ ክለምዶ ደስ ይብለኒ፡ ቅሩብ ግን፤ ክብድ ይብል እዩ፡ ሓደ መዓልቲ ደማ ከም ዝዝምሮ ርግጸኛ እየ።

ኤሊም፦ ኣብ መወዳእታ ክተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎ?
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ናተይ መልእኽቲ እንተደኣ ክኢልኩም ንህዝቢ ኤርትራ ብጣዕሚ እየ ዝፈትዎ ብዙሕ ሰላም ድማ በሉለይ፡ ንኣምላኽይ ይኣምኖ እየ ሓደ መዓልቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ከም ዘገልግል። ንመጀምርታ ግዜ ካብ ዓደይ ወጺኤ ከገልግል ዝዓደመኒ ናይ ኤርትራዉያን ቤተ-ክርስትያን ኣብ ስዊድን(ናይ ፓስተር ደስታ) እዩ። ኣነ ነዚ ብዝኾነ ዓይኒ ኣይርእዮን እየ ነገር ግን ኣዝየ እየ ዝፈትዎም።

ኤሊም፦ ድኻምካ ከይጸብጸብካ ግዜኻ ሰዊእካ ፍቓደኛ ስለ ዝኾንካ እግዚኣብሄር ይባርኽካ የቀንየልና።
ዘማሪ ይድነቃቸው፦ ኣነ ዉን ኣዝየ የመስግኩም የቀንየለይ እግዚኣብሄር ይባርኽኩም።

** ** **

ምንጪ፦ ኤሊም ኣብ ሱዳን እትሕተም ናይ ትግርኛ ጋዜጣ።



ሕካፍነት ሰብኣይን ሰበይትን

ሰብኣይን ሰበይትን ዝብል ኣርእስቲ ክለዓል እንከሎ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ኣእምሮ ናይ ሰባት (ብፍላይ ድማ ሰብ ሓዳር) ዝቕጀል ስእሊ እንተሃልዩ ቆዮቓን ዘይምስምማዕን ዝዓብለሎ እዩ። መበገሲኡ ድማ ካብቲ ኣብ ባይታ ዝረኣ ሓቂ እዩ። ስለምንታይ ግን ሰብኣይን ሰበይትን ሰብ ሓዳር ብዙሕ ግዜ ኣብ ምግጫው ዝኣትዉ? ምኽንያቱ ብዙሕ እኳ እንተኾነ፤ ሓደ ካብኡ ግን፤ ሓቢርካ ገጽ ኣምላኽ ዘይምድላይ ብፍላይ ሓቢርካ ቃል ዘይተንብብ፡ ዘይትጽሊ እንተ ድኣ ኪንካ፤ ንእሽቶይ ነገር እያ ተጋራጭወካ። ብተወሳኺ ድማ ናይ ሓድሕድ ድልየት ጸጺኻ ካብ ዘይምፍላጥ ዝተላዕለ እዩ። እምበኣር፡ እዘን ቀጺለን ዘለዋ ክልተ ሰደቓ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ንዘሎ ድልየታት ብኽፊል ዝገልጻ እየን እሞ፡ ንጠቀመለን።

ኣንስቲ ሰብኡተን ክኾኑለንን ክገብሩለንን ዝደልያኡ

• ንኣምላኽ ዚፈርህን በቲ ኣምላኽ ዚሃቦ ጸጋ ድማ ብንእሽተይን ብዓብን ነገር ንደቁን ነዓይን ብመንፈሳዊ ነገር ዘገልግልን ዚመርሕን።
• ከፍቅረኒ፡ከም ዘፍቅረኒ ድማ በቲ ዝርደኣኒ መገዲ ክገልጸለይ።
• ንዓይን ንደቁን ከም ስብእነቱ ብግቡእ ክኣልየና።
• ብዝኾነ ይኹን ነገር ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ ምስ ሰበይቱ ከይተማኽረ ስጉምቲ ከይወስድ።
• ብዝገበርክዎ ጽቡቕ ነገር ክንእደንን ከመስግነንን፡ ሓሳባተይ ክርደኣለይ፡ ክድግፈኒ፡ ብጥዑም ዘረባ ክዛረበኒ፡ ብናይ ቅብጥሮት ስም ክጽውዓኒ።
• ምስ ቲቪ፡ ኮምፕዩተር፡ ቴሌፎን፡ ወዘተ.... ጊዚኡ ብኽንቱ ከይጠፍእ ክጥንቀቕ ሓላፍነት ናይ ሓዳሩ ብግቡእ ክስከም።
• ከም ምሓዛ ኮይኑ ምሳይ ብምዝርራብ ጊዜ ክሕልፍ፡ እንተወሓደ ሓደ ወይ ክልተ ሳዕ ኣብ ሰሙን ሒዙኒ ደገ ክወጽእ(ቡን፡ ሻሂ እናሰተኻ ምዕላል)።
• ንቤተሰበይ ከም ናቱ ቤተሰብ ገይሩ ክርእዮምን ከፍቅሮምን ክሓልየሎምን ይደሊ። ቅድሚ ቤተሰብና ድማ ሓዳርናን ደቅናን ክሰርዕ ይደሊ።
• ኣነ ካብ እግዚኣብሄር ዚተወሃብክዎ ደጋፊት ምኽነይ ፈሊጡ ዝህቦ ምኽርን ሓገዝን ክቕበለኒ ይደሊ።
• ድኻመይ ተረዲኡ ክዕገሰኒ። ንጓለንስተይቲ ተፈጥራዊ ለውጥታት (Hormonal Change) ከምዘጋጥማ ፈሊጡ ብዘርእዮ ጊዚያዊ ናይ ባህርይ ለውጢ ክጽመመንን ክጥንቀቕለይን ይደሊ።

ሰብኡት ኣንስቶም ክኾናሎምን ክገብራሎምን ዝደልዮዉን

• ንእግዚኣብሄር ትፈርህ ክትኮነለይ፡ ቕንኣት እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጣ ዝቀጸጸል፡ ከም ቃል-ኣምላኽ ክትነብር ዝቕበጸት፡ መዝገባ ኣብ ሰምያት ክትገብር ዝወሰነት፡ ቅድሚ ኹሉ ንክርስቶስ ህይወታ ዝሃበት።
• ኣብ በይንናን ምስ ሰብ ከለናን ምናዳ ድማ፤ ምስ ደቅና ኩሉ ግዜ ክተኽብረኒ።
• ጽብቕትን ውቅብትን ክትኮነለይ፡ ኩሉ ጊዜ ድማ ርእሳ ከተልዕል፡ ድሌት ርክብ ስጋ ከተማልኣለይ።
• ንቤታ ብግቡእ እተስተናብርን ንሓዳራ ቀዳምነት እትሰርዕ ክትኮነለይ።
• ኣብ ዘረባ ቁጥብቲ፡ ሃተውተው ዘይትብል፡ ቴሌፎን ዘይተብዝኣ ትኾነለይ።
• ንቤተሰብ ኣሚና ልክዕ ከምቶም ናታ ቤተሰብ ጌራ ክትቅበሎም።
• ኣብ ሓጺር መደብን ኣብ ነዊሕ መደብን፡ ብኹሉ ብጊዜን ብንዋትን፡ ወዘተ.... ብመደብ/ፕላን እትኽይድ ክትኮነለይ።
• ከተተባብዓንን ክትንእደንን (recognize, reward me)።
• ፈቃር፡ ትሕቲ፡ ለዋህ፡ ተቕባሊት ጋሻ፡ ኩሉ ጊዜ ሕጉስቲ ክትኮነለይ።
• ዝገበርክዎ በደል ይቕረ እትብለለይን ዝሓለፈ በደለይ ዘይትጽብበለይ።

ምንጪ፡- ኢንተርነት

ካብ'ዚ ኽንታይ ንመሃር?

ሮዳና ኣብ ሩማንያ እትቕመጥ በዓልቲ ሓዳር እያ። በዓል ቤታ ብሰንኪ ዝነበሮ እምነት ምስ ተኣስረ፤ ንሳ ድማ፤ ከምተን ካልኦት የሕዋት ኣብ ሽግር ኣተወት። ግና'ኸ እግዚኣብሄር ብሓለውኡን ብረዲኤቱን ይድግፈን ስለ ዝነበረ ኣይሕለላን ነበራ። ኣብ'ቲ ዝረኽብኦ ግዜ ድማ፤ ብሓደ እናተኣከባ ይጽልያን ይዝምራን ነበራ። መደብ እናተኻፈላ ከለዋ ዝኾነ ድምጺ እንተ ሰሚዐን "HAPPY BIRTHDAY TO YOU" እናበላ ዓመት ቆልዓ የሕልፋ ከም ዘለዋ ይመስላ ነበራ። እዚ ዝገበራሉ ምኽንያት እቲ መንግስቲ ሩማንያ ብናይ ኮሚኒስት ኣካይዳ ስለ ዝመሓደር፤ ንዝኾነ ኣብ መደብ ዝተረኽበ፤ ን20 ዓመት ንኽእሰር ይብየሉ ስለ ዝነበረ እዩ። እተን የሕዋት እዚ ጥራይ ዘይኮነ፤ ናይ መነባብሮ ጸገም'ውን ነይርወን እዩ። ዝኾነ ነገር ክትዕድግ እንተ ደሊኻ ኣንጊህካ ሪጋ ክትሕዝ ኣሎካ። ዋላ እታ እትበልዓ ባኒ ምኳኑ እዩ ብምባል ሮዳና ትዛረብ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ መከራ ኣዝዩ ስለ ዝበርትዐ፤ ሮዳና ናብ ኤውሮጳ ገጻ ከደት። ኣብ ኤውሮጳ ድማ ምስ ሓንቲ ሚስዮናዊት ክትቅመጥ ጀመረት። እቲ መነባብሮ ምስ ናይ ሩማንያ ኣረኣኢኻ ኣዝዩ እዩ ምቹእ። ነዚ ዝተዓዘበት ሚስዮናዊት ንሮዳና፤ **"ናብራ ኣብ'ዚ ከመይ ረኺብክዮ?"** ብምባል ሓተተታ። **"ሮዳና ድማ፤ ኣብ'ዚ ናብራ ኣዝዩ እዩ ጽቡቕ፤ ሰንበት ሰንበት ቤተክርስትያን ትኸይድ፡ ዘድልየካ ኹሉ ብቕረባ ኢኻ ትረኽቡ፡ ግና'ኸ እቲ ኣብ'ዚ ዘሎ ክርስትያን ማለቱ ኮይኑ ንኣምላኽ ኣይደልዮን እዩ። ንሕና ኣብ ሩማንያ ዘሎና ክርስትያናት፤ ምስ'ዚ ኩሉ ሽግርና ኣዚና ኢና ንኣምላኽ ንደልዮ"** ብምባል ነገረታ።

ካብ'ዚ እንመሃሮ፤ ንሕና'ውን ሎሚ እዚ ዘለናዮ ኩነታት ተቕይሩ ካልእ ርህው ዝበለ ናብራ ምስ ኣጋጠመ ነቲ ውዕለት ጐይታ ከይረሳዕና ኣዘውቲርና ገጹ ክንደልን ኣብ መሐለዊና ደው ክንብልን መጺሄት ሄስዳ ሓደራ ትብል።

ጐይታ ንኹልና ምስትውዓልና ይኽፈት። ኣሜን!!!

ዓምዲ ዛዕባ

ኣማኒን ስድራቤቱን

ዝኸበርኩም ኣሕዋትን፤ ዓምዲ ዛዕባ ብብዙሓት ተቐባልነት ረኺቡ ክንሰርሓሎ ዓቢ ደገ ተኸፊቱልና ክነሱ፤ ንኽጽሕፉ ብርያም ዘልዓሉ ግና ሒደት እዮም። ስለ'ዚ ደጊምና ነቶም ናይ ስኡ-ጽሑፍ ጸጋ ዘለኩም ደጊምና ኣብ ህይወትኩም ዝተመከርኩሞን መንፈስ ኣምላኽ ዝሃበኩምን ሓሳብ ክትሰዱልና ንምሕጸነኩም።

1) እዛ ተዳልያ ዘላ ዓምዲ ኣገዳሲት ኮይና ረኺበያ። በዚ መገዲ ኣነ ክብሎ ዝደልይ፤ ኣማኒ ኣብ ስድርኡ ዘለዎ ኣበርክቶ ዓቢ ክኸውን ኣለዎ ይብል። ብመጀመርታ ጐይታ ዘይተቐበሉ እንተ ኾይኖም፤ ጐይታ ንክቐበሉ ኣበርቲዑ ተስፋ ከይቆረጸ ክጽልይ ኣለዎ። ጐይታ ዝረኸቡ እንተ ኾይኖም ከኣ፤ መዓልታዊ ንግሆ ወይ ምሸት ሓቢሮም ቃል-ኣምላኽ ዘንብብሉን ዝጽልይሉን ሃዋህው ክህሉ ክተግህ ኣለዎ፡ ድሓር ድማ፤ ኣቦ ወይ ኣደ ነዚ ነገር ብዕቱብ ምእንቲ ክከታተልዎ ሓሳብ ምሃብ፡ ኣብ ምትግባሩ ድማ፤ ጐይታ ጸጋ ክህበኩም ምጽላይ። ብዝተረፈ ድማ፤ ነቲ ስድራ ዘድሊ ብዓቕሞ'ኻ ኣበርክቶ ክትገብር ምብጋስ። ንኣብነት ናይ ገንዘብ ዋሕዲ እንተሎ፤ ጐይታ ነቲ ዘሎ ሃንፍ ናይ'ቲ ስድራ ክህብ ክንልምኖን ስራሕ ደገ ነታ ቤት ክኸፍተላ ምጽላይ።

ካልእ ክብሎ ዝደልይ፤ ወለዲ ደቆም እንታይ ይርእዩ፡ ምስ መን ይውዕሉ ፍሉይ ምክትታል ክገብሩን፤ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከማዕቁብዎምን ይላቦ። ብፍላይ ብፊልም ዝኣቱ ርኽሰት ከይርእይዎ ወይ ብዛዕብኡ ከየዕልሉ ምክትታልን ምጥንቃቕን ኣገዳሲ እዩ ይብል ከም'ቲ "**ቐልዓ እታ ዝኸደላ መገዲ ኣላምዶ**" ዝተጻሕፈ፤ ንደቅና ነቲ ጽቡቕ ትምህርቲ ከነርእዮምን ከነላምዶምን፡ ነቲ ጽዩፍ ግና፤ ፍጹም ጽልኢ ክጸልእዎ ከነረድኦምን ጽቡቕ እዩ። ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ኩላትና ይኹን። ኣሜን!!! **ኣብድያ**

2) ሓደ ብጐይታ የሱስ ኣሚኑ ዳግም ዝተወልደ ኣማኒ፤ ኣብ ቤቱ ክኾኖን ክገብሮን ዘለዎ ጐይታ ዘሰከሞ ብዙሕ ሓላፍነታት እኳ እንተ ሃለወ፤ ዝያዳ ኹሉ ግን ነቲ ኣብ ቤቱ ዘሎ መንፈሳዊ ሓድነት ምሕላው ልዕሊ ኹሉ ዝያዳ ክተግሃሉ ዘለዎ ሓላፍነቱ እዩ።

ሰብኣይን ሰበይትን ኣመንቲ ብምኽንያት ብጐይታ ምእማኖም ኣብ ሓደ ዓይነት መንፈሳዊ ዓለም ስለ ዝነብሩ፤ መንፈሳዊ ሓድነት ኣለዎ። እምበኣር ናይ ኣማኒ(ሰብኣይ) ሓላፍነት ኣብ ስድራ ቤቱ ነዚ መንፈሳዊ ሓድነት፡ ሓባራዊ ናይ ጸሎትን ቃል-ኣምላኽን ግዜ(FAMILY DEVOTION) ብምውዳብ ነዚ ሓድነት ምድልዳልን ምሕላውን እዩ። እታ ሓቢራ ትጽልን ቃል-ኣምላኽ እትመሃርን ስድራ ቤት ጸኒዓ እያ ትነብር።

"The Family That Prays Together Stays Together"

ከም'ቲ ኣቦና እዮብ ስለ ቤቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር መዓልታዊ ብጸሎት ዝቐርብ ዝነበረ፤ ንሕና ድማ ርእስና ነዚ ነገር ብምልምማድ ብምልኣ ስድራ ቤትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጸሎትን ቃልን ንርእየሉ መሰውኢ ክንሃንጽ ይግበኣና (እዮ1፤5)።

መልክዕን ምስልን ኣምላኽ ኣብ ቤትና ማለት ኣንስትናን ደቅናን ምእንቲ ክንጸባረቕ ብቃልን ብጸሎትን ሕብረት ብምግባር ንስድራ ቤትና እኹል ግዜ ክንህብ ይግበኣና። ከም ኣማኒ እቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ሓላፍነት ትፍጽመሉ ቀዳማይ ስፍራ ቤትካ ምኳኑ ምዝካር ልቦና እዩ። ኣማኒ(ሰብኣይ) ነዚ ንብሎ ዘሎና ናይ Family Devotion ሓላፍነት ኣብ ቤቱ ክፍጽሞ ምእንቲ ክርድኡ ዘለዎም 3ተ ነጥብታት ክንጠቅስ። ኣማኒ(ሰብኣይ) ኣብ'ታ ስድራ ቤት፡-

⇒ ንኣምላኽ ---> ካህንን ነብዪን
⇒ ንስበይቱ ---> ሰብኣያ
⇒ ንደቁ ---> ኣቦ

ም'ኳኑ ዘኪሩ ነቲ ናይ ካህንን ነብዪን ሓላፍነቱ ክገብር ይግብኣ። ፍቕሪ ልዕሊ ኹሉ ግዜ ብምሃብ ስለ እትግለጽ ንስድራ ቤትና እኹል ግዜ ብምሃብ ምስኡም ሓቢርና ብምጽላይን ቃል ኣምላኽ ብምምሃርን ፍቕርና ንግለጸሎም። እቲ ኽምዚ ዝገብር ሰብኣይ(ኣማኒ) ድማ እዩ በቲ ኣብ መዝ128 ዘሎ በረኽት ኣብ ስድራ ቤቱ(ሰበይቱ፡ ደቁ. . . ወዘተ) ዝባረኽ።

ብBER.

ናይ ዝመጽእ ዛዕባና፡ ኣማኒን ስራሕን ዝብል እዩ ክኸውን።

ደርሆ ምስ ጫፍርኣ

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፤ ምስ ሓደ ሓው ተራኸብና። ብዛዕባ እቲ ኣብ ሕጹነቶም ዝነበረ ጽቡቕ መዓልታት ብፍላይ ኣሕዋት መጺኦም ከዕልሉኻን ከዘናግዑኻን፤ ከምኡ'ውን ጸብሒ ደርሆ ሒዞም ክበጽሑኻ ከለዉ ብጣዕሚ እዩ ደስ ዝብለካ ብምባል ኣዕለለኒ። ዕላሉ ብም'ቕጻል፤ ብፍላይ ሓንቲ መዓልቲ ተኣኪቦም ጸብሒ ደርሆ ሒዞምልና ምስ ዝመጹ ኣሕዋት ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ዕላል ግዜ ነበረና። ደሓር ምስ መሰየ ግና፤ ኣምላኽ ይባርኽኩም በሉ ኢሎምና ንገዝኦም ከዱ። ብድሕሪኡ ምስ መርዓተይ ኣብ ውሽጥና ባዶነት ተሰምዓና። ግና'ኸ፤ ብዙሕ ከይጸንሐ ሓደ ሓው ማዕጾ ገዛና ክኽሕኩሕ ሰማዕናዮ እሞ፤ ማዕጾ ከፈትናዮ። ንሱ ድማ፤ "ጐይታ ኣብ ውሽጠይ ክሓልፈኩም ከም ዘሎኒ ኣተሓሳሲቡኒ" ብምባል ካብ ሓንቲ ጥቕሲ ተበጊሱ ቃል ኣካፈሉና ከደ። ብድሕሪኡ ምስ መርዓተይ ፍሉይ ሓጎስ ተሓጎስና። ክንጽሊ ድማ ኣምሰና። ንበዓልቲ ቤተይ ድማ፤ "ካብ ደርሆ ምስ ጫፍርኣ፤ ጥቕሲ ምስ መብርሂኣ" ኢለ ኣስሒቕያ ብምባል ዕላሉ ደምደመለይ።

ካብ'ዚ እንታይ ንመሃር?

ዓመዲ ምስክርነት

ማርቲን ሉተር



ካብ 10 ሕዳር 1483 ክሳዕ 18 ለካቲት 1546 ማርቲን ሉተር ሓደ ካብቶም ኣብ ታሪኽ እምነት ክርስትና ዓቢ ነጥበ መቐየሮ ብምግባር ፤ ኣገዳሲ ተራ ዝተጻወቱ ናይ መበል 16 ክፍለ ዘመን ህቡብ ናይ ስነ-መለኮት ምሁር እዩ። ንሱ ካብ ዝተፈላለዩ ሰዓብቲ እምነት ክርስትና ዝመጸ ንዝነበረ ኣሉታዊ ግብረመልስታት ግምት ከይሃበ ነቲ ሎሚ ኣብ ዓለም ብሉተራን ተባሂሉ ዝጽዋዕ እምነት ክርስትና ክምስርት በቒዑ።

ማርቲን ሉተር ካብ ኣቡኡ ሃንስ ሉተርን ካብ ኣዲኡ ማርጋሬት ሉተርን ኣብ ከባቢ ርእሰ ከተማ በርሊን ኣብ እትርከብ ኢስሊበን ዝተባህለት ቁሸት ተወልደ። ስድራ ቤት ማርቲን ማእከላይ መነባበሮ ዝነበሮም ሰዓብቲ እምነት ካቶሊክ እዮም ነይሮም። ሃንስ ሉተር፤ ንወዱ ማርቲን ጥጡሕ ናይ ትምህርቲ ባይታ ንከውሕሰ ኣብ ኣዝዩ ኣድካሚ ናይ ዕደናን ጽርበት ሓጺንን ስራሓት ተዋፊሩ መዓልታዊ ናብርኡ ይመርሕ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ማርቲን ነቲ ዝረኸቦ ክፋት ናይ ትምህርቲ ዕድል ተጠቂሙ ድማ ኣብ መበል 21 ዕድሚኡ ካብ ኢርፈርት ዩኒቨርሲቲ ናይ ማስተርስ ምዓርግ ረኺቡ። ይኹን እምበር፤ ማርቲን ነቲ ኣቡኡ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበሮ ጠበቓ ናይ ምኻን ባህጊ ጋህዲ ንምግባር፤ ኣብ 1505 ዓ/ም ናይ ሕጊ ትምህርቱ ከከታተል ጀመረ። እንተኾነ ኣብታ ዓመት እቲኣ ማርቲን ኣብ መገሻ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዘጋጠመ ኣዝዩ ሕማቅ ኩነታት ኣየር፤ ካብ ማህሰይቲ ናይ በርቂ ንስክላ ኣምለጠ። ኣብ'ቲ ህሞት እቲ ድማ ማርቲን ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክጽሊ ጀመረ፤ ኣምላኽ ካብ'ቲ ኣሰቃቒ ሃዋሁው ብህይወት እንተ ድኣ ኣውጺእዎ ዝተረፈ ዘመን ህይወቱ ኣብ ቤት ኣምላኽ ክሕልፎ ተመባጽዐ። እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ማርቲን ኣንፊት ናይ መጻኢኡ ከም ዝልውጥ ገበሮ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዘይመልእ ግዜ ኽኣ ናብ'ቲ ብኣጉስቲኒያንስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክፍሊ ክህነት ተጸንበረ። እንተኾነ ቅጽበታዊ ለውጢ ታሪኽ ህይወት ማርቲን ሉተር ኣብዚ ህሞት'ዚ ጥራይ ዝተመርኮሰ ከም ዘይኮነ ብዙሓት ተመራመርቲ ታሪኽ ዝሰማምዕሉ ሓቂ እዩ። እቶም ተመራመርቲ ብተወሳኺ፤ ጉዕዞ መንፈሳዊ ህይወት ማርቲን ሉተር ኣቐዲሙ ዝጀመረን ቀስብቀስ ዝማዕበለን ጉዳይ ከም ዝኾነ እዮም ዝገልጹ። ማርቲን ብዛዕባ ቐጥዓ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ፡ ህይወትን ሞትን ምውሓስ ዘልኣለማዊ ህይወት ዝኣመሰሉ ዘይተመለሱ ሕቶታት ከም ዝነበሮ'ዩ ዝግለጽ። ኣብ 1507 ዓ/ም ካህን ኮይኑ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ድሕሪ ምሽያሙ'ውን እንተኾነ፤ ሕቶታቱ ከም ዘይተመለሱን ኣብ ህይወቱ ምሉእ ዕግበት ከም ዘይነበሮን እዩ ዝፍለጥ። እዚ ከይኣክል ድማ ካብ ገለ ካህናት ናይ'ታ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ዝነበረት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝተዓዘቦ ዘይሞራላዊ ተግባራትን ምጥፍፋእን ኣብ ከቢድ መንፈሳዊ ቅልውላው ድሕሪ ምእታዉ፤ ነቲ ቦታ ሓዲጉ ናይ ዶክተሬት መዓርግ ክቕጽል ናብ ዊተንበርግ ገዓዘ።

ማርቲን ሉተር መጽሓፍ ቅዱስ ምጽናዕ ስርሒሉ ኢሉ ተተሓሓዘ። ብፍሉይ ኣብ'ቶም ሃዋርያ ጳውሎስ ዝጸሓፎም መልእኽትታት ጸቒጡ ክምርምርን ከስተንትንን ጀመረ። ካብ ኣእምሮ ንላዕሊ ዝኾነ ቃል ሓቅን መሉኣታዊ ስራሕ ኣምላኽን ክግለጸሉ ድማ ጀመረ። ምድሓን ብግብሪ ዘይኮነ ብእምነትን ብጸጋን ከም ዝኾነ ድማ ተረድኣ (ኤፌሶን 2፤8)። ማርቲን ኣብ ዊተንበርግ ዩኒቨርሲቲ ከም ፕሮፌሰር ስነ-መለኮት ኮይኑ ኣብ ዝመህረሉ ዝነበረ እዋን ካብ ብዙሓት ወገናት ተቐባልነት እናረኸበ ስለ ዝመጸ፤ ብትብዓት የሱስ ክርስቶስ ንሱ በይኑ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ሰብን ዕርቂ ከም ዝኾነን፡ ጽድቅን ስርየት ሓጥያትን ብጸጋ ኣምላኽ እምበር ብግብሪ ከም ዘይኮነ ክምህር ጀመረ። ማርቲን ምድሓን ካብ እግዚኣብሄር እንቕበሎ ህያብ ምኻኑ ተረድኡ። ማርቲን ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ተመሃሮን ካልኦት ሰባትን ዝነበሮ ጽልዋ ቀሊል ብዘይ ምንባሩ ድማ ወሪኡ ኣብ መላእ ዓለም ክወጽእ ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። ማርቲን በቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ ምግላጽ፤ ህይወቱ ተቐይሩ ጥራይ ዘይኮነ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን እውን ምሉእ ብምሉእ ክልውጥ ኣኽኢልዎ እዩ።

ጽሑፋት ኣብ 1514ዓ/ም ሉተር ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዊተንበርግ ካህን ኮይኑ ከገልግል ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ሓያሎ መእመናን ንስብከታቱ ንኽሰምዑ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ክፍልፍሉ ጀመሩ። እዚ ኽሎ'ዚ ኢሉ ኽሎ፤ ሉተር ብመራሕቲ ናይ'ታ ቤተ- ክርስትያን ዝካየድ ዝነበረ ዘይመጽሓፍ ቁዱሳዊ ተግባራት ዝቃወም 95 ነጥብታት ዝሓዘለ ኣብ መጽሓፍ ቁዱስ ዝተመርኮሰ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ኣቕሪቡ። መራሕቲ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፤ ሓደ ምእመን ሓጢኣት ኣብ ዝፍጽመሉ እዋን ክልተ ደረጃታት መቐጻዕቲ ከምዘለዎ ይሕብሩ። እቲ ቀዳማይ መለኮታዊ ሓጢኣት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ካህን ሓጥያትካ ምስ እትናዘዝ ከምዝሕደገልካ እዮም ዝገልጹ። እቲ ካልኣይ ደረጃ ድማ ቤተ-ክርስትያን ንዝሓገገቶም **"ጽቡቕ ተግባራት"** ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ከም ዝሕደገልካ እዮም ዝገልጹ። ይኹን እምበር፤ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ዝነበሩ ካህናት እታ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፤ ነቲ ካልኣይ ደረጃ መቐጻዕቲ ብምዋዋይ፤ እቲ ምእመን ንቤተ-ክርስትያን ንምህናጽ ዝውዕል ገንዘብ ምስ ዝውፈ ከም ጽቡቕ ተግባር ተቐጺሩ ሓጢኣቱ ክሕደገሉ ከምዝኽእል ዘስምዕ ሓደስቲ ሕጋጋት ድሕሪ ምሕጋሞም፤ ቁጠዓ ማርቲን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዝበጽሐ ይግለጽ። በዚ ድማ ኣብ ጥቅምቲ 1517 ዓ/ም ነቲ 95 ነጥብታት ዝሓዘለ ንተግባራት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዝቃወም፤ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተመርኮሰ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ንመጀመርታ እዋን ብወግዒ ዘርጊሑ። እዚ ድማ ንመራሕቲ እታ ቤተ-ክርስትያን ዓቢ ጽፍዒት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ታሪኽ ክርስትና ዳግመ ግምት ዝተዋህቦ ህሞት እዩ ነይሩ። ማርቲን፤ ብመራሕቲ ቤተ-ክርስትያን ብተደጋጋሚ ክውገዝ ጻውዒት እኳ ይቕርበሉ እንተነበረ፤ ንሱ ዘቕረቦም ነጥብታት ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ከም ዘይኮነ ብምምልካት ካብ መትከሉ ነቕ ከም ዘይብል ኣረጋገጸሎም።

ኣብ ጥሪ 1521 ዓ/ም፤ ማርቲን ሉተር ብጳጳስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሮማ ብወግዒ ካብ ክህነቱ ከም ዝወርድ ተገይሩ። ክልተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ድማ ኣብ ቅድሚ መራሒ ግዝኣት ሮማ ዝነበረ ቻርለስ ራብዓይን መላእ መራሕቲ ሃይማኖት ክርስትናን ቀሪቡ፤ በቲ **"ዳይት እፍ ዎምስ"** ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ መንጎ ቤተ-ክርስትያንን መንግስታዊ ግዝኣት ሮማን ጸዲቑ ዝነበረ ውዕል ክፍረድ ተገይሩ። ብመሰረት እቲ ፍርዲ ድማ ማርቲን ነቶም ዝጸሓፎም ጽሑፋት ክኽሕድ ተኣዘዘ፤ እንተኾነ ሕጂ'ውን ካብ መትከሉ ነቕ ከም ዘይብል ደጊሙ ኣረጋገጸሎም። በዚ ድማ ጽሑፋቱ ክእገድ፤ ንሱ ድማ ካብ እምነት ክርስትና ክውገዝ ተበየነሉ። ድሒሩ ድማ ብቤተ-ሰቡን ኣዕርኽቱን ብዝተዳለወ ናይ ምጭዋይ ስርሒት ናብ ዋትበርግ ዝተባህለ ቦታ ከም ዝተወስደን ኣብኡ ድማ ንሓደ ዓመት ከም ዝተቐመጠን ይፍለጥ።

ማርቲን፤ ንዝነበሮ ናይ ብሕቲ ግዜ ተጠቂሙ፤ ንሓድሽ ኪዳን ብቋንቋ ጀርመን ክትርጉም ክኢሉ እዩ። በዚ ድማ ዜጋታት ጀርመን ኣብ ታሪኽም ንመጀመርታ እዋን መጽሓፍ ቅዱስ ብምውናን ቃል ሓቂ ብገዛእ ርእሶም ከንብቡ ክኢሎም። እዚ እዋን'ዚ ኣብ መዝገብ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዓቢ ናይ ምንቅቃሕ መድረኽ እኳ፤ እንተ ተወስደ፤ ንማርቲን ሉተር ግን፤ እቲ ዝኸፈኡ እዋን ናይ ህይወቱ ከምዝኾነ እዩ ዝግለጽ። ይኹን እምበር ማርቲን ነዚ እዋን'ዚ **"ሰይጣን ብቀለም ዝተባረረሉ እዋን"** ክብል እዩ ዝገልጾ።

ኣዱላም ቦታ ኮይኑ ዳዊት ዝሕበኣኩ ዝነበረ ስፍራ እዩ።

ዕላማ ጸጋ ኣምላኽ

ጸጋ ነጻ ውህበት ኣምላኽ ኮይኑ ዘይከኣል ዘኽእል መሎኪታዊ ሓይሊ እዩ። ኣብ ህይወት ክርስትና ንጸጋ ኣውጺእካ ክትከይድ ማለት ልክዕ ንማኪና በንዚን ከይመላእካ ከተተስኣ ምፍታን እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እቲ ኣገዳስነቱ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምኳኑ ይረኣየካ። ጸጋ ጽቡቕ ገይሩ ምእንቲ ክርድኣና ግና ዕላማ ጸጋ ኣምላኽ ክንርኢ ኢና።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንዕላማ ጸጋ ኣምላኽ ኣመልኪቱ ንቲቶስ ክጽሕፈሉ ከሎ ከምዚ ብምባል ነጊርዎ "**ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፡ ንኹሉ ሰብ'ውን ምድሓን ኣምጺኡ፡ እቲ ብሩኽ ተስፋን ናይ'ቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድሓኒና የሱስ ክርስቶስን ምግላጽ ክብሪ እናተጸበና፡ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፡ ኣብ'ዛ ዓለም እዚኣ ብጥንቃቐን ብጽድቅን በምልኾን ክንነብር ይምህረና ኣሎ።**" ቲቶ 2፡11-15። ካብ'ዚ እቲ ቀዳማይ ጸጋ ዝተገልጸሉ ዕላማ ንምድሓን፡ ምግላጽ ክብሪ ክንጽበ፡ ዓለማዊ ትምኒት ክንክሕድ፡ ብጥንቃቐ፡ ጽድቂ፡ ኣምልኾ ክንነብር ምኳኑ የርእየና።

1. **ምድሓን ይህብ፦** ዕላማ ጸጋ ኣምላኽ መጀመርታ ምድሓን ከም ዘምጸኣልና፡ ግና'ኸ ድሒንና ኢና ኢልና ከም ድላይና ክንመላለስ ዘይኮነ፡ እቲ ዝተዋህበና ጸጋ ኣድሒኑና እኳ እንተ ኾነ ብእኡ ድማ ክንተግሃሉ ከም ዘለና እዩ ተዋሂቡና(ፊሊ 1፡30 ኣንብብ)። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ'ዚ፤ "**ኑቲ ዝተዋህበኒ ጸጋ ሓለፋ ኩሎም ከም ዝጸዓርኩ**" ብምባል ተዛሪቡ ኣሎ።
2. **ምግላጽ ክብሪ እናተጸበና፦** እቲ ካልኣይ ዕላማ ጸጋ ከኣ ንሕና ኑቲ ብሩኽ ተስፋ ከም ዝግባእ ምእንቲ ክንዳሎን ክንነቅሕን እዩ ተዋሂቡና። መንግስቲ ኣምላኽ ዝተዳለወት ስለ ዝኾነት ብጸጋ ኣምላኽ ንዝተዳለዉ ሰባት እያ ከኣ ትወሃብ። ከምኡ ስለ ዝኾነት ንሕና ናብ ጸጋ እንረኽበሉ ዝኽን ኣምላኽ ብጸሎት እናቐረብና ምግላጹ ክንጽበ ይነግረና(እብ 4፤16 ኣንብብ)።
3. **ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፡**-ኣብ ዓለም ክሳዕ ዘሎና ዓለማዊ ነገራት ክፍትነና ብግዲ እዩ። ግና'ኸ ምሳና ጸጋ ስለ ዘሎ ንኹሉ ዝጠብቀናን ዝኽብደናን ሓጢኣት እንዳ ኣርሓቐና፡ ናብ'ቲ ጀማሪና እምነትናን ደምዳሚኣን ዝኾነ ጎይታና የሱስ እንዳጠመትና ንቐድሚት ገጽና ብትዕግስቲ ክንሃዩ ኣሎና። እዚ እንተ ገይርና ድማ ሰይጣን ስፍራ ኣይክረክብን፡ ጎይታ ከኣ ኣብ ህይወትና ክኸብር እዩ።

   ''ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፤ **ውህበት ጸጋ ኣምላኽ** ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘኸኣለ ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽ' ውን ስለ ኣተገዛእኩምሞ፡ ፍሬኹም ንቅድስና ኾይኑ ኣሎ፤ መወዳእታ ኸኣ ናይ ዘኸኣለ ህይወት እዩ።'' ሮሜ 6፡22-23

4. **ብጥንቃቐ ክንነብር፦** ጸጋ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝረኣናዮ ነጻ ውህበት እዩ። ግና'ኸ ነጻ እኳ እንተኾነ ጥንቃቐ ግን ይሓትት እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ እቲ ናይ እብራውያን ጸሓፊ "ሓደ እኳ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ከይሓድል፡ ንብዙሓት ዜርክስ ገለ መሪር ሱር በቑሉ ኸየጨንቐኩም ተጠንቀቑ።" እብ 12፡15 ይብል። ኣብ'ዛ ቃል እንተ ኣስተብሂልና "ሓደ እኳ ካብ ጸጋ ከይሓድል. . ." ብምባል ይዛረብ። እዚ ማለት ከኣ ጸጋ ተዋሂቡካ ክነሱ እንተ ዘይተጠንቂቕካሉ ካባኻ ከም ዝሓድል እዩ ዘረድኣ። እወ ንሕና ብእንርእዮ፡ ብእንሰምዮ፡ ብእንሓስቦ፡ ብእንዛረቦ ክንጥንቀቕ ኣለና። ነዚ ዘይምጥንቃቕ ካብ ጸጋ እዩ ዘጉደልካ(ዮና 2፤9 ኣንብብ)። ስለ'ዚ፤ ኣምላኽ ዘይከብረሉ ከይንርኢ፡ ከይንሰምዕ፡ ከይንዛረብ ንሓልን። መንፈስ ቅዱስ ድማ፤ ክድግፈና እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ፓስተር ክሪስ 'እቲ ሓዊ ይንደድ ኣይጥፋእ' እቲ ዘጥፍኦ ዘሎ ከኣ MASS MADIA(መራኸቢ ብዙሓን) እዩ ብምባል ጠቒሱ። እወ ልክዕ ዓለም ሎሚ ኑቲ ናታ ሓሳብ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓን(internet; mobile; television) ገይራ ተመሓላላፍ ኣላ። ንሕና ግና፤ ነዚ ክንጥንቀቕሉ ኣለና። "ጐበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ? ከም ቃልካ ንኑፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ" መዝ119፤9።

5. **ጽድቂ፦** "ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኾብ ገዝኤ፡ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም።" ሮሜ 5፡17። ጽድቂ ማለት ብእንግሊዝ RIGHT STAND WITH GOD እዩ። እዚ ማለት ከኣ ምስ ኣምላኽ ምውጋን ማለት እዩ። እወ ሓጢኣት ክመጽኣካን ክፍትነካን ከሎ ንስኻ ግና ኑቲ ዝተዋህበካ ጽድቂ ኣምላኽ ለቢስካ፤ እምቢ ኣነ ባርያ ጽድቂ እምበር ባርያ ሓጥያት ኣይኮንኩን ኢልካ ግብረ መልሲ ምሃብ ማለት እዩ። ንሕና ኸኣ፤ ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኮንና፤ ሓጢኣት ኣይክመልከናን እዩ። "**ኣይፋልናን። ንሕና ኾብ ሓጢኣት ዝሞትና፤ ከመይ ኢልና ኣብኡ ክንነብር?**" ሮሜ 6፤2።

> **"ዕላማ ጸጋ ኣምላኽ ደጊም ከም ብሓድሽ ተመኪድኩም ኢኹም፤ ከም ድኪይኩም ተመካከሱ ዝብል ዘይኮነ፡ ብጥንቃቐ፡ ብጽድቂ፡ ብኣምልኾ ክንነብር እዩ ዝምህረና።"**

6. **ብኣምልኾ፦** ኣምልኾ ማለት ምዝማር ጥራይ ኮይኑ ዝረኣዮም ብዙሓት እዮም። ብመዝሙር ንኣምላኽ ምዕባይ ክፋል ናይ ኣምልኾ እምበር ኣምልኾ እዚ እዩ ኢልካ ደፊርካ እትዛረቦ ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ኣምልኾ ዝበሃል ብሓቅን ብመንፈስን ንኣምላኽ ምግልጋል ኮይኑ፡ ካብ ርኽሰት እዛ ዓለም እዚኣ ተሓሊኻ ንዘኽታማትን መበለታትን ምብጻሕ እዩ(ያዕ 1፡27 ኣንብብ)። ብተወሳኺ'ውን ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞጢዎስ "**ግና'ኸ ንነገር ቅለትን ንዕላል ኣንስትን ካባኻ ኣርሕቀ። ንርእስኻ ግና ኣምልኾ ኣልምዳ።**" 1ጢሞ 4፡7 ዝበሎ ቃል-ኣምላኽ ከተንብብ፡ ክትጽልይ ከለኻ፡ ሕብረት ኣሕዋት ክትካፈል ከለኻ'ውን ሓደ ክፋል ናይ ኣምልኾ እዩ። ስለ'ዚ እቲ ሓቀኛ ኣምልኾ እዚ ዝረኣናዮ እዩ እሞ፤ ኣምላኽ ጸጋ ዝሃበና ከኣ ብሓቅን ብመንፈስን ክንሰግደሉን ክነገልግሎን እዩ። ንሕና ከኣ ነዚ ተረዲእና ንኾይታ ነምልኽ።

ሓጺር ታሪኽ ህይወትን ኣገልግሎትን መምህር ጢሞቴዎስ




መምህር ጢሞቴዎስ ካብ ኣብኡ ኣቶ ዮሓንስ ተስፋይ፤ ኣዲኡ ወ/ሮ ዕድዋን ክፍላይ 1873 ኣብ ምሕላብ /ማዕቡላ/ተወሊዶም፤ ከም ኩሉ ናይቲ ከባቢ ህጻናት ድማ ብባህልን ልምድን ኣቦታቶም ዓብዮም። ዕድሚኦም 10 ዓመት ምስ ኣኸለ 1883 ኣብ እምኩሉ መንፈሳውን መባእታውን ትምህርቲ ተማህረ፡ ንሰለስተ ዓመት ኣብ እምኩሉን ዓይለትን መምህር ኮይኑ ኣገልጊሉ። ወዲ 20 ዓመት ምስ ኣኸለ መንፈስ ቅዱስ ብዘብርሃሉ ኣዕይንቲ ልቡ ብዝኸፈተሉ ብምሕዳስ ሓሳቡ ተለዊጡ ንክርስቶስ ንም ስዓብን ንምግልጋልን ኑቲ ካብ 1860 ዓም ጀሚሩ ኣብ ጽዓዘጋ ብ32 ካህናትን ድያቆናትን ዝተዘርኣ፤ ካብ 1866 ዓም ጀሚሩ ብስዊድናዊት ምስዮን ልኡኻት ወንጌል ዝሰተየ ምውቕ መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ሰዓብን ኣካልን ንምኳን ብ1893 ብምጥማቕ ኣብ ናይ ክርስቶስ የሱስ ሞትን ትንሳኤን ብምሕባር፡ ንክርስቶስ የሱስ ከም ኣምላኹን መድሓኒኡን ጎይትኡን ክስዕብ ብምውሳን ኣካል ማሕበር ናይታ ኣብ ምዝርጋሕ ዕዮ ወንጌል ዝነበረት ተጸምበረ።

መምህር ጢሞቴዎስ ምስ ሓሙሽተ መንእሰያት መዘንኡ መንፈስ ቅዱስ ብዘብርሃሉ ኣዒንቲ ልቡ ብዝኸፈተሉ ንክርስቶስ የሱስ ንምግልጋል ብምውሳን ናይ ወንጌላውነት ትምህርትን ስልጠናን ምስ ወሰዱ ጢሞቴዎስ ዮሓንስ ናብ ምሕላብ፡ ዮሴፍ ሓምድ ምስ ናትናኤል ነጋሲ ናብ እምኩሉ፡ ሳሙኤል ዕትማን ምስ ኣብርሃም ዒተል ጀሞ ድማ ናብ ገለብ ኣብ ዕዮ ግራት ጎይታ ተዋፈሩ።

መምህር ጢሞቴዎስ ሓደ ካብቶም እሙናት ወተሃደራት ንወንጌል ክርስቶስ ናይ እምነት ዋልታ ኣልዒሉ ኣብ ምድሪ መንሳዕ ብእምነት ብጸጋ ብትግሃት ዓየዩን ኣገልገሉን፡ ነዚ መገዲ ህይወት መገዲ ምድሓን መገዲ ብርሃን ሓቀኛን ቅኑዕን ዝኾነ መገዲ ክስዕብን ከገልግልን ምሕራዩ ከም ኩሎ ም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝበጽሖም ፈተና ንዕኡውን ኣይንሓፍን፡ ኑቲ ካብ ጸላኢ ጽድቂ ዝኾነ ሰይጣን ዝመጸ ፍላጻ ዝከላኸለሉ ናይ እምነት ዋልታ ኣልዒሉ ካብ 1901 ክሳብ 1920 ኣብ ምሕላብ ካብ 1921 ክሳብ 1939 ድማ ኣብ ገለብ፡ ጥልያን ንዕዮ ስዊድናዊት ምስዮን ደው ምስ ኣበሎ ንክልተ ዓመት ምስ ኮንቲ እተባህለ ጥልያን ኣብ ገድገድ ጸሓፍን ወኪልን ሕርሻ ኮይኑ ስ፡ ካብ 1943 ክሳብ 1946 ኣብ ረብቶ መምህርን ወንጌላውን ኮይኑ ዓየየ፡ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቱ ብሓቅን ብመንፈስን ከም እሙን ዓቀይታይ ኣገልጊሉ።

መምህር ጢሞቴዎስ ከም ኣካል ዕዮ ወንጌል ኣብቲ ናይ ምትርጓም ቃል ኣምላኽ/መጽሓፍ ቅዱስ/ ብቋንቋ ትግረ ምስቶም እሙናት ናይ ክርስቶስ ኣገልገልቲ ብእምነት ኣሕዋቱ ኣብቲ ናይ 1902 ሕታም ሓድሽ ኪዳን ምእራምን ምምሕያሽን ቡቲ ዝተዋህቦ ናይ ኣገልግሎትን፡ ጥበብን፡ ምስትውዓልን፡ ፍልጠትን ብጸጋ ዓየየን ኣገልገለን።

ሰብ ኣብዛ ምድራዊት ህይወቱ ክልተ ውሳነታት ይውስን፡ መምህር ጢሞቴዎስ ድማ እታ ቀዳመይቲ ዝበለጸትን ቁምነገር ዝመልኣት ኣብ ህይወቱ ዝመደባ ንክርስቶስ የሱስ ከም መድሓኒኡን ኣምላኹን ጎይትኡን ክስዕብ ዝወሰነላ ክትከውን ከላ፡ ካልኤይቲ ድማ እታ ንምሉእ ህይወቱ እትኾኖ ብጸይቲ ብምምራጽ ካልኣይቲ ውሳኔ ድማ ብምውሳን ምስ ማርታ መንታይ ዳር ካብ ቤት ኣብገላይ ኣብ1897 ኣብ ምሕላብ ቃል ኪዳን ኣሲሮም፡ ኣብቲ ዕዮ ወንጌል ድማ ደጋፊቱ ኮይና ብፍቕርን ብስምምዕን ንጎይታ ባህ ዘብሉ ስድራቤት ኣምላኽ ኮይኖም ነበሩ። ኣብ ናይ ምሕላብ ዕዮ ኣገልግሎት ወንጌል ክርስቶስ ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ኮይኑ ይዓይን የገልግልን ነበረ፡ ኣብዛ ቦታ 13 ደቂተባዕትዮን 5 ደቂ ኣንስትዮን ተማሂሮም እምነት ክርስትና ተቀቢሎም።



መም ጢመቴዎስ ምስ ሰድራቤቱ 1903

ኣብ'ዛ ሓጻር ምድራዊት ህይወት ግና ቁምነገር ዝመልኣ ጉዕዞ ህይወት መምህር ጢሞቴዎስ ንጎይታ ምስ ወ/ሮ ማርታ መንታይ ብፍቕርን ብሓቕን ብመንፈስን እና ኣገልገለ መገዲ ምድሓን ንዝሰምዕ ዘበለ ንኹሉ እና ኣበሰረ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ማርታ መንታይ ከም ኩሎም ናይ እምነት ጀጋኑ ጎይታ ጸዊዕዋ ናብቲ ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝተዳለወላ ቦታ ዕረፍቲ ኣተወት። እታ ናይ እምነት ደጋፊቱ ናብ ጎይታ ምስ ከደት ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኣብ ሰማይ ኣብቲ ቦታ ቅዱሳን ክንራኸብ ኢና እናበለ ንዕዮ ግራት ጎይታ ከም እሙን ኣገልጋሊ እናኣገልገለ ነቲ ዕዮ እትድግፎ ካብ ጎይታ ዝተወሃበቶ ምስ ሓረጉ ወልደጋብር ካብ ሽማንጉስ ላዕላይ ብ1932 ቃልኪዳን ኣሲሮም ብፍቕርን ብሓልዮትን የገልግሉን ይዓዩን ነበሩ።

ኣብ እምነቱ ጽኑዕ ኣብ ኣገልግሎቱ ትጉህ ትውክልቱ ኣብ ኣምላኽ ጽኑዕ ብኹሉ ፍቱው ነበረ፡ ናይ እዚ ሕጂ እንመላለሶ ዘሎና መገዲ ምድሓንን መገዲ ህይወት ብርሃንን መገዲ ሓርነት ውጽኢት ተባዕ ውሳኔ ንክርስቶስ የሱስ ንምስዓብ ናይ መምህር ጢሞቴዎስ ዮሓንስ እዩ፡ ንኹሉ ወሉዱ/ዘርኡ/ ድማ መገዲ ጸሪጉ። በዚ ኩሉ ብቕንዕና ብስጋን ብመንፈስን ኣገልጊሉ ብ1961 ኣብ 88 ዓመቱ ጉያኡ ወዲኡ ናብ ሕቑፊ ኣምላኽ ኣትዩ፡ ስግኡ ድማ ንምጽኣት ጎይታ ክጽበ ኣብ ምሕላብ/ማዕቡላ/ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

መምህር ጢሞቴዎስ እዞም ዝስዕቡ ውሉዳት ካብ እግዚኣብሄር ተዋሂብዎ፤ ተስፎይ፡ ኣመተ፡ ጋርዛ፡ ረቢባ፡ ሓዮት፡ ኣኽያር፡ የዕብዮ፡ ኣብርሀት።

ምስክርነት ንኣገልግሎት መምህር ጢሞቴዎስ፤

1) መም.ጢሞቴዎስ ኣብ ገድገድ ከም ጸሓፍን ወኪል ሕርሻ ኮይኑ እናዓየየ፡ ኣደም ሕመድኖር እተባህለ ናይ ዕለት እንጌራ ይስእን፡ ናብ መን ከም ዝኸይድ ይጨንቆ እሞ ብጉሁይ ልቡ ይድቅስ፡ ኣብ መደቀሲኡ ብለይቲ ሓደ የተንስኡ፡ ናብ ቀሺ ጢሞቴዎስ ኪድ ንሱ ክህበካ ኢዩ ይብሎ፡ ሰብኣይ መጽዓኑ ሒዙ መገዲ መዓልቲ ከባቢ 60 ኪሜ ተጓዒዙ ገድገድ ኣተወ፡ ኣብ ገድገድ ድማ እኽሊ ዝሸምቱ መስርዕ ዝሓዙ ይጸንሕዎ፡ መስርዕ ከይሕዝ ገንዘብ የብለይን ንቀሺ ድማ ክነግሮ እንታይ ኢለ ክዛረቦ ኢሉ ተሸጊሩ ኣብ ኣፍደገ እናተጸበየ ከሎ፡ መም ጢሞቴዎስ ንደገ ይወጽእ እሞ ነቲ ሰብኣይ ኣብ ማዕዶ ይርእዮ ናብኡ ቀሪቡ ብኢዱ ስሒቡ ኣብ መስርዕ የእትዎ፡ ሰብኣይ መስርዕ ሒዙ ዝኣክል እኽሊ ወሲዱ ኣብ ቦታ ሕሳብ ምስ በጽሓ ንቀሺ ክነግሮ ኢሉ



መም ጢሞቴዎስ ምስ መታዓይይቱ መማህራን ገለብ 1930

ቅርብ በለ እሞ ..እ ኢሉ ልኽት በለ መም ጢሞቴዎስ ብኢዱ ስሕብ ኣቢሉ እቲ ትማል ምሸት ዝነገረካ ሰብኣይ ንዓይ ድማ ነጊሩን ኢዮ እሞ ንስድራኻ የዕንግል ተመሊስካ ድማ ኣብዚ ዕየይ ኢሉ ብሰላም ክኸይድ ኣፋኖዎ። ለካ ሓደ መንፈስ ተሓቲም ኩም ዝበሎ ሃዋርያ ነዚ እዩ።

2) መም ጢሞቴዎስ ኣብ ከባቢ መንሳዕ ወንጌላውን መምህርን ኮይኑ የገልግል ኣብ ዝነበረሉ፡ ሓደ ሰብ መግሻ ይሓስብ እሞ ብለይቲ ክግስግስ ኢሉ ይብገስ ወርሒ ስለ ዝነበረት ድማ ጉዕዙኡ ይቕጽል፡ ኣብ ፍርቂ መገዲ ምስ በጽሓ ሓደ ጸሊም ክትርእዮ ዘፍርህ ኣብ ኢዱ ሰንሰለት ዝሓዘ ደድሕሪኡ ይስዕብ፡ እቲ ሰብ ድማ ምስ ርኣዮ ይስንብድ፡ **"ቅልወላ ትግባእ ኣትኪ"**፡ ኢሉ ይረግሞ፡ እቲ በዓል ሰንሰለት ጸሊም ድማ ብናይ ላግጺ ቃላት "ቅልዋላ ትግባእ ኣትካ"፡ ኢሉ ይምልሰሉ፡ ቀጺሉ **"ኣውዝብላ ምን ኣሸማን"** ይብል፡ እቲ ምትሃት ብናይ ላግጺ ድምጺ **"ኣውዝብላ ምን ኣሸማን"** ኢሉ ይምልሰሉ፡ እዚ ቃላት እዚ ሰለስተ ግዜ ይደጋግሞ፡ እቲ በዓል ሰንሰለት ጸሊም ምኻድ ይኣብዮ፡ ኣብ መወዳእታ ሰብኣይ ንኣምላኽ ቀሺ ጢሞቴዎስ ዘይጽውዕ ይብል እሞ፡ **"እብ ስም ረቢ ኣብ ወወል ዎ መንፈስ ቅዱስ ኣሮ ረቢ ምላይ ረሓቕ ሸጣን"** ብስም እግዚኣብሄር ኣቦ ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ርሓቕ ሰይጣን ኢሉ ይግስጽ እሞ ከመ'ቕጽበት እቲ ምትሃት ይስወር እሞ እቲ ሰብኣይ መገዱ ገዲፉ ናብ መም ጢሞቴዎስ ይመጽእ እሞ እቲ ዘጋጠሞ ቃል ምስክርነቱ ይህብ፡ መም ድማ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕን ዝብል ቃል ይምስክረሉ፡ ሰብኣይ ሓሲቡ ምስ ስድራይ መኺረ ክምለስ እየ ኢሉ ኣይተመልሰን።

3) ኣቦይ ጀላኒ መሓመድ ዝብሃል ነባሪ ምሕላብ ብጽዕነትን ክራይ ኣግማል ዝማሓደር፡ ሓደ በዓል ንብረት ገመል ክራይ ደልዩ ንጀላኒ ይሓቶ ጽቡቕ ውዕለት ኪኸፍሎ ምኳኑ ድማ ይሕብሮ፡ መገዲ ከረን ሕማቕን ዘፍርሀን ሸፋቱ ዘሸግርሉ ስለ ዝነበረ በይኑ ክኸይድ ኣይደፈረን፡ ሰዓት 2:00 ናይ ለይቲ ኣቢሉ ናብ ሸኽ ክሓትትን ክምረቕን ከውታ ለይቲ ናብ እንዳ ሸኽ ዝወስድ መገዲ ሒዙ ክስጉም ጀመረ፡ ኣብ መገዲ ሓደ ድሙቕ ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝለበሰ ሰብኣይ ተቕበሎ ኣበይ ትኸይድ ኣሎኻ ኢሉ ሓተቶ፡ ንከረን ጽዕነት ክራይ ረኺበ ከይከይድ ኣብ መገዲ ሸፋቱ ኣለው ፈሪሄ፡ ስለዚ ንሸኽይ ክሓትትን

ክምረቕን እኸይድ ኣለኩ በሎ። እቲ ምልኩዕ በዓል ግርማ ሰብኣይ ጉዳይካ ሸኽ ዝኽእሎ ኣይኮነን ኣነ ኣብ ዝመርሓካ ስዓበኒ ኢሉኒ፡ ቀቅድመይ ይኸይድ ድምጺ ኣእጋሩ ኣይስማዕን ኣበይ ከም ዝወስደኒ 'ውን ኣይፈልጥን፡ ኣብ ኣፍደገ ቀሺ ጢሞቴዎስ ዮሓንስ ደው ኢሉ ኩሉ ጸገምካ ነዚ ሰብኣይ ንገሮ ኢሉኒ ተሰወረ። ኣነ ድማ ቀሺ ጢሞቴዎስ ኢለ ኣብ ኣፍደገ ኣድህየ፡ ቀሺ ደሓን በል ድሓን ዲኻ? መን ኢኻ? ኢሉ ሓተተኒ፡ ጀላኒ መሓመድ ኢየ ፡ ጸገመይ ከምዚ እዩ ሸኽ ክምርቕኒ ካብ ቤተይ ተበጊሰ ኣብ መገዲ ሓደ ብዓል ጻዕዳ ክዳውንቲ እተኽድነ መሪሑ ኣብዚ ኣፍደጌኹም ኣብጺሑ ጸገምካ ኩሉ ንዕኡ ንገሮ ኢሉኒ ተሰወረ፡ ኣነ ሕጂ ናባኹም መጽኤ ኢለዮ፡ ኣጉዶ መም ጢሞቴዎስ ብርኽ ዝበለት ኮይና ክልተ ደረጃ ዘለዋ ኢያ። ቀሺ ጢሞቴዎስ ነጀው ቅረብ ኢሎም ኣብ ኣፍደገ ቀሪቡ ኣብ ላዕለይቲ ደረጃ ደው ኢሎም ኢዶም ኣብ ልዕሊ ርእሰይ ኣንቢሮም 'ላሳድያይ ኢሐዜ ኣታለናካ ምንቀዳምካ ልግባእ ዎም ንግራካ፡ ድማንካ ልግባእ ዎድገላብካ ምንታሕትካ ልግባእ ዎ ምልዓልካ ዓይብላ ክሉ ዳቕብ ዎ ቃድር ሞላይ ዓስተር ዎምድር ወደናካ ክሉ ኣፋት እብ ሰም ረቢ ኣብ ዎወል ዎ መንፈስ ቅዱስ ኦሮ ረቢ ሞላይ ልደምደም ምንኻ ጊስ እብ ሰላም እቴ" ኣብቲ ሓጋዚ ዘይደሊ ኩሉ ክኣሊ ዘልኣለማዊ ነባሪ ሓያል ኣምላኽ ኣማዕቑበካ፡ ብቕድሜኻ መራሒ ብድሕሬኻ ኮብካቢ ብየማንካን ጸጋምካን ብልዕሌኻን ብትሕቴካን ይኹን፡ እቲ ምድርን ሰማይን ዝፈጠረ ኣምላኽ ንኹሉ ፍላጻታት ድያብሎስ ብስም እግዚኣብሄር ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ዝተኣስረ ይኹን ኪድ ብሰላም ኣምላኽ ብድሓን እቶ። ብድሕሪዚ መንፈሰይ ሃዲኡ ናይ ፍርሂ መንፈስ ካባይ ርሒቑ መንፈስ ትብዓት ተዓጢቑ ኣግማለይ ጽዒነ በይነይ ተበጊሰ፡ ገርገር ምስ በጻሕኩ ሓደ ከቢድ ሸኽሚ እተሸከመ ጽጉም ሰብኣይ ንከረን ዝኣቱ ተጓነፈኒ ተሓታቲትና ጸገሙ ኣዕሊሉኒ ኣነ ጸገመ ይ ኣዕሊለዮ ሸኽሙ ኣብ ገመለይ ጽዒነሉ ብሓባር መገዲ ቀጸልና ከም ክልተ ኣሕዋት ብፍቕርን ሰላምን ብሓደ ከረን ኣቶና ንብረትና ብሰላም ኣረኪብና ናብ ዓድና ኣብ መገዲ ገለ ክይርኤና ብሰላም ተመሊስና። ***ምስክርነት ኣቦይ ጀላኒ መሓመድ ሓጋዝ 2009።***

4) ቀሺ ኤሚልዮስ ንመም ጢሞቴዎስ ክበጽሕዎም ናብ ምሕላብ ይገሹ፡ ኣብ ምሕላብ ሞት ናይ ሓደ ሰብኣይ የጋጥም እሞ ከብቲ ብሴፍ ገሮም ጠራጊተን እንዳ በተኽ ከብተይ እያ እትሕረድ ከብትኻ እንዳ በሉ ሰብኡት ይብኣሱ፡ ኣንስቲ ድማ ክሻን ኩሉ ዕጥቂ መዋቲ ተዓጢቕን ኣበይ ኣሎ ቀታሊኻ ኢለን ክፍክራን ክድብላን ይጸንሕኡ፡ እቶም ናይ ኣምላኽ ሰብ ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ ይብል ቃል ኣምላኽ ተንሲኡም 'ሓንሳብ' ኢሎም ክሰምዕዎም ኣተሓሳሲቦም፡ '**ኣቱም ሰብ ምሕላብ ስምዑኒ ኣብ ዓድና ክልተ ሃይማኖት ኣሎ ንሱ ድማ ክርስትና ምስልምና፡ እዚ ሎሚ ተምልኹዎ ዘለኹም ሳልሳይ ሃይማኖት ካበይዝመጸ ኢዩ፡ ሰብኡት ከብቲ ይሓርዱ ኣንስቲ ድማ ብሴፍን ኣጽዋር መዋቲ ይድብላ እዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍንቶን ተግባር እዩ፡ ዓብዩ ሓጢኣት ኢዩ እረ መርገም ኢዩ።** ናብ እግዚኣብሄር ተመለሱ ንእግዚኣብሄር ምልኪ ሃቡ መገዲ ምድሓን እዚ ኣይኮነን፡ መገዲ ምድሓን ኣነ ክነግረኩም ንሱ ድማ የሱስ ክርስቶስ ኢዩ፡ ኢሎም መስከሩሎም፡ እቲ ህዝቢ ካብ ጢሞቴዎስ ኤምልዮስ ገደደ እቲ ሕርቃንን ምንቅጥቃጥን ንምንታይ ኣድለየ፡ ንሕና ጢሞቴዎስ እንዳበልና ካብኡ ዝገድድ ሰብ ጸወዓልና እንዳበሉ ኣላገጹ፡ እቶም ናይ እምነት ጀጋኑ ብድፍረት ንቃል ወንጌል ይምስክሩ ነበሩ። እዚ ህንጻ ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተክርስትያን ምሕላብ ፍረን ውጽኢትን ተባዕ ውሳኔ ንክርስቶስ የሱስ ንምስዓብን ኣገልግሎት መምህር ጢሞቴዎስ ዮሓንስ እዮ።

"ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኽትመስልዎም እምበር፡ ድንዙዛት ከይትኾኑስ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከሳዕ መወዳእታ ንምምካኢ ተስፋኡን ንምጽናዓን እዚ ትግሃት እዚ ከተርእዩ ንደኪ ኣሎና።" ዕብ6፡12

ነዚ ሎሚ ተሃኒጹ ዘሎ ቤተ ክርስትያን መም.ጢሞቴዎስ ክስራሕ ዝብህጎን ዝጽበዮን ዝነበረ እዩ እንተኮነ ምልኣት ግዜ ስለ ዘይበጽሓ ክስራሕ ኣይተኻእለን። ናይ ምስራሕ ሓደራ ግና ናብ ውሉዱ ኣመሓላሊፍዎ፡ ንሕና ውሉዱ ድማ ገለ እኳ ዝርኣ ዘየብልና 'ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና እዩ ንሕና ባሮቱ ድማ ተንሲእና ክንዓይይ ኢናብምባል ብእምነት ተበጊስና ምልኣት ግዜ ስለ ዝኣኽለ ኣምላኽ ድማ ከም ቃሉ እሙን ስለ ዝኾነ ናብዚ ፍጻሜ ኣብቂዑና።

ሕድሪ ኣብ ተግባር ንምፍጻም ኣምላኽ ጸጋ ዝሃቦም ሰድራቤት

ኣቶ የዕብዮ ጢሞቴዎስ ምስ ወ/ሮ ኣምለሰት ዳንኤል



"ስኪ'ቲ ዘይንገር ሙህበቱ ንኣምካኽ ስብሓት ይኹኖ"

2ቆሮ9፡15

** ** **

ኣብ ግዜኡም ጸኪሙቲ ዝነበሩ ሰባት

ዊልያም ቲንደል (1494 - 1536)



ካብቶም ንመጽሓፍ ቅዱስ ካብ ቦኽሪ ጽሑፋት ናብ ቋንቋ እንግሊዝ ዝተርጎሙ ሰባት ሓደ እዩ። ብ1535 ዓ/ም ብተቓወምቲ እምነት ከንኻ ተኣሲሩ። ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ማእሰርቲ ድማ ብሓዊ ኣንደድዎ። ቲንደል ቅድሚ ሙማቱ ዛጊት ሓሙሽቲኡ ናይ ኦሪት መጻሕፍትን ትንቢት ዮናስን ናብ ቋንቋ እንግሊዝ ተርጒሙ ነይሩ።

ፍራንሲስ ቤከን (1561-1626)




ትውልዱ ብሪጣንያዊ ኮይኑ፤ ኣብ ዘበን ንግስቲ ኤልሳቤጥ ቀዳመይቲ ጽሑፋት ብምጽሓፍን ብዛዕባ ፖለቲካዊ ነገራትን ብዛዕባ ሳይንሳዊ ጥበባትን ሰፊሕ ኣስተምህሮታት ዘቕረበ ፈላስፋ ነበረ። ምሉእ ዕድሜኡ ኣባል ናይ ኣንግሊካን ቤተ-ክርስትያን ነይሩ።

ጆን ወስሊ (1704-1791)



ዓሌቱ እንግሊዛዊ ኮይኑ፤ ኣብ ኣንግሊካን(Church of England) ቤተ-ክርስትያን ኣገልጋሊ ነይሩ። ኣብ ሓደ እዋን ስብከት (ወንጌል) እናሰምዔ ከሎ ዳግም ተወሊዱ። ብድሕሪ እዚ ኣብ ውሽጢ ቤተ-ክርስትያን ይኹን ኣብ ደገ ኣብ ፈቐዶ ቦታታት ወንጌል ብምስባኹ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ናብ ጎይታ መጹ። ንሱ ዝጀመሮ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ሜቶዲስት ዝበሃሉ ሰዓብቲ ቤተ እምነት ጀሚሮም። ኩሎም ጴንጠቆስጣውያን ይኹኑ ወይስ ካሪዝማቲክ መበቆሎም ካብ'ቲ ናቱ ትምህርቲ ከም ዝኾነ እዩ ዝፍለጥ።

ጆርጅ ዊትፊልድ (1714-1770)



ትውልዱ እንግሊዛዊ ኮይኑ ፈለማ ምስ ጆን ወስሊ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ናይ ምንቕቓሕ ኣኼባ ብምግባር እዩ ንኡድ ስርሓት ሰሪሑ። ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ኸይዱ ኣብ'ቲ The Great Awakening of the 18th Century ዝበሃል ዘበን ምንቕቓሕ ዓቢ ተራ ተጻወተ። ብስብኪቱ ድማ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ናብ ኣምላኽ ዝመጹ ሰብ እዩ ነይሩ።

ቻርለስ ፈኒ (1792-1875)

The greatest revivalist ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፤ ኣብ ህይወቱ ንመንፈስ ቅዱስ ኣዝዩ ይጸምእ ብምንባሩ፤ ብቑዕ ኣገልጋሊ ክኸውን ኣኽኢልዎ እዩ። ዋላ እኳ ስርሑ ጠበቓ እንተ ነበረ፤ ነዚ ሓዲጉ ኣገልጋሊ ወንጌል ኮነ። ፈኒ ዝመስከረሉ ሰብ፤ ብቕጽበት ናብ ንስሓ ይመጽእ ነበረ። ዝበዝሐ ግዜኡ ኣብ ጸምን ጸሎትን የሕልፎ ስለ ዝነበረ፤ ሓደ ግዜ እናኣገልገለ ከሎ ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ። ብድሕሪ'ዚ ኣጋጣሚ፤ ዝነበሮ ጸጋ ኣዝዩ እናወሰኸ ከደ። ብፍላይ ሓደ ግዜ ድሕሪ ኣገልግሎቱ፤ ናብ ሓደ ዓቢ ፋብሪካ ኪበጽሕ ምስ ከደ፤ መንፈስ ቅዱስ ኣቐዲሙ ስለ ዝሓለፈ ዓቢ ህድኣት ሰፈነ። እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ዝነበሩ ብህልውና ናይ መንፈስ ቅዱስ ኩሎም ወደቑ። ፈኒ ነዚ ዕድል ተጠቒሙ ወንጌል ነገረ፤ ኩሎም ድማ ናብ ድሕነት መጹ። ኣብ'ቲ እዋን እቲ፤ ነቶም ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ግዜ ሃዋርያት ኣብቂዑ እዩ ዝብሉ ዝነበሩ፤ ኣብ ኣገልግሎቱ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብሓይሊ ይግለጽ ብምንባሩ ዓቢ ምስክርነት ኮነ። ሰባት ንፈኒ ብምጥማት ጥራይ ሓጢኣቶም ተረቲያም ይበኽዩ ነበሩ። ህልውና መንፈስ ቅዱስ ክሳዕ ክንድ'ዚ ኣብ ልዕሊ ፈኒ ነበረ። እቲ ዘገርም ድማ፤ እዚ ናይ ፈኒ ኣገልግሎት ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ክልተ ሰሙን ዝተርፎ ምኾጻሉ እዩ።

ኣብ ዘመኑ ዝተገብረ መጽናዕቲ ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ዝኾና ነፍሳት ናብ ጐይታ ደሓና። እቲ ካልእ ብመጽናዕቲ ዝተረኽበ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓቂ ድማ፤ 85% ካብተን ኣብ ኣገልግሎት ቻርለስ ፈኒ ዝደሓና ነፍሳት ኣብ ጐይታ ምጽንዐን እዩ። ቻርለስ ፈኒ ኣብ ዕዮኡ ፍርያም ኪኸውን ዝገበሮ ምኽንያት፤ ቅድስና ብዝመልኣ ህይወት፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ናይ ምምላኽ ሓይሊ ስለ ዝነበሮ እዩ። ሰነድ ታሪኽ ፈኒ ከም ዝሕብሮ፤ ድሕሪ ሃዋርያት እቲ ዝዓበየ ምግላጽ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዝተመዝገበሉ ምኽኑ የረድኣ።

ዊልያም ካሪ (1761-1834)




ኣብ ሃገር ህንዲ ን41 ዓመታት ሚስዮናዊ ኮይኑ ዘገልገለ እንግሊዛዊ እዩ ነይሩ። ሓንሳእ ናብ ሃገረ ህንዲ ምስ ኣተወ ናብ ትውልዲ ዓዱ ኣይተመልሰን። ንሱ ብቕንቋታት ህንዲ ብዙሕ መጻሕፍቲ ጽሑፉ ቤት ትምህርቲ ክፌቱ። ንመጽሓፍ ቅዱስ ድማ ናብ ቋንቋኣም ተርጎሞ። ብህይወቱ እንከሎ ብስብኪቱ ናብ ጎይታ ዝመጹ ሰባት ኣዝዮም ሒደት እዮም ኔሮም። ግና'ኸ ህጻናት ብምኽንያት ሃይማኖት ኣብ ውሕጅ ከይድርብዩ፡ መበለታት ብሓዊ ንኽየቃጽላ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብሕጊ ንኽይቃጸላ ከም ዝኽልከል ገይሩ።

ፍሎረንስ ናይቲንጌል (1820 - 1910)



ዓሌታ እንግሊዛዊት ኮይና ኣምላኽ ነርስ ኮይና ከተገልግል ከም ዝደልያ ምስ ፈለጠት ኣብቲ ኣብ መንነ ብሪጣንያን ሃገር ሩስያን ኣብ ክሬምያ ዝበሃል ቦታ ዝተገብረ ውግእ ንዝቐሰሉ ወተሃደራት ብልዑል ተወፋይነት ትኣልዮም ነበረት። ዘመናዊ ናይ ነርስ ስራሕ ካብቲ ንሳ ዝጀመረቶ ኣገባብ እዩ ተሰሪቱ።

ሃድሰን ተይለር (1832-1905)



ብሪጣንያዊ እዩ። ሚስዮናዊ ኮይኑ ናብ ሃገር ቻይና ብምኻድ ብዙሕ ኣገልግሎት ዘገልገለን፤ ኣብ'ታ ሃገር ድማ ንሓምሳን ሓደን ዓመታት ወንጌል ዝሰበኸን ሰብ'ዩ ነይሩ። ኣብ ኣገልግሎቱ ልዕሊ ዓሰርተ ሽሞንተ ሽሕ ቻይናውያን ናብ ጐይታ መጺኦም። ሽሞንተ ሚእቲ ዝኣኽሉ ድማ ኣብ ትሕቲኡ ኮይኖም ዝሰርሑ ሚስዮናውያን ነይሮሞ።

ሲ ሄች ስፐርጀን (1834-1892)



ትውልዱ እንግሊዛዊ ኮይኑ ኣብ ዕሸል ዕድሚኡ(ወዲ 22 ዓመት) ናይ ሓንቲ ካብተን ኣብ ለንደን ዝዓበያ ቤተ-ክርስትያን ጓሳ ኾነ። ኣብ'ታ ቤተ ክርስትያን ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ሰብ ሰንበት ሰንበት ይእከብ ነበረ። ስፐርጀን ኣብ ዘመን ህይወቱ ንልዕሊ ዓሰርተ ሚልዮን ዝኾነውን ህዝቢ ሰቢኹ ኣሎ። ሎሚ ድማ፤ ብዙሓት ውሕሉል ሰባኺ ስለ ዝነበረ "Prince of Preachers" ብምባል ይጽውዕዎ። እቲ ንሱ ኣብ ከተማ ለንደን ዝጀመሮ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስን መዕበዪ ዘኽታማትን ሕጂ'ውን ይሰርሕ ኣሎ።

ዶ/ር ካርል ቪንክቪስት (1847-1909)



ብ1847 ኣብ ሃገረ ሽወደን ተወሊዶም። ኣብ ንኡስ ዕድሚኣም ናብ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ዝኾነት ሃገር ኤርትራ ተላኢኹ። መጀመርታ፤ ከም ሓኪምን ቀሽን ኮይኖም ኣብ እምኩሉ ከባቢ ምጽዋዕ(1883-1891) ይሰርሑ ነይሮም። ብድሕሪኡ ግና፤ ምስ በዓልቲ ቤቶም እመቤት ኤልሲ ቪንክቪስት ኮይኖም ነቲ ን66 ዓመታት ዝወሰደ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ንምትርጓም፤ መሰረት ዘጽንዑን ብዙሕ ዝጸዓሩን ነይሮም። በቲ ናይ'ቶም ደቀባት ተወፋይነት ድማ፤ ብ1909 ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ተወዲኡ ተሓትመ። ዶ/ር ቪንክቪስት ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ናይ'ቲ ሕትመት፤ ናብ ጐይታ ከዱ። መቓብሮም ድማ፤ ኣብ መካነ መቓብር መደበር ሚስዮን በለዛ ኣሎ።

ስሚዝ ዊግልስዎርዝ/ኣቦ እምነት (1860-1947)



ስሚዝ ዊግልስዎርዝ፤ ናይ እምነት ሃዋርያ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ። እታ ኣብኡ ዝነበረት እምነት ኣዝያ ዓባይ ብምንባራ፤ ኣብ ዘመኑ 17 ምዉታት ክትንስኡ ተራእዮም። ንሱ ብዛዕባ እዚ ወለዶ ኪዛረብ ከሎ፤ "ናትና ወለዶ ናይ ኪናታት ውሉፍ ካብ ምኻን ዝተላዕለ፤ ክሓምም ከሎ ኣብ ክንዲ ናይ ዘይቲ ብልቃጥ፤ ናይ ኣስፕሪን ብልቃጥ እዩ ዝረኣዮ" ብምባል እታ ኣምላኻዊት እምነት ካብ ብዙሓት ከም ዝጎደለት ይዛረብ ነይሩ።

ንሱ፤ "ብዘይ እምነት ንብዙሕ ዓመታት ካብ ምግባር፤ ሓንቲ መዓልቲ ኣሚንካ ምሟት ይሓይሸ" ብምባል ይዛረብ ነይሩ። እታ ቀንዲ ዝጥቀመላ ጥቕሲ፤ "ኣይትፍራሕ እመን ድኣ" ማር 5፤36 እያ። "እቲ ንሰብ ዘይክኣሎ፤ ንኣምላኽ ይክኣሎ እዩ" ሉቃ 18፤27። "ናይ ኣምላኽ መለክዒ ብዓቕምና ክልካዕ ኣይክእልን እዩ" ብምባል ነቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ በዳሂ ኩነታትና፤ ብእምነት ስዒርዎ። ዳርጋ ኣብ ብዙሕ ሃገራት ጽልውኡ ዓቢ ነይሩ።


ስሚዝ ነቐፈታታት ዝጸገበ፡ መልሱ ግና ብቓል ዘይኮነስ ብግብሪ ዝገለጸ ሰብ እዩ። ንሱ ቤት ትምህርቲ ኣትዩ ሞያ ኣይተማህረን። ምንባብን ምጽሓፍን ዝመሃረቶ፤ በዓልቲ ቤቱ ክትከውን ከላ፤ እዚ ድማ ኣብ 26 ዓመት ልደቱ ድሕሪ ምኽባሩ እዩ። ብእምነቱ ግና፤ ዝበርትዐ ታሪኽ ዝቐየረ ነቲ ክፉእ'ውን ዘንቀጥቀጠ ነይሩ።

ቻርለስ ስታድ (1862-1931)



ትውልዱ ብሪጣንያዊ ኮይኑ፤ ካብ ኣቡኡ ዝወረሶ ብዙሕ ሃብቲ እኳ እንተ ነበሮ፡ ነዚ ኩሉ ጠንጢኑ ናብ ሃገር ቻይና፡ ኣፍሪቃን ህንድን ሚስዮናዊ ኮይኑ ዝኸደ ተባዕን ቀባጽን ኣገልጋሊ ነበረ።

ቶዘር (1897 - 1963)



ኣሜሪካዊ ፓስቶርን ጸሓፍን እዩ ነይሩ። ንሱ ኣመንቲ ላዕሊ ላዕልን ስምዒታ'ውን እምነት ሒዙም ከይፋንኑ እሞ ኣብ መወዳእታ ምእንቲ ከይከስሩ ምምዓዱ ኣየቋረጸን። ንሱ ልዕሊ ኣርብዓ መጻሕፍቲ ጸሓፈ። "The Pursuit of God" ትብል መጽሓፉ ኣዝያ ውርይቲ መጽሓፍ'ያ።

ምንጪ፦ መንፈሳዊ ኣገልግሎት

ምንቅቓሕ

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ጽሑፋት ኮነ ኣብ ዝግበር ነኣሽቱ ኮነ ዓበይቲ ኣኼባታት ብዙሕ ክጥቀስ ዝሰማዕ ቃል ምንቅቓሕ (revival) ዝብል እዩ። ብርግጽ ድማ ኣብዚ ግዜ እዚ ማሕበር ኣምላኽ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ምንቅቓሕ ከምዘድልዩ ግሉጽን ርዱእን'ዩ። እዚ ከኣ ቅድሚ ዳግማይ ምጽኣት ጎይታና የሱስ ክርስቶስ: ሓደ ዓብይ ምንቅቃሕ ማለት ዓብይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ተሓድሶ (Revival) ኣብ ምድርና ከም ዝኸውን ቃል ስለ ዝተነግረና እዩ።

ትርጉም ምንቅቓሕ

ምንቅቓሕ እንታይ ማለት ምኻኑ ቅድሚ ምርኣይና ብብዙሓት ሰባት ንዝወሃብ እሞ ንምንቅቃሕ ዘይውክል ትርጉም ክንርኢ።

- ብዙሕ እዋን ብዙሕ ህዝቢ ተኣኪቡ ብሓባር ስለ ዘምለኸ ምንቅቓሕ ተባሂሉ ክጽዋዕ ንርኢ ወይ ከኣ ብዙሕ መዛሙር ስለ ዝተዘመረ ዓው ስለ ዝበለ እቲ ህዝቢ'ውን ብዙሕ ክዘልልን ክስዕስዕን ስለ ዝተራእየ ምንቅቓሕ ተባሂሉ ክጽዋዕ ይርኣ።
- ትኣምራትን ፈውስን ስለ ዝነበረ እዚ'ውን ምንቅቓሕ ክብሃል ከሎን ኣብ ጽሑፋት ስፈሩን ኢና ንርእዮ።

ካልእ'ውን ብዙሕ ክንብል ዝከኣል ይመስለኒ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዘርዚረዮ ዘለኹ ሓሳባት ቃል ኣምላኽ ስለዝብሎ ብኹሉ እኣምን'የ። ግናኸ ምንቅቓሕ ምስኮነ ሓቢሩ ዝግለጽ ተርእዮ ደኣ እምበር ንባዕሉ ምንቅቓሕ ወይ ድማ ትርጉም ናይ ምንቅቓሕ ክኸውን ከምዘይክእል ይኣምን።

እምበኣር ምንቅቓሕ እንታይ ማለት እዩ? ምንቅቓሕ ዝብል ቃል ኣብቲ ናይ እብራይስጥ ቋንቋ "**chayah**" ክብሎ እንከሎ፡ ምስቲ revival ዝብል ካብ ናይ እንግሊዝ ቃል ዝመንጨወ revive ዝሳነ ትርጉም ኣለዎ። እዚ ድማ ደጊምካ ህይወት ምሃብ፡ ምሕዳስ፡ ዕረፍቲ፡ ምጽጋን/restore ምግባር ማለት'ዩ። ሓደ እዋን ዳዊት ኣብ **መዝ** 85:6 ከምዚ ኢሉ *"ህዝብኻ ብኣኻ ክሕጎስ መሊሰካዶ ህይወት ኣይክትህበናን ኢኻ"* ኣብ **መዝ** 80:18 ድማ *"ሽው ካባኻ ኣይክንርሕቕን ኢና፡ ህይወት ሃበና ብሰምካ'ውን ክንምህለል ኢና።"* ይብል።

እዘን ክልተ ጥቅስታት ሓደ ዓይነት መልእኽቲ ዘለወን እየን። ህይወት ሃበና፡ ህይወት ምለስልና ክብል ከሎ ንርኢ። ከምኡ'ውን ኣብ ትንቢት **ሆሴኣ** 6:1-3 *"ንሱ ቕደደ ኬጥዕየና ከኣ እዩ: ንሱ ወቕዔ ኪዝንነና ድማ እዩ እሞ፤ ንዑናይ ናብ እግዚኣብሄር ንመለስ።"* ይብል። እምበኣርሲ ካብዚ መበገሲ ብምግባር ሓደ ሓደ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ዝሃብዎ መግለጺ ክንርኢ፡-

- ❖ ምንቅቓሕ ማለት ድሮ ህይወት ዝተቐበለ (ህይወት ዝነበሮ) እሞ ግናኸ ኣብ ኣፍ ሞት ንዝርከብ ደጊምካ ህይወት ምሃብ ዘድልዮ ማለት እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ተኽሊ ኦም እናነቐጸት ቆጽላ ድማ እናረገፈ ክኸይድ ብድሕሪ ምጽንሑ እቲ ዘድልያ ማይ ኮነ ድኹሳ ምስረኸበት መሊሳ ህይወት ትዘርእ ፡ ቆጽላ ዝልምልምን ፍረ ድማ ዝህብን : ከምኡ ድማ እግዚኣብሄር ንማሕበሩ ምንቅቓሕ ከም ዝህባ ኣብ ትንቢት **ሆሴኣ** 14:5-7 ዝተጠቐሰ ኣብነታዊ መግለጺ ኣሎና።
- ❖ ምንቅቓሕ ብሓድሽ ውሳኔ ብሓድሽ ምእዛዝ ብሓድሽ መገዲ ንጎይታ ምስዓብ ማለት እዩ። ከምኡ ሓደ ሓጥእ ናብ ጎይታ ምስ መጸ ካብ ልቡ ብምንሳሕ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ርእሱ ብምውራድ ንኹሉ ሓጢኣቱን ክፍኣቱን ሓዲጉ ዝስዕብ ምንቅቓሕ ድማ ከምኡ ማለት እዩ።
- ❖ ምንቅቓሕ ማለት ክርስትያን ካብዚ ኣብ ዓለም ዘሎ ነገራት ተፈልዩ ብፍሉይ ሓይሊ መሊኡ ነቲ ጎይታ ዝሃቦ ሓደራ እሙን ኮይኑ ክመላለስ ከሎ ማለት እዩ።
- ❖ ምንቅቓሕ ማለት ክርስትያን ንጎይታ ዘለዎ ፍቅሪ ዕዙዝ ኮይኑ እምነት ኣብ ቃሉን ብጸጋ ምዕባይን ክርእይ ከሎን ብቃል ኮነ ብግብሪ ኩሉ ድሉው ብምኻን ነተን ዝጠፍኣ ነፍሳት ፍሉይ ኣቓልቦ ብምግባር ናብ እግሪ መስቀል ከምጽእ ከሎ እዚ ምንቅቓሕ ይብሃል።
- ❖ ምንቅቓሕ ማለት ህይወት ብመንፈስ ቅዱስ ማለት እዩ። ከምቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ እንረኽቦ *"ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን"* **ዘካ** 4:6 ዝብሎ: ማሕበር ኣምላኽ ካብ ስርዓት ሰብ : ካብ ጥበብን ብልሓትን ስጋ: ካብ ባህሊ ሰብ ወጺኣ እምንቶኣን ደገፋን ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ክትገብር እንከላ እዩ።

** ** **

እናተቓናጠጥካ ደይብ

ኣብ ህይወት ክርስትና ጽቡቕ ዝኾነ ጐደና ጥራይ ዘይኮነ፤ ምቹእ ዘይኮነ ጐደና'ውን ትሓልፍ ኢኻ። ግና'ኸ ከም ክርስትያን ጐይታ ኩሉ ሳዕ ምስኻ ከም ዘሎ እናተረዳእካ፤ ነቲ ዘይምቹእ ጐደና'ውን ቢቲ ዝህበካ ሓይሊ ክትወጽ ከም እትኽእል ከተስተውዕል ኣለኻ።


ሓደ እዋን ደቂ እስራኤል ብፍልስጤማውያን ተኸቢቦም ዘይምቹእ ኩነታት ከንጸላልዎም ከለ፤ ዮናታን ንጋሻ ዛግሬኡ *"እግዚኣብሄር ብሒደት ኮነ ብብዙሕ ምድሓን ዝሰኣኖ የለን እሞ ንደይብ"* 1ሳሙ14፤6 ኢሉዎ። ሽዑ እቲ መደየቢ ዘይምቹእ ስለ ዝነበረ እናተቓናጠጡ ደየቡ ይብለና። እናተቓናጠጡ ማለት ፍሑኽ እናበሉ ደየቡ ማለት እዩ። በዚ ተሰማሚያም ዝደየቡሉ መገዲ ድማ ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ ተሳዒሩ ህዝቢ እስራኤል ከኣ ዓወት ረኺቡ።

ካብ'ዚ ንሕና እንርድኣ፤ ሎሚ እዚ ዘለናዮ ኩነታት ዳርጋ ኩሉ ዘይምቹእ እዩ። ግና'ኸ ዘይምቹእ ስለ ዝኾነ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ማለት ኣይኮነን። ከመይሲ፤ **"በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ"** ፊሊ4፤13 ስለ ዝብለና፤ ንሕና ድማ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተደጊፍናን ምርሒት ወሲድናን ክንድይብ ኣሎና። ኣብ'ዚ ክንዝንግየ ዘይብልና ግና፤ ከም'ቲ ዮናታን ምስ ጋሻ ዛግሬኡ ተሰማሚዑ ሓደ ልቢ ኮይኑ ዝወጸ፤ ንሕና ድማ ምስቶም ንኣምላኽ ዝፈርሁ የሕዋትና ብቅኑዕ ልቢ እናተዘራረብና ነቲ ኣብ መንጐና ዘሎ ፍቕሪ እናሓለና ካብ ስምዒት ነጻ ኩንና ክንዓዩ ኣሎና። ብርግጽ እዚ ተረዲእና እንተ ተኽቲልናዮ፤ እቲ መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ህያው ክኸውን እዩ።

"... ኣምካኒኽ ሰሚይ ኬቕንዓልና እዩ እሞ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ክንዓዩ ኢና።" ነሀ2፥20

ክብሪ ንስሙ ይኹን። ኣሜን!!!

ታይታኒክ



ኣዝማድ ቤተ-ሰብ ናይ'ቶም ግዳይ እታ ኣብ ውቅያኖስ ዝጠሓለት መርከብ ታይታኒክ፤ መበል 100 ዓመት ናይ'ቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ መዓልቲ ኣብ ዝተዘከረሉ ግዜ፤ ብዙሓት ካብ'ቶም ኣዝማድ ቤተ-ሰብ ተጎሳፈፍቲ ብምጥቃም ኣብ'ቲ ታይታኒክ ዝጠሓለትሉ ክፍሊ ውቅያኖስ ክዛወሩ ተራእዮም። እዛ ፈጺማ ክትጥሕል ዘይትኽእል እትበሃል ዝነበረት ዓርሞሽሽ መርከብ ታይታኒክ፤ ምስ ሓደ ንእሽቶ ከውሒ በረድ ድሕሪ ምልግዓ ንሰለስተ ሰዓታት ዝኸውን ኣብ ብርቱዕ ማዕበላት ድሕሪ ምንስፋፋ እያ ምሉእ ብምሉእ ናብ ከብዲ ውቅያኖስ ዝጠሓለት። ኣብ'ዚ ሓደጋ እዚ ድማ፤ ኣስታት 1500 ተጓዓዝትን ናይ መርከብ ሰራሕተኛታትን ህይወቶም ስኢኖም።

ኣብ'ዚ ሓደጋ እዚ ብዙሕ ናይ ጅግንነት ኣጋጣሚታት ከም ዝነበረ እዩ ዝዕለል። ሓደ ኻብኡ ድማ፤ ጅግንነት ፓስተር ጆን ሃርፐር እዩ።

ባፕቲስት ፕረስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ከም ዝሓበሮ፤ እቲ ናይ ምጥሓል ሓደጋ ርግጽ እንዳኾነሉ ኣብ ዝመጸ ግዜ፤ ፓስተር ሃርፐር ነተን ናይ መወዳእታ ደቓይቕ ናይ ህይወቱ ነተን ኣብ ጭንቂ ዝነበራ ነፍሳት ወንጌል ብስራት ኣምላኽ እናሰበኸ እዩ ኣሕሊፍወን። ኣብ'ቲ እቲ ሓደጋ ዝተኸሰተሉ እዋን፤ ፓስተር ሃርፐር ኣብ ግላስነውን ለንደንን ዝነበረ ናይ ጉስነት ዕዮኡ ዛዚሙ። እቲ ፍሉጥ ወንጌላዊ ዲ. ኤል. ሞዲይ ዝመስረታ ቤተ-ክርስትያን፤ ናብ ቺካጎ ናይ ጉስነት ዕዮ ንክርከብ ናብ ኣሜሪካ እዩ ዝንዓዝ ዝነበረ።

ኣብ መርከብ ታይታኒክ ምስ'ቲ ከውሒ በረድ ድሕሪ ምግጫዋ፤ ፓስተር ሃርፐር ነታ ምስኡ ዝነበረት ጓል ሽዱሽተ ዓመት ጓሉ ኣብ ሓንቲ ካብተን ዝነበራ ናይ መድሕን ጀላቡ ድሕሪ ምስቃል፤ ንሱ ንባዕሉ ግን፤ ናብ'ታ ናይ መድሕን ጃልባ ምስቃል ኣበየ። ድሕሪ እዚ ሃርፐር፤ ናብ ማእከል እቶም ኣብ ናይ ሞት ወጥሪ ዝነበሩ ህዝቢ ብምኻድ ወንጌል ጉይታና የሱስ ክርስቶስ ክሰብክሎም ጀመረ። ሓደ ኻብ'ቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ሰብኡት፤ ነቲ ስብከቱ እንተ ነጸጎ ድማ፤ ሃርፐር ነታ ለቢስዋ ዝነበረ ናይ ድሕነት ጃኬት ኣውጺኡ ነቲ ሰብኣይ ሃቦ። ከም'ዚ ድማ፤ **"እዛ ናይ ድሕነት ጃኬት ካባይ ንላዕሊ ንዓኻ ተድልየካ"** በሎ። ሃርፐር እዚ ክብሎ እንከሎ፤ ገለ እቲ ሰብኣይ ካብ ሞት እንተ ኣምለጠ እሞ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ዓመታት ህይወቱ ንጉይታ እንተ ረኸቦ ብዝብል ሕልና ነበረ።

እታ መርከብ ክትጥሕል ኣብ ዝጀመረትሉ እዋን ድማ ሃርፐር፤ **"ደቀ-ኣንስትዮን ህጻናትን እቶም ዘይደሓንኩምን ናብተን ናይ ድሕነት ጀላቡ ኣብሉ"** ክብል ተሰምዐ። እታ መርከብ ምስ ጠሓለት'ውን እንተ ኾነ ሃርፐር ብዘለዎ ሓይሊ እንዳ ሓንበሰ ነቶም ኣብ'ቲ ውቅያኖስ ህይወቶም ከትርፉ ዝጋደሉ ዝነበሩ ሰባት ህይወቶም ንክርስቶስ ክህቡ ይልምኖም ነበረ። ከም'ዚ እናገበረ እንከሎ ድማ፤ ምስ'ቲ ኣቑዲሙ ናይ ድሕነት ጃኬቱ ዝሃቦ ሰብኣይ፤ ዳግማይ ተራኸቡ። ሃርፐር ድማ፤ **"ብጉይታ የሱስ እመን እሞ ክትድሕን ኢኻ"** ንኻልኣይ ግዜ ከም'ዚ ኾብል ወንጌል ሰበኾሉ። በዛ ግዜ እዚኣ ድማ፤ እቲ ሰብኣይ ህይወቱ ንጉይታ ሃበ። ዕድል ገይሩ ድማ፤ ካብቶም ሒደት በተን ድሒረን ዝመጻ ናይ ህይወት ኣድሕን ጀላቡ ህይወቱ ካብ ሞት ተረፈት። ነዚ ምስክርነት እዚ ዝሃበ'ውን እዚ ሰብኣይ እዚ እዩ።

ምንጪ፦ www.cbn.com

ብጅንኳና እንተ ንዝምር

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ሓንቲ ኣደ እቲ ዘሎ ዕብለላ ናይ ኣምሓርኛ መዝሙር ስለ ዘስማእን ሓደ ምኽሪ ሂበናና። ንሰን **"እምላኽ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዝሃበና ቋንቋ ትግርኛ እዩ፤ ስለ'ዚ ቤቲ ዝተዋህበና ቋንቋ ትግርኛ ጌርና ክንዝምርን ክንዝይምን ኣሎና"** ብምባል ምዒደናና። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፤ ብዙሓት መንእሰያት ግና፤ **"ንኣምልኾ ዝምችእ ቋንቋ ኣምሓርኛ እዩ"** ብምባል ነቲ ዘሎ ዕብለላ ኣምሓርኛ ከም ዝድግፉ በብወገናም ርእይቶኦም ኣመሓላሊፎም። ነዚ መሰረት ብምግባር መጽሄት ሃስዳ ኣብ ኤርትራ ስለ ዘሎና ኩልና ነቲ ዝተዋህበና ቋንቋ ትግርኛ ከመይ ኢሉ ይምዕብል ክንሓስብ ጽቡቕ እዩ። ጎኒ ጎኑ እውን ነቶም ብትግርኛ ዝዝምሩ የሕዋትና'ውን ከነተባብዖምን ክንድግፎምን ኣሎና። ነቲ ዘሎ ናይ ኣምሓርኛ መዝሙር ድማ ክንጎስዮ ኣሎና ዘይኮነ፤ ብህድኣት ኣብ ገዝና እንተ ኣምለኽናሉ ጽቡቕ እዩ። ምናልባት መንፈስ ኣምላኽ ብእኡ ከነምልኽ እንተ ደሪኹና ግና ንሕና ኣብ ክንዲ ኣምላኽ ኮይንና ግደፉ ኣይንብልን። ሰብ ኣብ ዝተኣከቦ ትግርኛ እንተ ዓብለለ ግና ኣዝዩ ጽቡቕ ኮይኑ ይረኣየና። ጐይታ ንኹልና ምስትውዓልና ይኽፈት።

ጉዳይ ግብረ ሰዶም ንማሕበራት የስግእ

ኣብ ዝሓለፈ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ጉዳይ ግብረ ሰዶም ብወግዒ ከም ዝተፈቐደ ተሰሚዑ። እዚ ማለት ድማ፤ ዝኾነ ሓደ ዓይነት ጸታ ዘለዎም ወዲ ይኹን ጓል ምስ ከምኡም ጸታ ቃል ኪዳን ክኣስሩ ምስ ዝደልዩ፤ ቤተ ክርስትያን ብዘይ ዘረባ ኩተእስሮም ዘገድድ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ብዙሓት ኣገልገልቲ ኣብ ዓቢ ወጥሪ ተሸሚሞም ዘለዉ። በዚ መሰረት ድማ፤ ጆን ሃጌ ክሳዕ ሕጂ ብትሪ ይቃወሞ ኣሎ። እዚ ከም'ዚ እንከሎ፤ ቀሺ ዶ/ር ገመቹ ነዚ ኣትሪሩ ብምቅዋሙ፤ ካብ ስርሑ ተባሪሩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ካናዳ ዝነበረ ኣገልጋሊ ኣንጻር ግብረ ሰዶም ብምስባኹ ንሓሙሽተ ዓመት ክእሰር ብመንግስቲ ካናዳ ተፈሪዱ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ድማ፤ መጽሄት ሃስዳ ኩላትና ኣመንቲ ኣሕዋት ነዚ ኣትሪርና ካብ ምድርና ክንጻረሮን ባይታ ከይረክብ ክነፍርሶን ኣሎና። ብተወሳኺ ነዞም ኣገልገልቲ ክርስቶስ ዝኾኑ ኣሕዋትና ካብ ተጻብኦታት ሓራ ንክኾኑ ኣበርቲዕና ክንጽሊ ተዘኻኽር። ከመይ'ሲ ኩሉ ክፉእ ምኽሪ፤ ብመገዲ እተን ዝማዕበላ ሃገራት'ዩ ዝብገስ። ውዒሉ ሓዲሩ ከይጸልወና ምእንቲ ሎሚ ደው ኢልና ንጻረሮ(ያዕ4፤7 ኣንብብ)።

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅድሚ ምምላስካ ነዚ ጽሑፍ 2 ግዜ ኣንብቦ።

እዚ ሕቶታት ዕላምኡ ንምውጣር ዘይኮነስ፣ ንርእስኻ መገምገሚ እዩ። ነቲ መልሲ ኣብ ካልእ ወረቐት ስርሕዎ። ጎይታ ይባርኽኩም!!!

ቅኑዕ መልሲ ምረጽ

1) እቲ ቀንዲ ናይ ቀደም ኣቦታት ዝናፍቕዎ ዝነበሩ፡- ሀ) ውርሻ ለ) ውላድ ኪወልዱ ሐ)ብሕጊ ኣምላኽ ኪመላለሱ መ)ሰማያዊት ሃገር ክኣትዉ
2) ፍቕሪ ማእሰር ኩሉ ፍጻሜ እያ ልበስዋ እትብል ቃል ካበየናይ መጽሓፍ እያ? ሀ) ፊሊጲ ለ) ኤፌሶን ሐ) ቆሎሴ መ) ገላትያ
3) The Greatest Revivalist ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሚስዮናዊ፡- ሀ) ቶዘር ለ) ሃድሰን ተይለር ሐ) ዊልያም ኬሪ መ) ቻርለስ ፊኒ
4) ይድነካቸው ተካ ንመጀመርያ ተዓዲመሉ ካብ ሃገሩ ወጻኢ ዘገልግለሉ ቦታ፡- ሀ) ኣሜሪካ ለ) ሎንደን ሐ) ደቡብ ኣፍሪቃ መ) ነርወይ
5) ኣብ ምድሪ መንሳዕ እናዞረ ዘገልግል ዝነበረ ቀሺ፡- ሀ) ቀሺ ተወልደመድህን ለ) ቀሺ ማርቆስ ሐ) መም.ጢሞቴዎስ መ) መም. ሙሳ ኣሮን
6) ነብይ ሳሙኤል ብዙሕ ግዜ ዝኸደ ዝነበረ ቦታ፡- ሀ) ቤትኤል ለ) ከረን ሞርያ ሐ) ሺሎ መ) ኣራራት
7) ነቲ ዝነበሮ ተጽዕኖ ናይ ሃይማኖት ጠንጢኑ ንመንፈሳዊ ተሓድሶ ዝኾነ ኣቦ፡- ሀ) ሉተር ለ) ማንዴላ ሐ) ቢሊ ግርሃም መ) ዎችማን ኒ
8) _____ እቲ ህቡብ ስፖርታዊ ኮይኑ ኣብ ኩሉ ዓውቱ ክብሪ ንኣምላኽ ይህብ፡- ሀ) ዚዳን ለ) ሮናልዶ ሐ) ፔለ መ) ካካ
9) ብመዝሙር እናኣምለኸ ኣነ ብዘይካ ንሓደ ኣምላኽ ንኻልኣ ኣየምልኽንየ ዝበለ፡- ሀ) ሮን ኬኖሊ ለ) ዶን ሞን ሐ) ኣውታሩ መ) ይድነካቸው
10) እናተቓናጠጠ ብምድያብ ንደቂ እስራኤል ንዓወት ምኽንያት ዝኾነ፡- ሀ) ሳኦል ለ) ዳዊት ሐ) ኤልያብ መ) ዮናታን
11) ሃገርኩም ኣብ ሰማይ እያ፤ ካብኡ ኸኣ መድሓኒኹም ተጸበዩ ዝተባህሉ ሰብ፡- ሀ) ኤፌሶን ለ) ፊሊጲ ሐ) ገላትያ መ) ቆሎሴ
12) "ጻድቅ ኪም ሰየ ይልምልም፣ ኪም ጽሕዲ ኪባሪስ ይዓቢ" ዝበለ ሰብ መን እዩ? ሀ) ሙሴ ለ) ዳዊት ሐ) ኣሳፍ መ) ሰለሙን

ባዶ ቦታ ምላእ

1) ርብሚ ህዝቢ ኣምላኽ ዝቐተለ ሰብ _____ ይበሃል።
2) ፍርዲ ናይ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፤ ገጽ ሰብ ኣይትፍርሑ ዝበለ _____ ይበሃል።
3) ካካ፤ ሓደ ነገር ኪጋጥመንን ከየጋጥመንን እትውስን _____ እያ ኢሉ።
4) _____ዝተባህለ ሚስዮናዊ፤ ጣዕምን ተድላን ገዲፉ ጸልማት ኣህጉር ተባሂላ ናብ እትጽዋዕ ኣፍሪቃ ወንጌል ከበስር ወሲኑ።
5) ዕላማ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወት ክርስትና፤ _____: _____: _____: _____ እዩ።
6) _____ ነቲ ዝነበሮ እዋን፤ **"ሰይጣን ብቐለም ዝተባረረሉ እዋን"** እዩ ኢሉ ገለጸ።
7) ካብ ቃላት መምህር ጢሞቴዎስ ወንጌል ዝሰምዐ ሰብኣይ _____ ይበሃል።
8) ኣብ ሃገረ ህንዲ ዓቢ ሪቫይቫል ዘእተወ ሚስዮናዊ፤ _____ ይበሃል።
9) መጽሓፍ ቅዱስ ብ _____ እትብል ቃል ጀሚሩ ብ _____ እትብል ቃል ድማ፤ ይውድእ።
10) ይድነካቸው ተካ ከም ኣብነታዊት ዘማሪት ዝጠቐሳ ሓፍቲ፤ _____ እያ።
11) ኣታ ብፍቕሪ ዝተሰዓርካ _____ እናሰዓርካ ንበር።
12) እቲ ቀንዲ ምስጢር ፍቓዱ እንፈልጠሉ መገዲ፤ _____ እዩ።
13) ብንእስነቱ ኣብ መላእ ዓለም ንኣምላኽ ዘምልኽ ዘሎ ዘማሪ _____ይበሃል።
14) ኣመንቲ ላዕሊ ላዕልን ስሚዒታውን እምነት ሒዞም መታን ከይፋንኑ ዝመዓደ _____ እዩ።
15) _____ ሃብታም ነይሩ ክነሱ ንኹሉ ጠንጢኑ ናብ ሃገረ ቻይና፡ ህንዲ፡ ኣፍሪቃ ዝኸደ ምስዮናዊ እዩ።

ኣስፈሕካ ግለጽ

1) ጥቕሚ ኣጀንዳ ብዝርዝር ግለጽ።
2) ካብቶም ኣብ ዘመኖም ጸለውቲ ዝነበሩ፤ ንልብኻ ዝተንከፉ ብውሕዱ ሰለስተ ሰባት ጥቐስ።
3) መሳልል ናይ ሳሙኤል ክንደይ እዮም? ግለጸም።
4) ምስጢር ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ እዩ? ካብዚ ጽሑፍ ዘንበብካዮ ኣስፈሕካ ጽሓፍ።
5) ሓደ ኣገልጋሊ፤ ህያው ዝኾነ ኣገልግሎት ከገልግል እንታይ ክገብር ኣለዎ?
6) ኣገዳስነት ዓምዲ ዛዕባ ከመይ ረኺብካዮ/ኪዮ? ኣስፈሕካ/ኪ ግለጽ/ጺ።
7) ትርጉም ፍቕሪ ኣስፈሕካ ግለጽ።
8) እቲ ናይ እምነት ሃዋርያ ዝኾነ ስሚዝ፤ ነዚ ወለዶ እንታይ ብምባል ገሊጽዎ?
9) ካብ ናይ መምህር ጢሞቴዎስ ታሪኽ ኣስፈሕካ ተዛረብ።
10) ክዳውንቲ ዮሴፍ ክንደይ እየን? ግለጸን።
11) ሰማያዊት ይናፍቐ ካብ ዝብል ትምህርቲ እንታይ ከም ዝተረዳኣካ ኣስፈሕካ ግለጽ።
12) ካብ ህይወት ናይ ማርቲን ሉተር እንታይ ተማሂርካ? ንስኻ/ኺ ነዚ ምስ ኣንበብካ እንታይ ትሓስብ?
13) ካብ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ እትብል ትምህርቲ እንታይ ከም ዝተረድኣካ ኣስፈሕካ ግለጽ።
14) ካብ ኣስማት እግዚኣብሄር ኣርባዕተ ምስ ትርጉሞም ጥቐስ።
15) ካብዛ ጽሕፍቲ ብፍሉይ ንልብኻ ዝተንከፎ ኣስፈሕካ ግለጽ።

" ነዚ ጽሑፍ ተገዲሱ ከይተጋየ ምሉእ መልሲ ዝመለስ <u>ወርቃዊት መጽሓፍ ቅዱስ</u> ከወሃቦ እዩ"

እዚ ግና ካብዚ ጽሑፍ ከይቀድሐ ምስ ዝምልስ እዩ።

ኣብ መጽሄት ሄስዳ ቁጽሪ 19 ወጺኡ ንዝነበረ ሕቶታት፡ 2 ሰባት ጥራይ ምሉእ ብምሉእ ብምምላሶም ንወርቃዊት መጽሓፍ ቅዱስ ንምውሳድ በቒዕም።

መሃሪት ዛንታ

ሓደ መዓልቲ እንስሳታት ንጉሶም ንኽሸሙ ብሓባር ተኣከቡ። ኣብ መጀመርታ ሓርማዝ ኣብ ምርጫ ኣተወ ግና'ኸ ሓርማዝ ኪጎዱ ኣይክእልን እዩ ተባሂሉ ኣይተመረጸን። ኣስዒቡ ኣንበሳ፤ ኣንበሳ ከኣ፤ ትሽትሹ ይጭኑ እዩ ተባሂሉ ኣይተመረጸን። ኣብ መወዳእታ ከኣ እስከ ባዕሉ ንጉስ ኪኸውን ዚኽእል ይተንስእ ተበሃሃሉ እሞ፤ ሓደ ተባዕታይ ደርሆ 'ኣነ' ኢሉ ተንሰአ። ብኽመይ ተባሂሉ እንተ ተሓተተ ድማ፤ **'ኣነ ኣብ ርእሰይ ሓዊ ስለ ዘለኒ፤ ብእኡ ኣቢለ ንኹሉ ክስዕር እኽእል እየ'** በለ። ኩሎም እንስሳታት ከኣ **"ደርሆ ሓዊ ይተፍእ ካብ ኮነ እሞ፤ ኣብ ቅድሚ ሓዊ ደው ኪብል ዚኽእል ከኣ ስለ ዘየለ ንሱ ንጉስና ይኹን ኢሎም ተሰማምዑ።"** ወይዘሮ ወኻርያ ግና፤ ነዚ ነገር እዚ **"ኣነ ኣይተዋሕጠለይን ዘሎ"** ብምባል ተቓውሞኣ ገለጸት። ግና'ኸ ብቑዕ ምኽኒት ከተቕርብ ብዘይ ምኽኣላ ተቕባልነት ኣይረኸበትን። እቲ ኣኼባ ምስ ተበተነ፤ ወይዘሮ ወኻርያ ብለይቲ ናብ ሰፈር ደርሆ ቀስ ኢላ መጺኣ ነቲ ቀይሕ ነገር ኣብ ርእሲ ደርሆ ዘሎ እናፈርሐት ብሳዕሪ ገይራ ተንከየቶ እሞ፤ ሓዊ ዝበሃል ካብኡ ኣይወጸን። ጽንሕ ኢላ ድማ ካልኣይ ግዜ ከምኡ ገበረት። ግና'ኸ ዝኾነ ሓዊ ኮነ ሙቐት ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ቀስ ኣቢላ ብኢዳ ሓዘቶ እሞ ሓዊ ዘይኮነስ ልምሉም ስጋ ኮይኑ ምስ ረኸባቶ ብርእሱ ሓፍ ኣበለቶ እሞ፤ ኣቶ ደርሆ 'ቋቕ ቋቕ' በለ። ወያ ወኻርያ ድማ፤ ሒዛ በለዓቶ።

ደርሆ ዘይንሱ ኮይኑ ተራእዩ። በታ ኣብ ርእሱ ዘላ ቀያሕ ነገር ድማ፤ ነቶም እንስሳታት ጠቢርዎም እዩ። ቀያሕ ስለ ዝኾነት ሓዊ ከም ትተፍእ ኣምሲሉ ጠበሮም። ኣብ መወዳእታ ግና፤ ውጽኢት ናይ ጥበራኡ ኣብ ዘይመዓልቱ ሞተ። ስለ'ዚ ካብ'ዚ ደርሆ ክንመሃር ተሰፋ እንብር። ዘይንሕና ኳንና ክንረአ ምድላይ ንግዚኡ ክንረአ ንኽእል ንኽውን። ሓደ መዓልቲ ግን ከይንቕላዕ መታን ሕጂ ርእስና መርሚርና ንመለስ።

ምንጪ፦ "ቅንኣት" እትብል መጽሓፍ

ሞት ጸድቕ ክቡር እዩ!!!



ኣቦናን ሓውናን መ/ም ካሕሳይ ኣድሓኖም ብ1944 ኣብ ደቂ ጾንዓ ከባቢ ንኡስ ዞባ ዱባርዋ ተወሊዶም። ኣብ ንኡስ ዕድሚኣም ድማ፤ ኣብ ዕዮ ምዝርጋሕ ወንጌል ዓቢ ስራሕ ሰሪሖም። ብተወሳኺ ተመሃሮ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ብሉጻት ኮይኖም ምእንቲ ክወጹ'ውን፤ ምስ ሚስዮናውያን ብምኽን ንቤት ትምህርቲ ፊንላንድ ሚስዮም መስሪቶሞ። በዚ መገዲ ድማ፤ ብዙሓት ብሉጻት ተመሃሮ ፈሪዮም እዮም። ካልእ ክርሳዕ ዘይብሉ'ውን፤ ንብዙሕ ነገር ደገ ከፊቶም፡ ንብዙሓት'ውን ብምኽርን ቃል ምዕዶን ዘተባብዑ ኣቦ እዮም ነይሮም። ጐይታ ጸዊዕዎም ግና፤ እታ ሕድሪ ንዓና ንደቆም ገዲፎምልና፤ ብዕለት 10-9-2015 ናብ ሑቐፊ ጐይታ ተጸንቢሮም። ነዚ መሰረት ብምግባር፤ መጽሄት ሄስዳ ንኹሎም ስድራቤት ምሉእ ምጽንናዕ ይሃብ ትብል።

ኣስማት እግዚኣብሄር

ኤሎሂም፦ ዘፍ1፤1, መዝ19፤1
ትርጉሙ፦ "ኣምላኽ"፡ መግለጺ ሓይሊ ኣምላኽ።

ኤል-ኤልዮን፦ ዘፍ14፤17-20, ኢሳ14፤13-14
ትርጉሙ፦ "እቲ ኣዝዩ ልዑል ኣምላኽ"።

ኤል- ሮይ፦ ዘፍ16፤13
ትርጉሙ፦ "እቲ ዝርኢ ኣምላኽ"።

ኤል- ሻዳይ፦ ዘፍ17፤1, መዝ91፤1
ትርጉሙ፦ "እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ"።

ኤል- ኦላም፦ ኢሳ40፤28-31
ትርጉሙ፦ "ዘልኣለማዊ ኣምላኽ"።

ጆሆቫ ያህወ፦ ዘፍ2፤4
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ኣምላኽ"፡ መግለጺ መሎኮታዊ ምድሓን ኣምላኽ።

ጆሆቫ ሮይ፦ መዝ23፤1
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ጓሳየይ እዩ"።

ጆሆቫ ራፋ፦ ዘጸ15፤26
ትርጉሙ፦ "ኣነ እግዚኣብሄር ፈዋሲኻ እየ"።

ጆሆቫ ጽድቄኑ፦ ኤር23፤6
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ጽድቅና እዩ"።

ጆሆቫ ይረ፦ ዘፍ22፤13-14
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ይሓሊ(ዘድልየካ ይመልእ) እዩ)።

ጆሆቫ ኒሲ፦ ዘጸ17፤15
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ሰንደቕ ዕላማይ እዩ"።


ጆሆቫ ሻሎም፦ መሳ6፤24
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ሰላም እዩ"።



ጆሆቫ ጸባኦት፦ ኢሳ6፤1-3
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ"።


ጆሆቫ ግሞላ፦ ኤር51፤6
ትርጉሙ፦ "እግዚኣብሄር ከሓሲ(ሕነ ፈዳዪ) እዩ"።

ኣዶናይ፦ ሚል1፤6
ትርጉሙ፦ "ጐይታ"፡ መግለጺ ጐይትነት ኣምላኽ።

ንኽምዚኣቶም ፍለጥዎም






ኣብ ግዜኣም ጸለውቲ ዝነበሩ ሰባት